# ምህናጽ ሞራላዊ ሰረት

# ኤርትራ




ክፍሉ ገብረመስቀል

Building the Moral Base of Eritrea

Copyright © 1998 by Kuflu Ghebre Meskel
P.O.Box 2809
Asmara
Eritrea

All rights reserved

መሰል ደራሲኡ ዝተሓለወ እዩ።

ዶ/ር ክፍሉ ገብረመስቀል
ቁ.ሳ.ጶ 2809
አስመራ
ኤርትራ

እዛ መጽሓፍ ንሓወይ

ሃይለ(መለኮት) ገብረመስቀል

ኣብ

ስዋራ ሳሕል

ብ1983

ምእንቲ ሃገሩ ዝተሰውአ

መዘከርታ ትኹነለይ።

ጽድቂ ንህዝቢ ልዕል የብሎ፡
ሓጢኣት ግና ውርደት ህዝብታት እዩ።

መጽሓፍ ምሳሌ 14፡34

Righteousness exalts a nation,
but sin is a disgrace to any people.

Proverbs 14:34

ኣብ ዓለም እታ ዝሰፍሐት ክፍሊ ወይ ስታንሳ፡
ክፍሊ ምምሕያሽ እያ።

ከምብል ማክኣልፓይን

The largest room in
the world is the room for improvement.

Campbell McAlpine

# ሰሌዳ ትሕዝቶ


መእተዊ vii

ቀዳማይ ክፍሊ፣ እንታይነት ሞራልን ኣገዳስነቱን 1

1. ስለምንታይ ሞራል? 2
2. ምንጻፍ ቅኑዕ ርዱእ-ሓሳባት 7
3. ሰለስተ ክፍልታት ሞራል 13
4. እተን ትእዛዛት 16

ካልኣይ ክፍሊ፣ ሞራል ኣብ ስድራ-ቤትን ማሕበረ-ሰብን 23

5. ወዮ እቲ ሓዳርና 24
6. መራሕቲ 44
7. እተን ኣርባዕተ ኣውራ ደግነታት 53
8. ስነ-ምግባር 62

ሳልሳይ ክፍሊ፣ ሒደት ዘዛርቡ ኣገደስቲ ጉዳያት 67

9. ገንዘብ 68
10. ወይኒ/ዘስክር መስተ 73
11. መጻሕፍትን ትምህርትን 76
12. ጊዜ 79
13. ቅድሚ ውድቀት፣ ትዕቢት 85

መዕጸዊ ቃል 91

ዝርዝረ-መጻሕፍቲን ጥቕስታትን 94

# መእተዊ

እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ብዛዕባ ሰባት ወይ ፍጻመታት ዘይኮነት፡ ብዛዕባ ሓሳባት እያ እትዛረብ – ሞራላዊ ሓሳባት። መልእኽታ ኸኣ ናብ ውልቀ-ሰባት ዝዓለመ እዩ፡ ማለት ናብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ። መቸም፡ እቲ ውልቀ-ሰብ ብኹሉ መዳዩ እንተ ድኣ ጥዕዩ፡ እቲ ቤተሰብ፡ ኢሉ ኸኣ እቲ ማሕበረ-ሰብ ወይ እቲ ህዝቢ ጥዑይ ከም ዝኸውን ፍሉጥ እዩ።

ሓሳባት፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ መራሕ ተግባር ደቂ ሰባት ስለ ዝኾነ፡ ከም ቀሊል ክርኤ ኣይክእልን፡ ኣይግብኣን ከኣ። ኣብ ዓለም፡ ብዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ዘበናት ዝተበገሱ ሓሳባት፡ ናይ ፍልስፍና ሃይማኖት ፖለቲካ ስነ-ፍልጠት ስነ-ልቦና ወዘተ፡ እዮም ስጋ ለቢሶም ንዓለም ኣብዚ ሕጂ ዘላቶ ዘላ ደረጃ እንተ ንጽቡቕ ወይ እንተ ንኽፉእ ኣብጺሖማ ዘለዉ።

ኣብዛ መጽሓፍ እምበኣር፡ ብዛዕባ እንታይነት ሞራልነትን ዕዙዝ ኣገዳስነቱን፡ ኣብ ውልቀ-ሰብን ብጸዩን፡ ኣብ ስድራ ቤት፡ ኣብ መራሕቲ ማሕበረ-ሰብ፡ ብሓፈሻ ኸኣ ኣብ ህዝቢ ክህልዎ ዝግባእ ተራን ተግባርን፡ ኣብቲ ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፍ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብቲ ሳልሳይ ምዕራፍ ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ሞራል ጠቀስ ዝኾኑን ዘይኮኑን ኣገደስቲ ኣርእስትታት፡ ሕጽር ብዝበለ ብቴማዊ መልክዕ ተዳህሲሶም ኣለዉ።

መቸም መጽሓፍ ጽሒፍካ ከተብቕዕ፡ ብፍላይ ብኸምዚ ዝመረጽናዮ ኣርእስቲ፡ ብዘይ ምደባዊ መርገጺታት (value judgments) ክኸውን ስለ ዘይብሉ፡ ኣብ ዘገድስ ነጥብታት ብዘይ ኣይትሓዙለይ መርገጺታት ተወሲዱ ኣሎ። ኣንባቢ፡ ኣብቲ ገሊኡ ዝተወስደ መርገጺታት፡ ፍልይ ዝበለ ወይ ከኣ ተጻራሪ ሓሳብ፡ ክህልዎ ዝከኣል እዩ። ዘበኑ ናይ ነጻ ዕዳጋ ካብ ኮነ፡ ኣብ ሃላኺ ኣቕሓት ጥራይ ክንሕጸር ዘይኮነ፡ ኣብ ሓሳባት'ውን ብነጻነት ክንዋሳእ ኣጸቢቑ ዘድልየና እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣንባቢ ምስ ኣባላት ስድራ ቤቱ፡ ማለት ሰብኣይ ምስ ሰበይቱ፡ ወለዲ ምስ ውሉዶም፡ ወይ ምስ ብጻዩ ብዛዕባ ኣብዛ መጽሓፍ ዘሎ ጉዳያት ኣብ ዝርርብን ዘተን ከምኡ ድማ ኣብ ክትዕን ምልውዋጥ ሓሳብን ክኣቱ ዓቢ ትጽቢት ናይ ደራሲ እዩ። ሓንትስ ነቲ ኣምላኽ ብስልጣኑ 'እዩ' ዝበሎ፡ ከም ሓሳብ ሰብ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከይነእትዎ ወይ ከም ጽውጽዋይ ጌርና ከይንወስዶ ጥራይ ንጠንቀቕ። ምኽንያቱ ንቃል ኣምላኽ ምውጋድ ሳዕቤኑ ጉድኣት እዩ።

ዋና ዕላማ ናይዛ መጽሓፍ ክልተ እዩ። ቀዳማይ፣ ነቲ ካብ ኣእምሮን ሓሳባትን ብዙሓት ተገሊሉ ዘሎ ኣምላኽ፣ ናብ ህይወትን ሓሳባትን ሰባት ክኣቱ ምግባር። ካልኣይ ከኣ፣ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝተሞርኰሰ ሞራል፣ ካብ ውልቀ-ሰብ ጀሚሩ ኣብ ስድራ ቤታትናን ማሕበረ-ሰባትናን ህዝብናን ክሰፍን እሞ፣ ኣብዛ ብኽንደይ መስዋእቲ ተረኺባ ዘላ ሓዳስ ኤርትራ፣ ብናይ ሰላምን ሕውነትን ፍትሕን ምጽውዋርን መንፈስ፣ ክንነብር ምእንቲ ክንክእል፣ ዝብል እዩ።

ክሳዕ ኣርብዓታት፣ ደቂ ሰባት ኣብ ትምህርትን ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ሕርሻን ሕክምናን ካልእ መዳያትን ዘርኣይዎ ምዕባለ፣ ኵሉ ናይ ዓለምና ሽግር ንኽፍታሕ ኣብ ኢድ ሰብ፣ እሞ ኸኣ ናይ ጊዜ ጉዳይ ጥራይ ከም ዝኾነ ገይሮም፣ ይኣምኑን ይዛረቡን ነይሮም እዮም። ድኽነትን ጥሜትን ስእነትን ሕማምን ከም ዝጠፍኡ ወይ ኣጸቢቖም ከም ዝጐድሉ፣ ውግኣትን ጃምላዊ ቕትለትን ብጸዕሪ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ደቂ ሰብ ዝህሉ ምዕቡል ኣተሓሳስባን፣ ድሕሪ ደጊም ኣብ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ጥራይ እነንብቦም ዘሕዝኑ ፍጻመታት ከም ዝኾኑ፣ ተስፋ ተገይሩ ነይሩ እዩ። ኣምላኽን፣ ኣምላኽ ዝብል ሓሳብን ከም ድሑርን ከም ዘየድልን ተወሲዱ፣ ካብ 17ን 18 ክፍለ ዘመናት ጀሚሩ ብፈላስፋታትን ምሁራትን፣ 'ክብሪ ንሰብ ኣብ ላዕሊ፣ መላኺ ኵነታት ስለ ዝኾነ' (Glory to Man in the Highest for Man is the Master of Things) ዝብል መዝሙር ዝዓብለለሉ እዋን እዩ ነይሩ። ሰብኣዊን ማዕርነታዊን ናይ ፖለቲካ ኣተሓሳስባታት'ውን ናይ ሰብ ብሰብ ምግዛእ ዘይብሉ፣ ፍትሕን ሰላምን ብልጽግናን ዝሰፈኖ ስርዓት፣ ክምስርቱ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝተዋስኡሉ ጊዜ እዩ ነይሩ።

ግን ብዙሕ ከይጸንሐ፣ ካልኣይ ኵናት ዓለም ተወልዔ እሞ፣ እቲ ኣብ ልቢ ንኣምላኽ ዝወገዱ ደቂ ሰባት ተኸዚኑ ዝነበረ ሕሰምን ክፍኣትን እከይን ከም ብርቱዕ እሳተ ጐመራ ነቲጉ፣ ኣብ ህዝብታት ዓለም እዚ ዘይብሃል ዕንወት ከውርድ ተራእየ። ካብ ስሳታት ጀሚሩ ኸኣ፣ እቲ ሳይንስ መልሲ ወይ ፈውሲ ኵሉ(panacea) እዩ ዝብል እምነት ድማ፣ እናሃሰሰ ክመጽእ ጀመረ። ምኽንያቱ ምንም እኳ ሳይንስ ኣዝዩ ዘደንቕ ምህዞታትን ፍታሓትን ሒዙ እንተመጸን ናይ መነባብሮ ሽግራት ከኣ እንተ ኣቓለለን፣ ከምቲ ዝተሓሰበን ዝተደርፈሉን ከም ዘይኮነ፣ የግዳስ ካብቲ ገለ ፍታሓት ዝተባህለ'ውን ጸኒሑ ዝገደደ ሳዕቤን ከም ዘምጽእ ብግሁድ እናተራእየ መጸ። እቲ ብዓቢ ዋጋ መስዋእቲ ህዝብታት ዝመጸ ናዕብታትን፣ ለውጢ ስርዓታትን፣ ከኣ ነቲ ዘተስፈዎ ከየምጽኤ ክተርፍን ክጥለምን ተራእየ።



ሎሚ ሰባት ጽቡቕ ክዳን ስለ ዝገበሩ፣ ስለ ዝሃብተሙ፣ ቴክኖሎጂ ዘፍረዮ ዘደንቕ መሳለጥያታትን ኣቕሑትን ስለ ዝተጠቕሙ፣ ምምሕያሽን ውሽጣዊ ለውጢ ዘለዎምን ኰይኑ ክመስለና ይኽእል ይኸውን። ኣይፋሉን። ግን ከምቲ ሓደ ደራሲ ዝበሎ፣ ኣብ መንጐ ጥንታዊ ሰብን ዘበናዊ 'ምዕቡል' ሰብን ዘሎ ፍልልይ እንተልዩ፣ እቲ ቐዳማይ በጽፋሩ መጅሪጡ ሲጋ ሰብ ዝበልዕ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ዳሕረዋይ ግን ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢሉ ሻኺን(ፋርኬታን) ካራን ተጠቒሙ ስጋ ሰብ ዝበልዕ ምዃኑ ጥራይ እዩ ይብል። ስለዚ ሰብ ምንም ዓይነት ናይ ባህርይ ፍልልይ ዘይብሉ እዩ። የግዳስ እቲ ስልጡን ዝበሃል ሰብ ኣምላኽ ዘይብሉ እንተኾይኑ፣ ንሱ እዩ እቲ ዝያዳ ሕሱም ኰይኑ ዝርከብ።

ሎሚ ወዲ ሰብ ሓንቲ ተስፋን ሓንቲ ዕድልን ጥራይ እያ ዘላቶ። ንሳ ኸኣ፣ ናብ ኣምላኹን ፈጣሪኡን ክምለስ። እንተዘየሎ፣ ሰብ ጭራ ነብሪ ሒዙ እዩ፣ እንተፈነዎ ክበላዕ እዩ፣ ኣጽኒዑ እንተሓዞ ኸኣ፣ ኵሉ ሓደ፣ ናብ ገደል ክጸድፍ እዩ። ነብሪ ማለት፣ እቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ክፉእ ናይ ስስዔ ትዕቢት ተንኰል ባህርይ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

እዛ መጽሓፍ ክትጽሓፍ ዝኸኣለት፣ ብ1997 ኣብ ኣስመራን ስቶክልም ስዊድንን፣ ብዛዕባ ትምህርቲ ሓዳር ኣመልኪተ፣ ብግምት ክሳዕ ሓሓምሳ ዝበጽሑ ተሳተፍቲ ዝነበርዎም ጉጅለታት፣ ንቅሩብ መዓልታት ብመልክዕ ሰሚናርን ሓባራዊ ዘተን፣ ካብ ዘቕረብክዎ ኣስተምህሮ እያ ተበጊሳ። መጽሓፍ ገይረ ንህዝቢ ክዝርግሓ ዘተሓሳሰቡኒ'ውን፣ ሓደ ካብቶም ተሳተፍቲ እዩ ነይሩ። ግን እቲ ዝሓዝክዎ ማተርያል፣ መጽሓፍ ክኸውን ዝነኣሰ ኰይኑ ስለ ዝተራእየኒ፣ ነቲ ሓሳብ ወጊነዮ ጸኒሐ። ድሕሪ ቅሩብ እዋን ኣብ ኢደይ ዝዓለበት ናይ ሲ. ኤስ. ለዊስ መጽሓፍ፣ ምስ ኣንበብኩ ግን፣ ሞራል ኣመልኪተ መጽሓፍ ክጽሕፍን፣ ነቲ ትምህርቲ ቤተ ሰብ ከኣ ኣብኣ ሓደ ምዕራፍ ክገብሮን መደብኩ።

ነዛ መጽሓፍ ክጽሕፍ፣ ዝተወከስኩወን መጻሕፍቲ፣ ኣብ መወዳእታ ኣቕሪበየን ኣሎኹ። ነቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣንቢቡ ዝርዳእ ኣንባቢ፣ ከምቲ 'ክትመሃር እንተደሊኻስ ናብቶም ሊቃውንቲ ኪድ' ዝብል ኣዘራርባ ዘሎ፣ ናብተን መጻሕፍቲ ከይዶም ብቀጥታ ከንብቡን ክመሃሩን እምዕድ። መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ደጋጊመ ጠቒሰዮ ኣሎኹ። ምዕራፍን ጥቕስን ንዝደሊ፣ ኣብ መወዳእታ ተዋሂቡ ኣሎ። ነቲ ዝደሌኽዎ ሓሳብ፣ ከም ዝግባእ ብቃላት ትግርኛ ክገልጾ ኣብ ዘይከኣልኩሉ፣ ኣብ ሓጺር ቃላት እንግሊዝ

ተጠቒመ ኣሎኹ። ሞራል ዝብል ቃል፣ ብስነ-ምግባር ዝብል ቃል ክትርጉሞ ኣይፈተኹን፣ ምኽንያቱ ዝድርቶ ኹይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ። ኣብ ኣጸሓሕፋ ኸኣ፣ ብሳልስ ዝጅምር ግስ ንሳልሳይ ኣካል ዘመልክቱ ግሲታት ከም እኒ 'ኪበልዕ' 'ኪምድብ' ወዘተ፣ ብሳድስ 'ክበልዕ' 'ክምድብ' ወዘተ ኢለ ክጽሕፎም መሪጸ ኣሎኹ። እቲ ጽሑፍ ብናይ ተባዕታይ ጾታ እኳ እንተ ተጻሕፈ፣ ሓሳባቱ ንኽሉ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ ከም ዝኾነ፣ ኩለን ደቀንስትዮ ክርድኣለይ ኣተሓሳስብ።

ኣብ መወዳእታ ምስጋና። ቅድሚ ኹሉ ነቲ ጥበብን ኣእምሮን ምስትውዓልን ናቱ ዝኾነ፣ ጥዕና ሂቡ ኸኣ ኣብ ፍጻመ ዘብጽሓኒ ኣምላኽ ከመስግኖ እፈቱ። ቀጺለ ኸኣ፣ ነዛ መጽሓፍ ክቡር ጊዜኦም ወሲዶም፣ ተገዲሶም ኣንቢቦም ርእይቶኦምን መአረምታን ዝሃቡኒን፣ ቀልጢፉ ኣብ ሕትመት ክትበጽሕ ዘተባብዑንን ኣቦታትን ኣሕዋትን፣ ኮሎኔል ብርሃነ ደሞዝ፣ ኣቶ ከስተ ሃይለ፣ ኪዳነ ወልዱ፣ ዘካርያስ ኣብርሃም፣ ዮውሃንስ ተስፋሚካኤል፣ እስክንድር ኣበድ ብዙሕ ኣመስግኖም። ንበዓልቲ ቤተይ ኤልሳ ሃብተ ኸኣ ኣብ ገለ ክፋላት ናይዛ መጽሓፍ፣ ሓሳባ ብምሃብ ስለ ዝገበረቶ ኣስተዋጽኦ እመስግና።

ነዛ በኹሪ ድርሰት መጽሓፈይ ኸኣ ኣብዛ ሓዳስ ኤርትራ ሃናጺ ኣበርክቶ ክትገብር እናተመነኹ፣ ንኹሎም ኣንበብቲ ኣቕርባ ኣሎኹ።

ዶ/ር ክፍሉ ገብረመስቀል
ኣስመራ ሰነ 1998

ስእሊ ገበር፣ ዮሴፍ ገብርኤል
ሓሳብ፣ ደራሲ



# ቀዳማይ ክፍሊ፣

# እንታይነት ሞራልን ኣገዳስነቱን

# 1ይ. ስለምንታይ ሞራል?

ኣታ ሰብ፣ ንሱ ሰናይ ዘበለ ኣፍሊጡካ፣ እግዚኣብሄርሲ፣ ቅንዕና ክትገብር፣ ምሕረት ክአ ክትፈቱ፣ ምስ ኣምላኽካ'ውን ብትሕትና ክትመላለስ እንተ ዘይኮይኑስ፣ ካባኻ ዝደልዮ እንታይ እዩ።
ሚክያስ ሞረሽታይ [1]

ሕጉሳት እዮም እቶም ንመከራ ብጸሎት ዘጕድልዎ
ሕጉሳት እዮም እቶም ኣምላኽ ምእንቲ ክሰግሮም ብእኡ ዝውከሉ
ነቲ መወዳእታ ሃዲኦም ይጽበይዎ እዮም።
ንሕና እቶም እምነትና ኣብ ሰብ ዝገበርና ግና
ምስሊ ሰብ ካብ ናይ እንስሳ ንታሕቲ ክዋረድ ንርኢ ኣሎና
ምጽንናዕ ምእንቲ ክንረክብ ናበይ እሞ ክንብል ኢና?
ሀርበርት ሪድ
ውግእ ዳንኪርክ ኣመልኪቱ ዝገጠሞ ድጕዓ

ብዛዕባ ዳግመ ህንጸ ብኹናት ዝዓነወት ሃገርና ብዙሕ ተዘሪቡ ኣሎ፣ ተዘሪቡ ጥራይ ከአ ዘይኮነ ብዙሕ ተገይሩ፣ ይግበር ከአ ኣሎ። ዳርጋ ኹሉ እቲ ጻዕሪ ግን፣ ናብ ዝፈረሰ ቢንቶታትን ጽርግያታትን ካልእ ህንጻዊ ስርሓትን ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ ግን ሓደ ክልዓል ዘለዎ ነጥቢ ኣሎ።

ንሱ ኸአ፣ እቲ ህዝቢ'ኸ እቲ ሰብ'ከ? ኣብዚ ነዊሕ ናይ ቃልሰን ውግእን ዓመታት፣ እቲ ሰብ'ከ ኣይፈረሰን ድዩ? ምዕራይን ምሕዳስን'ከ ኣየድልዮን ድዩ? ነስተውዕል ኣብዚ ምዕራይ ክንብል ከሎና፣ እቲ ሞራላዊን መንፈሳዊን ህይወት ህዝብናን ሰብናን ማለትና እዩ። መን'ከ እዩ ክዔርዮ ክሰርሖ ክሃንጸ? ንምኂኑ'ኸ ብሰሩ ሞራላዊ ሰረት ነይሩና ድዩ? ሕጂ'ኸ፣ ኣብዛ ሓዳስ ኤርትራ ተኣኻኺቡ ዘሎ ህዝብና ካበየናይ ድሕረ ባይታን፣ እንታይ ዓይነት ሞራላዊ ህይወትን እዩ ሒዙ መጺኡን፣ ዘሎን?

ዝበዝሐ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝጸንሐ ህዝብና፣ ንኸባቢ 15 ዓመታት ደርጊ ከም መምርሒ ብዘተኣታተዎ ናይ ኮምዩንዝም ትምህርትን መንፈስን፣ ነቲ ዝጸንሐ ደሓን ዝኾነ፣ ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝነበሮ ኣብ ሃይማኖቱን ባህሉን ዝተሰረተ ሞራላዊ ህይወቱ፣ ብብዙሕ መገዲ ከምዝፍረሶ ይፍለጥ። እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ክፋል ህዝብና'ውን፣ በዚ ፍልስፍና እዚ ዝተጸልወ ከም ዝነበረ ዝዝከር ኮይኑ፣ ኩሉ መነባብሮኡ ብጀካ ውግእ ምክያድን፣ ንሓርነት ምቅላስን ንኻልእ ጊዜ ዘይነበሮ ህዝቢ እዩ። እቲ ዝተረፈ ኸአ ኣብ ናብራ ስደት፣ ገሊኡ ኣብ ድኽነት ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት፣ ገሊኡ ዕድለኛ ኸአ ኣብ ምዕራብ ዓለም ኣብ ኣዝዩ ደሓን ዝኾነ ቁጠባዊ መነባብሮ፣ ግን ከአ ኣብ ዓለማዊን ነገራዊን ጽልዋ ዝበዝሐ ከባቢ እዩ ጸኒሑን ዘሎን።



ምናልባሽ ገለ ሰባት፣ ሞራልና ምህናጽ ንምንታይ የድልየና፣ ናይ ዓለምና ሽግር ብመሰረቱ ቁጠባዊ ስለ ዝኾነ እንጌራ ደኣ እዩ ዘድልየና እምበር ካልእ ብዙሕ ዘሰክፈና ኣይኮነን ዝብሉን ንዕኡ ጥራይ ከምጽኡ ዝጽዕሩን ኣይሰኣኑን እዮም። እንተኾነ፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም ክስተውዕልዎ ዝግባእ ብዙሕ ነገራት ኣሎ።

ቀዳማይ፣ ኣብዚ ናይ ዓለምና ሽግር ብቐዳምነት ቁጠባዊ እዩ ዝብል ኣረኣእያ፣ ሓደ ዓቢ ግጉይ ሓሳባት(fallacy) ኣሎ። ንሱ ኸአ ኣብ ዓለምና ዘሎ ትሕዝቶን ሃብትን፣ ኣብ ምድርን ባሕርን ዘሎ፣ ምስ ናይ ወድሰብ ተመራማርነትን ናይ ምምሃዝ ክእለትን ተወሲኹ፣ ንኹላትና ደቂ ሰባት፣ ብጽቡቕ ክንነብር፣ ኣጸቢቑ ዝኣክልን ዝተርፍን እዩ። ግን መንግስታትን ሰባትን ስሱዓት ስለ ዝኾኑ፣ ካብቲ ዘድልዮምን ዝጥቀምሉን ንላዕሊ፣ ክድልቡን ክኽዝኑን ነቲ ድኻን ዘይብሉን ብዘይ ኣገባብ ክምዝምዝዎን ክብዝብዝዎን ስለ ዝርከቡ እዩ እቲ ምምዝባል ስዒቡ። ስለዚ ሰብ፣ እወ ሰብ እዩ፣ እቲ ቀንዲ ሽግር። ሰብ ክሳዕ ዘይተዓረየ እቲ ኻልእ ኣይክዕረን እዩ። ቁጠባ'ውን እንተተመሓየሸ እቲ ፈላስፋ ከም ዝበሎ ' እቲ ሃብታም እናሃብተመ፣ እቲ ድኻ ከአ እናደኸየ' እዩ ዝኸይድ። ግን እቲ ሕቶ፣ ናይ ስጋ ወይ ናይ መንፈስ ሓዲኡ ጥራይ ምሓዝ ዘይኮነ፣ ናይ እዝን ምግባርን እትን ኸአ ዘይምሕዳግን እዩ። ንኽልቲኡ ኣተሓሒዝና ክንከይድ ከአ ኣጸቢቑ ዝከኣል እዩ፣ ብፍላይ ኩሉ ዜጋ እንተተሓባቢሩን ግቡኡ ኸአ እንተፈጺሙን። ሽዑ ኸአ ኢና ነቲ እንጌራ ብቐሊሉ ክንረኽቦ እንኽእል። እንተዘይኮነ እቲ ምህናጽና ዝተማልአ ኣይክኸውንን እዩ። ንሱ ጥራይ ግን ኣይኮነን። እቲ ዝሃነጽናዮ፣ በቲ ክይሃነጽና ዝገደፍናዮ ሞራሉ ፍሩስ ሰብ ወይ ክፋል ሕብረተ-ሰብ፣ መሊሱ ክፈርስ ዝከኣል እዩ።

ካልኣይ፣ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ እዩ ዝነብር ዝብል ፍልስፍና፣ ዝንቡዕን ውዱቕን ምዃኑ፣ ካብ ውድቀት ናይታ ዓባይ ግዝኣት ሕብረት ሶቭየት፣ ዝተራእየን፣ ታሪኽ ዝመስከሮን እዩ። ታሪኽ እንመሃር ከኣ፣ ንምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ፣ ንታሪኽ ብሕማቕ መልክዑ ንኸይንደግሞ እዩ። ስለዚ እንተተመሃርና ጽቡቕ እዩ።

በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ፣ ኣብ ምዕራባውያን ዂኑ ዝርኤ ናይ ' ጽባሕ ክንመውት ኢና እሞ ንብላዕን ንስተን'[2] ዝብል ናይ ሕሉፍ ስሰዔን፣ ፍጹም ዓለማዊ ዝኾነ ቅዲ ህይወትን፣ ንህዝቢ ዓለም ኣብ ዝገደደ መግደራ፣ ብልሽውና(ሓሶት ስርቂ ጉቦ ዘረፋ)፣ ርኽሰት(ዝሙት ምንዝርና ግብረ-ሶዶም)፣ ዓመጽ(እምቢታ ምፍራስ ሕግን ስርዓትን)፣ ወልፍታት(ኣልኮል ዕጸ-ፋርስ)፣ ፍትሕን ምብትታን ስድራ ቤታትን፣ ኣእትይዎ ይርከብ ኣሎ።

ካብ ብዙሓት ክለዓል ዝኽእል ግቡእ ሕቶ፥ 'ሞራላዊ ሰረትና ምህናጽ ከምዘድልየና ዘየማትእ ሓቂ እዩ፥ ወረ እቲ ተሪፉና ዘሎ'ውን ጨሪሱ ከይተበሓጐገ ብህጹጽ መሰረትና ክንደልድል ይግብኣና እዩ፥ ግን ናይ መን ሞራል ኢና ክንሕዝን? ክንደልድልን?' ዝብል እዩ። እዚ ሕቶ እዚ፥ ብፍላይ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ናይ ቋንቋን ባህልን ሃይማኖትን ብዙሕነት ኣብ ግምት ብምእታው፥ ዘጸግም እዩ ዝመስል። ግን ኣይኮነን። ምኽንያቱ፥ ሞራል ክንብል ከሎና፥ ምስ ፈጣሪናን ብጸይናን ብሰላም ክንነብር፥ ሓቅን ቅንዕናን ተኣማንነትን ሰናይ ግብርን ከነዘውትር፥ ንዅሉ ብዘይ ኣፈላላይ ሰብኣዊ ክብሩ ጥራይ ብምሕሳብ ክንቅበልን ክንጸዋወርን ማለት ስለ ዝኾነ፥ እዚ ኸኣ ኣብ ኵሉ ቋንቋን ዓሌትን ሃይማኖትን ቅቡልን ምጉስን ስለ ዝኾነ፥ ነዚ ነጥብታት ከም ናይ ሓባር ረቛሒን መበገሲን ሞራላዊ ሰረትና ክንወስዶ፥ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ክንሃንጽ ዝከኣል እዩ።

ሕጂ'ውን ኣዝዮም ሒደት ሰባት፥ 'ሰላም ምስ ብጸይካን ጐረቤትካንሲ ሕራይ፥ ግን ምስ ፈጣሪኻ ወይ ምስ ኣምላኽካ ዝበሃል ንምንታይ የድሊ?' ዝብል ናይ ኣምላኽ የለን በሃልትን(atheists) ፥ ዓለመ-ሰብኣውያን (secular humanists) ሕቶ ከልዕሉ ይኽእሉ ይኾኑ። እዚ እኳ ነቲ ዝበዝሔ ህዝብና፥ ዝምልከት ሕቶ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዳርጋ ኵሉ ህዝብና ብፍልጠት ይኹን ብልምዲ፥ ዝኣምንን ንኣምላኽ ዝፈርህን፥ መዓልቱ ኸኣ በስመ ኣብ በወልድ በመንፈስ ቅዱስ ወይ ብስሚላህ ኢሉ ዝጅምር ስለ ዝኾነ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፥ ምስ ብጸይናን ጐረቤትናን ዝህልወና ሰላም ምስቲ ምስ ፈጣሪና ዝህልወና፥ ክነጻጽል ዘይክእል ምኺኑ ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ቅሩብ ጽንሕ ኢልና ኸኣ፥ ንኣምላኽ ኣብ ግምት ዘየእቱ ሞራል፥ ሞራል ክኸውን ከምዘይክእል ክንርኢ ኢና።

ዳርጋ መብዛሕትኦም ሰባት ግን፥ ሞራል ክበሃል ከሎ ከም ሓደ መኸላእታን ዕንቅፋትን ጥራይ ገይሮም ብኣሉታዊ መገዲ ዝጥምትዎ ኣለዉ። ከይትሕጐስ፥ ደስ ከይብለካ፥ ከም ድልየትካ ከይትኸውን ዝኽልክል ሓጹር ገይሮም ይርእዩዎ። ግን እቲ ሓቂ ከምዚ እዩ። እስኪ ሓደ መረዳእታ ክንወስድ። ሓንቲ ማኪና፥ ሰፋይት ትኹን ተሸከርካሪት ወይ ጸሓፊት፥ ብግቡእ ምእንቲ ክይተሰብረትን ከይተባላሸወትን ክትሰርሕ፥ በቲ ተጠቃሚ ክግልኣላ ዘድልያ ግቡኣት ኣለዋ። ብተወሳኺ ከኣ፥ ኣጠቓቕማኣ ክንመሃር ከሎና፥ እቲ መምህር ወይ ዓላሚ፥ ከምዚ ግበር ከምቲ ግና ኣይትግበር ክብለና ባህርያዊ እዩ። ልክዕ ከምኡ፥ ሞራላዊ ሕግታት እምበኣር፥ ሰባት ኣብ ውልቃዊን ማሕበራዊን ህይወቶም፥ ከይቀንኑ ከይተበላሸዉን ከምኡ ድማ ከይተረሓሓቑን ከይተጓነጹን ተሰማሚዖም ክነብሩ ዝሕግዙ መምርሒታት እዮም። ክንጋገ ከሎና፥ ከምኡ ኣይግበርን እዩ ዝብሉና ናይ ህይወት ምልክታት እዮም። ሓጹራት፥ እወ ሓጹራት፥ ምእንቲ ከይንጸድፍ፥ ጸዲፍና ኸኣ ከይንጉዳእ።



ገና፥ ገለ ሰባት ሞራል ኣድላዪ ምዃኑ እናኣመኑ፥ ንሞራላዊ ሕግታት ብተዛማድነት ጥራይ ክርእይዎ ዝደልዩ ኣለዉ። ይብሉ ኸኣ፥ 'ንሞራል ከም ዘይንቕነቕን ንቑጽን ደረቕን መምርሒ ጌርካ ምውሳዱ ርእሰ-ጐዳኢ ክኸውን ስለ ዝኽእል፥ ንርእስኻ ክተድሕን ክትብል፥ ኣኣብ ዝኣተኻዮ ኵነታት ንዓኻ ዘዋጽኣካ ፈሊጥካ፥ ግበርን ኩንን'። ንምሳሌ፥ ምሕሳው ምቕታል ምጥላም ምትላል፥ ሓድሓደ ጊዜ ከከም ኵነታቱ ከድሊ እዩ፥ ይብሉ።

ባዶነት ናይዚ ኣረኣኣያ'ዚ እስኪ ብመገዲ ሓደ መረዳእታ ንርኤ። ዝኾነ ይኹን ጸወታ፥ ንኣብነት ኵዕሶ እግሪ ወይ ዳማ፥ ናቱ ዝኾነ ሕግታት ኣለዎ። ተጸወቲ ድማ በቲ ሕግታት መሰረት ክጻወቱ ኣለዎም። ርግጽ እዩ ነቲ ሕጊ ክፈልጥዎን እንተ ኣድለየ ኸኣ፥ ኣቐዲሞም ብፍቓድ ናይቲ ስፖርት ፌደረሽን ወይ ከኣ እቲ ዳኛ፥ ክልውጥዎን ዝከኣል እዩ። ግን ካብዚ ወጻኢ፥ ኣብ መንጐ ጸወታ ክክጥዕመካ፥ ኣነ በቲ ፍሉጥ ሕጊ ኣይቕየድን እየ ምባል ሸፈጥነት (foul play) እዩ። ግቡእ መቕጻዕቱ ክቕበል ከኣ ናይ ግድን እዩ። ካልእ መረዳእታ'ውን ክንውስኽ ንኽእል ኢና። እቲ ኸትዕ፥ ኣብ ሕሳብ ወይ ቁጽሪ ክልተ ዝተደመሮ ሓሙሽተ ሸውዓተ ክነሱ፥ ክድልየኒ ኸሎ፥ ሓንሳእ ትሽዓተ ሓንሳእ ከኣ ኣርባዕተ ክገብሮ እኽእል እየ ከም ማለት የስምዕ። ናብ ኣርእስትና ክንምለስ።

ግና ሓደ ሰብ፥ ሕግታት ስፖርት ንዅሎም ተጻወቲ፥ ሕግታት ምድማር ከኣ ንዅሎም ተመሃሮ፥ ብዘየካትዕ መገዲ ግሉጽን ፍሉጥን ቅቡልን ከም ዝኾኑዶ፥ ሕግታት ሞራል ኣብ ኵሎም ሰባት ግሉጻትን ፍሉጣትን ቅቡላትን እዮም፥ ዝብል ከቢድ ሕቶ ከቕርብ ይኽእል ይኸውን። ቅድሚ ነዚ ሕቶ መልሲ ምንዳይና ሓደ ኵላትና ክንፈልጦ ዘሎና ጉዳይ እንተልዓ ልና ጽቡቕ እዩ። ንሱ ኸኣ፥ እዛ እንነብራ ዘሎና ዓለም ዘይልወጥን ዘየናሕስን ፊዚካላዊ ሕግታት ከም እኒ ናይ ስሕበት(gravitation) ከም ዘለዋ፥ ከምኡ ኸኣ ዘይልወጥን ዘየናሕስን ሞራላዊ ሕግታት ኣለዋ። ህላውነት ናይዞም ክልተ በበይኑ ዝባህርያቶም ሕግታት ኣብቲ ግዳማዊ ስጋዊ ኣካልናን፥ ኣብቲ ውሽጣዊ ሕልናናን ምስኩር እዩ። ኣብ ኵሉ ዘበናት፥ ኣብ ኵሉ ማሕበረ ሰባት፥ ባህልን ደረጃ መነባብሮን ስልጣነን ብዘየገድስ፥ እቲ መሰረታዊ ሕግታት ሞራል ከም እኒ ኣይትቕተል ኣይትሓሱ ኣይትሰረቕ ኣይትመንዝር፥ ከምቲ ንስኻ ክግበረልካ እትደልዮ ንኻልእ ከምኡ ግበር፥ ዝብል ኣብ ሕልና ነፍሲ ወከፍ ፍጡር ዘርኢ ሰብ፥ ጽሑፍ ከም ዝኾነ፥ ክንክሕዶ እንተዘይደሊና፥ ግሉጽን እሙንን እዩ።

ኣብ መወዳእታ፥ ኣብ ሞራልነት ዘሎ ብርቱዕ ሓይሊ ከነስተብህሎ ጽቡቕ እዩ። ርግጽ፥ መብዛሕትኡ ግዜ ዓለም ሓይሊ እትብሎ ናይ ጭዋዳ

ምዕባይን፥ ግዚፍ ወተሃደራዊ ምቕርራባትን ናይ ተኹሲ ዓቕምን ምስኡ ዝኸይድ ግዴታዊ ታህዲድን ፈኺራን ጃህራን እዩ። ከምኡ ምኺኑ ከኣ፥ ክከሓድ ዘይከኣል እዩ። ነቲ ጃህራ ሓዲግካ፥ ንርእሰኻ ካብ ዕቡያት ወረርትን ገበርቲ እከይን ክትከላኸለሉ እትኽእል ዓቕሚ ክህልወካ ግድን እዩ። ግን ካልእ ዝዓይነቱ ሓይሊ ኸኣ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ እቲ ከም ማዕበል ነዲሩ ዝመጽእ ዕቡይ ኣራዊታዊ(brutal) ሓይሊ፥ ብጽንዓትን ርትዓውነትን ርእሰኻ ምግዛእን ዝምክት፥ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ዘየወላውል ዓወት ዝሓፍስ ሞራላዊ ሓይሊ እዩ። ማሃትማ ጋንዲ ንዓዱ ህንዲ ካብ መግዛእቲ እንግሊዝ ናጻ ክትከውን ብረት ከየልዓለ ዝተዓወተሉ ከምኡ ድማ ማርቲን ሉተር ኪንግ፥ ፍሉጥ ናይ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን መሰል ተቓላሳይ፥ ነቲ ፈላላዩ ዓሌት ዝኾነ መምርሒታትን ሕግታትን ኣሜሪካ ብሰላማዊ መገዲ ብምፍራሱን ብዘይምእዛዙን፥ ነቲ ዝወርዶ ዝነበረ ግፍዕን ማእሰርትን ምፍርራህን ከኣ ብትዕግስትን ጽንዓትን ስለዝተቐበሎ፥ ነቶም ተቓወምቲ፥ ብሞራላዊ ሓይሊ ከምበርከኽምን ሓሳባቶም ከቕይሮምን በቒዑ። ከምኡ ድማ፥ ናይ ቀረባ ፍጻመ ዝኾነ፥ ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ኣፍሪቃ፥ ምንም እኳ ድሩት ዝኾነ ብረታዊ ቃልሲ እንተነበሮ፥ ነቲ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ዓሌታዊ ስርዓት ኣፓርታይድ ክወድቕ ዝገበሮ፥ ናይ ማንዴላ ሞራላዊ ሓይልን፥ ብመንግስታትን ህዝብታትን ዓለም፥ ብፍላይ ከኣ ብሰብኣውያን ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ብዝተገብረ ጸቕጥን እዩ ነይሩ።

ብሞራል ዝተሃንጸ ህዝቢ - ማለት ብኣምላኽ ዝኣምን፥ ሓቂ ዝገብር፥ ፍትሒ ዝፈልጥ፥ ኪዳን ዝሕሉ፥ ንዘኽታምን ንመበለትን ንስደተኛን ዝሓሊ - ዋላ እኳ ሒደት እንተኾነ፥ ኣብ ከባቢ ዓበይትን ሓያላትን ዝበሃሉ ህዝብታት'ውን እንተሃለወ፥ ክይሰግኤን ክይተደፍረን ሃዲኡ ብሰላም ክነብር፥ ሽግር እንተ ተላዕለ ኸኣ ክይተጸገመ ክሰግሮ፥ ዘኽእሎ ሓይሊ ዘለዎ እዩ። ብኣንጻሩ ግን፥ ሞራላዊ ሰረቱ ዘይሃነጸ ህዝቢ፥ ብግዳም ብዝመጸ ጸቕጥን ጐነጽን ጥራይ ዘይኮነ፥ ባዕሉ ከም ብሽንቲ ዝመሸመሸ ግድግዳ ወይ ኸኣ ብፍልሖ ዝተበልዔ እም ኰይኑ ክወድቕ ዘለዎ ዕድል ዓቢ እዩ። ነዚ ኸኣ ውድቀት ናይታ ዓባይ ግዝኣት ሮማ፥ ከም ኣብነት ዝጥቀስ እዩ።



# 2ይ. ምንጻፍ ቅኑዕ ርዱእ-ሓሳባት

ሰባት ንኣምላኽ ካብ ህይወቶም እንተድኣ ኣውጺኦም፥ ወይ ንርእሶም ከም ኣምላኽ ይገብሩ፥ ወይ ከኣ ስጋዊ ትምኒቶም ንምርዋይ እተፈነዉ ይኾኑ።

ብለይዝ ፓስካል

ኣብቲ ክውታ ለይቲ፥ በይነይ ምስ ኰንኩ፥ ካብ ንዩውክሊድ ዝያዳ ንመጽሓፍ ቅዱሰይ እምርምር።

ሮበርት ብዩካናን

ዩውክሊድ ዝተባህለ 300 ዓመት ቅ.ል.ክ. ዝነብር ዝነበረ ግሪኻዊ ሊቅ፥ ንጂኦሜትሪ ኣብ ሓሙሽተ ክፍልታት ዝተጠርነፉ መረጋገጺ ዘይቐረበሎም፥ ግናኸ ከም ሓቅን ርዱኣትን ዝውሰዱ ሓሳባት(axioms) ከም መንጸፍ ብምውሳድ፥ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ብመጐታዊ መገዲ ብምህናጽ፥ ንትምህርቲ ጂኦሜትሪ ብኣክሰዮማቲካዊ ዝኾነ ኣገባብ ብምትእትታው ፈላሚ ኾይኑ። እቲ ንሱ ዝጸሓፎ መጽሓፍ Elements ዝበሃል ኰይኑ፥ ብርትዓዊ ኣቐራርብኡ መዘና ዘይተረኽቦ እዩ። ሓደ እዋን፥ ጵተልምዮስ ቀዳማይ፥ ሃጸይ ግሪኽ፥ ንዩውክሊድ ጸዊዑ፥ ብዘይካ ኣብቲ መጽሓፉ ተገሊጹ ዘሎ፥ ጂኦሜትሪ ንኽረድእ ሕጽር ዝበለ ኣቋራጭ መገዲ እንተለዎ ምስ ሓተቶ፥ 'ንጂኦሜትሪ ሃጸያዊ መገዲ የብሉን' ኢሉ መለሰሉ ይበሃል። እዚ ዩውክሊድ ዝጀመሮ ኣገባብ፥ ሎሚ ኣዝዩ ዝተለምደ ኾይኑ፥ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ትምህርቲ፥ ብፍላይ ስነ-ፍልጠትን ማተማቲክስን ይሰርሓሉ ኣሎ።

ንሕና ኸኣ፥ ነዚ እንዛረበሉ ዘሎና ኣርእስቲ ሞራል ከገልግሉና ዝኽእሉ፥ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ እተመርኰሱ፥ ሒደት ኣገደስቲ ርዱእ-ሓሳባት ክህልዉና፥ ኣዝዩ ዘድልን ጠቓምን እዩ። ኣብ ኣርባዕተ ክፍልታት ከኣ ክንጥርንፎም ክንፍትን ኢና።

ቀዳማይ ክፍሊ - ንኣምላኽ ብዝምልከት

1.1 ኣምላኽ ሓደ እዩ፥ መንፈስ እዩ፥ ብጀካኡ ድማ ካልእ የልቦን።
1.2 ኣምላኽ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉ ፍጥረት፥ ህይወት ዘለዎን ዘይብሉን ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ዝርኤን ዘይርኤን ዝፈጠረን፥ ብርእሱ ዝነብር፥ ንኹሉ ድማ ዘቐሞን ዘንብሮ ዘሎን እዩ።
1.3 ኣምላኽ ኣብ ኵሉ ዝነብር፥ ኵሉ ዝፈልጥ፥ ኵሉ ድማ ዝኽእል እዩ።

1.4 ኣምላኽ ቅኑዕን ጻድቕን ሰናይን እዩ፣ ንቕኑዕ ዝፈቱን ዝንእድን ንክፉእ ከኣ ዝጸልእን ዝፈርድን ዝቐጽዕን እዩ።

1.5 ኣምላኽ ተዛሪቡ እዩ፣ ፍቓዱ ክገብር ንዝደሊ ኹሉ ኣብ ሕልና ኹሉን ኣብ ቅዱስ ጽሑፋትን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ካልኣይ ክፍሊ - ንሰብ ብዝምልከት

2.1 ሰብ ብኣምላኽ ዝተፈጥረ እዩ።

2.2 ሰብ ካብ እንስሳታት ዝተፈልየ፣ ልዑል ምስትውዓልን መሃዚ ክእለትን ዘለዎ፣ ከምኡ ድማ ጽቡቕ ኮነ ክፉእ ንምግባር፣ ነጻ ሞራላዊ ውሳነታት ናይ ምውሳድ ተኽእሎ ዘለዎ እዩ።

2.3 ሰብ ነፍስን መንፈስን ዘለዎ፣ ዝመውት፣ ግናኸ ንዘልኣለም ዝነብር ፍጡር እዩ።

2.4 ኩሉ ሰብ ብማዕርነት ዝተፈጥረ ኾይኑ፣ ሰብኣዊ ክብርን (human dignity) ነጻነትን ዘለዎ እዩ።

2.5 ሰብ፣ ካብ ኣፈጣጥርኡ፣ ምስ ኣምላኽ ክነብርን ክመሳሰልን ዝተፈጥረ እዩ።

ሳልሳይ ክፍሊ - ንሰይጣን ብዝምልከት

3.1 ሰይጣን ዝወደቐ መልኣኽ ኮይኑ፣ ህልውን ክውንን እዩ።

3.2 ሰይጣን ጸላኢ ኣምላኽን ናይ ኣምላኽ ዘበለን ኩሉን ኮይኑ፣ ምስ ሰራዊቱ፣ ንኹሉ ቅኑዕን ሓቅን ሰናይን ዘበለ ኺኣ ይጻረርን ይዋጋእን።

3.3 ሰይጣን ንምጥፋእ ሓይሊ ኣለዎ፣ ሓይሉ ግና ድሩት እዩ።

ራብዓይ ክፍሊ - ድሕሪ ሞት ዘሎ ህይወት ብዝምልከት

4.1 ኵሎም ምዉታት ክትንስኡ እዮም።

4.2 ሰናይ ዝገበሩ ናብ ህይወት ዘልኣለም(መንግስተ ሰማይ)፣ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ስቓይ ዘልኣለም(ገሃነም እሳት) ክኸዱ እዮም።

ካብዘን ነጥብታት እዚኤን እምበኣር፣ ብቐሊሉ ሒደት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾኑ መደምደምታታት ክብጻሕ ዝከኣል እዩ።

1. ኣምላኽ፣ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን፣ ንኹሉ ዝፈጠሮን ብህይወት ከኣ ዘንብሮን፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ንኹሉ ዝፈርድን ካብ ኮነ፣ ክንድህበሉን ክንሰምዖን ክንእዘዞን፣ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ክንፈርሆን ይግብኣና እዩ።

2. ሰብ፣ ንዘልኣለም ዝነብር፣ ብዛዕባ እቲ ዝወስዶ ነጻ ሞራላዊ ውሳነታት ከኣ ብሓላፍነት ዝሕተት ካብ ኮነ፣ ኣብዚ ሓጺር ናይ ምድሪ ጉዕዞኡ ክጥንቀቕ፣ ብዛዕባ ናይ ዘልኣለም መሕደሪኡ ኸኣ፣ ክሓስብን ክሓትትን እምበር ከም እንስሳ ክመላለስ ኣይግብኦን እዩ።

3. እዛ ተፈጢርናላ ዘሎና ዓለም፣ ዓውዲ ውግእ ናይ ካባና ዝሕይሉን ዝብርትዑን መንፈሳውያን ሓይልታት ካብ ኮነት፣ ንሕና'ውን መንጐኛታትን ተዓዘብትን ካብ ዘይንኸውን፣ ምስታ ቅንዕትን እትስዕርን ጋንታ ክንሰለፍ፣ ምርጫና ክንገብር፣ ይግብኣና እዩ።

* * *

እቲ መጽሓፍ፣ 'ዓሻስ ብልቡ ኣምላኽ የለን ይብል'[3] ክብለና ኸሎ እንታይ ማለት እዩ? እቲ ዕሸነት ዝብል ቃል ኣብቲ መበቆል ትርጉሙ እንተርኢናዮ፣ ሞራላዊ ጉድለት (moral deficience) ደኣ እምበር፣ ናይ ኣእምሮ ጉድለት ወይ ዓንጻልነት ዘመልክት ኣይኮነን። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ብዘይ እቲ ህይወትን ብርሃንን ዝኾነ ኣምላኽ ንህይወቱ ይመርሕ እንተድኣ ኣልዩ ፣ ንኣምላኽ ዘየቓጽሮን ከኣ ከም ሓደ ዘየድሊ ገይሩ ዝሓስቦን እንተ ኾይኑ፣ ብምርጫኡ፣ ንሱ ንገዛእ ርእሱ ካብ ህይወት ዓጽዩ፣ ኣብ ጸልማትን ሞትን ዘንብር ዘሎ እዩ። ፍጥረት፣ ባዕሉ ዝመጸን ዝኾነን ዘሎን ካብ ዘይኮነ፣ እቲ ፍጡር፣ ነቲ ክህሉ ዝገበሮ ግቡእ ኣኽብሮትን ምእዛዝን ክርእዮ ርትዓውን ባህርያውን እዩ። ስለዚ ማንም ሰብ፣ ኣነ ሓራ እየ፣ ዝእውደኒ የብለይን፣ ከም ድላየይ ክኸውን እየ፣ ዘቕርቦ ጸብጻብ'ውን የብለይን(ዓሻ ግን ከምኡ ክኾነሉ እዩ ዝምነ)፣ ክብል ኣይክእልን እዩ። የግዳስ ፍቓድ ፈጣሪኡ ፈሊጡ ከምኡ ክነብር ደኣ እዩ ዝግብኦ።

ምናልባሽ ገለ ሰብ፣ ብፍላይ ቅሩብ ዝተማህረ፣ ብህላውነት ናይ ኣምላኽ ዝጠራጠርን ዘይኣምንን ይህሉ ይኸውን እዩ። ጸገም የለን። ሰባት፣ ትሑታትን ቅኑዓት ደለይቲን(honest seekers) ጥራይ ንኹን እምበር፣ ኣምላኽ ርእሱ ገሊጹ ምስኦም ክላልየና ፍቓዱ እዩ። ምኽንያቱ፣ ንሱ ነቲ ዝፈጠሮ ሰብ፣ ናብኡ ክምለስ፣ ኩሉ ሳዕ ምስ ደለዮ እዩ። ንሱ፣ ንሰብ እዝኒ ክሰምዓሉ፣ ዓይኒ ክርእየሉ፣ ኣፍ ክዛረበሉ፣ ኣእምሮ ክሓስበሉ፣ ዝፈጠረሉ ካብ ኮነ ምስ ሰብ ክራኸብን ክበሃሃልን ምንም ዝሽግሮ የለን። ግን በቲ ንሕና ዝጠለብናዮን ዝደለናዮን መገዲ ዘይኮነ፣ ንሱ ከም ዝደለዮ እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ንሱ ኣምላኽን ፈጣርን ጐይታን ንጉስን ደኣ እዩ እምበር ናትና ጊልያ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ እዩ ንትዕቢተኛታትን ንትምክሕተኛታትን፣ ክጻወሮም ስለዘይኽእል፣ ዘይግለጸሎም።

ገለ ተመኩሮታት ክግለጹ የጸግሙ እዮም። ነቲ ተመኩሮ፣ ባዕልኻ ክትሓልፎ ክትጥዕሞ እዩ ዝሓይሽ። ኣምላኽ ከኣ ደጊሙ ደጋጊሙ ኣብ ቃሉ፣ ' ኣነ ሓቂ ዝዛረብ ቅንዕና ኽኣ ዘውሪ እየ፣ ኣብ ጸልማት ኣይተዛረብኩን፣ ንሰባት ከኣ ብኸንቱ ድለዩኒ ኣይበልኩን'[4] ፈትኑኒ ጥዓሙኒ ኢሉ ንሰባት ዓዲሙ ኣሎ። ካብቶም ኣምላኽ ተራኺብዎም፣ ዝተዛረቦም እሞ ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝጸሓፉ ብዙሓት ሰባት፣ ሓደ እኳ ብዛዕባ ህላውነት ኣምላኽ መረጋገጺ(proof) ከቕርብ ዝሀለኸ የለን። ምኽንያቱ፣ ፈሊጦሞ እዮም፣ ተራኺቦሞ እዮም። ምስኡ ንዝተራኸብካዮ ወይ ንዝዛራረብካዮ ኣካል፣ ብዛዕባ ህላውነቱ፣ ምንም ዓይነት ጥርጥር ወይ ሕቶ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። እምበኣር ናይዞም ሰባት ምስክርነት ሰሚዕና መዚንና ክንቕበል ከኣ ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነት እዩ። ኵላተን ኣብያተ ፍርዲ ዝሰርሓ፣ ምስክርነት ናይ ሰባት ስለ ዝቕበላ እዩ። ሰባት ብሓፈሻ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮናን ስራሕናን'ውን ከምኡ። ስለዚ ህይወት እንደሊ ሰባት፣ ክፉት ልብን ኣእምሮን ሒዝና ንቅዱስ ጽሑፋት፣ ጊዜ ወሲድና ክንምርምሮ ኣዝዩ ኣዝዩ ዘድሊ እዩ።

* * *

ሰብ ካብ ታሕተዎት እንስሳታት እዩ መጺኡ ዝብል ዘገምታዊ ምዕባለ - ዘገምባላዊ (evolutionary) ክልስ ሓሳብ፣ ብስም ስነ-ፍልጠት እኳ እንተቐረበ፣ ካብ ኣብ መርትዖን ጭብጥን፣ ኣብ እምነትን ድልየትን 'ፖለቲካዊ' መርገጽን ዝተመርኰሰ እዩ። ስለ ዝኾነ፣ ንምቕባሉ፣ ካብቲ ኣምላኽ'ዩ ንሰብ ፈጢርዎ ዝብል ርትዓዊ ዝኾነ ክውንነት፣ ዝያዳ እምነት ዝሓትት እዩ። ብመሰረቱ ኸኣ፣ እቲ ሓሳብ ምስ ሕግታት ስነ-ፍልጠት ዝጋራጮ እዩ። ምኽንያቱ፣ ስነ-ፍልጠት፣ ኣብ ክድገም ክዕቀን ክምዘን ዝኽእል ፈተነታት ተበጊሱ እዩ ኣብ ሓደ ርድኢት ዝበጽሕ እምበር፣ ኣብ ዘይነበርካሉ፣ ብይኸውን ንሚልዮናት ወይ ቢልዮናት ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስካ፣ ዝግበር መስርሕ ኣይኰነን። ብሓጺሩ፣ ሳይንስ ንኸም፣ 'ካበይ መጺእና፣ ናበይ'ከ ንኸይድ ኣሎና' ዝብል ሕቶታት ብመሰረቱ ክምልስ ኣይክእልን እዩ። ኣይዓቕሙን እዩ። ርግጽ እዩ፣ ሰባት ዘዝመስሎም ክዛረቡን ሓሳብ ክህቡን፣ መርገጺ ክወስዱን ይኽእሉ እዮም፣ መሰሎም ከኣ እዩ። ግን ንሓደ ርእይቶ፣ ከም ሓደ ጭብጢ ጌርካ ምቕራብ፣ ኣገባብ ኣይኰነን።

ሰብ፣ ሰብኣዊ ክብርን ነጻነትን ዘለዎ ጥራይ ዘይኰነ፣ ማንም ኣካል፣ ክብረቱን ነጻነቱን ክገፎን ክወስደሉን ኣይፈቱን እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዩ፣ ፈትዩ ንዘይተሰከሞ ኣርዑት፣ ክሰብር ህርድግ ዝብልን፣ ካብኡ ክወጽእ ዝቃለስን። ብፍላይ ከኣ፣ ሰብኣዊ ክብሩን፣ መሰረታዊ መሰሉን



ብዝምልከት፣ ኣፈላላይን ኣድልዎን ክግበሮ፣ ወይ ከኣ ክንፈግ፣ ፈጺሙ ኣይደልን እዩ። ርግጽ እዩ፣ ሓያል ቅልጽም ንጊዜኡ የምበርክኾን፣ ኢዱ ክምዘየልዕል ይገብሮን ኣፉ ይዓብሶን እዩ። ግን ብውሽጡ ኵሉ ሳዕ ኣብያ ምስ ኣርኣየን ምስ ዓለወን እዩ። ዝኾነ ምስ ሰብ ክረዳዳእ ዝደሊ ኣካል፣ ነዚ መሰረታዊ ባህርይ ፍጥረት ሰብ ክግንዘብን ክፈልጥን ኣለዎ። ኣምላኽ እኳ ኵሉ ዝኽእል ክነሱ፣ ክሳዕ እቲ ናይ ሓተታ መዓልቲ፣ ነቲ ዝፈጠሮ ሰብ ኣፍትዩ ናብኡ ክመልሶ ክጋደል ኢና እንርኢ እምበር ብሓይሊ ክጥቀም ኣይንርእን።

* * *

ገለ ሰባት፣ ንእግዚኣብሄርን ንሰይጣንን ከም ክልተ ተመጣጣኒ ሚዛን ዘለዎም ናይ ክቢድ ሚዛን ተጓሰጥቲ፣ ሓንሳብ እቲ ሓደ፣ ሓንሳብ ከኣ እቲ ሓደ ዝወቕዕ፣ እቲ ዙርያታት ክሳዕ  ዝውዳእ ከኣ ገና መን ከም ዝስዕር ዘይፍለጥ፣ ገይሮም ዝወስድዎም ኣለዉ። እዚ ኣረኣእያ እዚ፣ ብኽልተኣዊነት (dualism) ዝፍለጥ ፍልስፍና ኰይኑ፣ እዚ ኣብ መንጎ ክልተ ርእሶም ዝኽእሉ (independent) ሓይልታት፣ ማለት ናይ ጽቡቕ ኣንጻር ክፉእ፣ ናይ ብርሃን ኣንጻር ጸልማት፣ ዝካየድ ቃልሲ ካብ ዘልኣለም ዝነበረን ንዘልኣለም ዝቕጽልን እዩ ይብል። ግን ኣይኰነን። ኣምላኽ ባዕሉ ምስ ሰይጣን ተቓሊሱ ኣይፈልጥን፣ ክቓለስ'ውን ኣየድልዮን እዩ፣ ክብሩ'ውን ኣይኰነን። ምኽንያቱ፣ ኵሉ ኣብ ኢዱ እዩ ዘሎ፣ ካብኡ ክሃድምን ክምልጥን ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን፣ ሰይጣን'ውን ከይተረፈ። ነቲ ዝፈጠርካዮ፣ ኣብ ዝደለኻዮ ጊዜ ክተጥፍኦን ከም ዘይነበረ ክትገብሮን ዝከኣል ምኻኑ ማንም ኣይስሕቶን እዩ። ኣምላኽ'ውን ንሰይጣንን ንሰዓብቱን ኣብቲ ንሱ ዝደለዮ እዋን፣ ከም ዘይነበሩ ክገብሮም ከም ዝኾነ ተዛሪቡ ኣሎ። ክሳዕ እቲ እዋን'ቲ ግን፣ ሰይጣን ናይ ደባይ(guerilla) ስርሑ ክካይድ፣ ንዓና ርዱእ ብዘይኰነ ምኽንያት፣ ኣምላኽ ፈቒዱሉ ኣሎ። ከምቲ ዳንኤል ዴፎ ኣብቲ ሮቢንሰን ክሩሶ ዝበሃል መጽሓፉ፣ ፍራይደይ ንክሩሶ፣ 'ስለምንታይ ደኣ ከምቲ ዝበልካዮ ኣምላኽ ካብ ሰይጣን ዝሕይል እንተኾይኑ፣ ንሰይጣን ብቕጽበት ዘየጥፍኦ' ኢሉ ዝሓተቶ ብዙሓት ሰባት'ውን ንሓትት ኢና። ግን ኣምላኽ፣ ንሰይጣን ጥራይ ዘይኰነ ንዝጻረርዎ ኵሎም ሰባት ከይተረፉ፣ ዘጥፍኣሉ መዓልቲ ክሳዕ ዝበጽሕ፣ ክጸወሮም ፈትዩ ኣሎ። ክልቲኦም ሓይልታት'ውን መምስ ሰራዊቶም፣ መላእኽትን ኣጋንንትን፣ ንህይወት ውልቀ-ሰባት ንምቁጽጻር፣ ኢሎም ከኣ ኣብ ጕድኖም ብምስላፍ ከም መሳርሒ ተጠቒሞም፣ ዕላማኦም ንምፍጻም፣ ኣብ ዓለም ጽዑቕ መንፈሳዊ ውግእ፣ እወ ክዉን ውግእ፣ የካይዱ ኣለዉ። ምናልባሽ ገለ ሰባት ነዚ ከም ጽውጽዋይ ዝሓስብዎ እንተልዮም ይሕሰቡ፣ ይመርምሩ ይሕተቱ፣ ካብ ምባል ሓሊፍካ ዝበሃል የለን። ስለዚ ሰባት ኣብ

መንጐ ክልተ ሓዊ(cross fire) ኣቲና ጥራይ ዘይኰነ፣ እቲ ዓውዲ ውግእ ንሕና ኢና። ንህይወትና ኣእምሮና ልብና ስራሕና ሓዳርና ንኮለንትናና ዝዕብልል ውግእ። ኣብዚ ውግእ እዚ ተዓዘባይን ኣተዓራቓይን የለን። እቲ ውግእ ንሓዋሩ ኣይክቕጽልን እዩ። ክዛዘም ቀሪቡ እዩ። እምበኣር ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ምስታ ሓቂ ዝሓዘት እትስዕር ሓይሊ ክሰለፍ፣ እቲ ውሳነን ምርጫን፣ ናቱ እዩ።



# 3ይ. ሰለስተ ክፍልታት ሞራል

ንኣይ ንፈልፋሊ ህያው ማይ ሓዲገምኒ፣ ንርእሶም ከኣ ሓጽብታት ኩዒቶም፣ ማይ ዘየዕቍር ነቓዕ ሓጽብታት፣ ኩዒቶም እዮም እሞ፣ ኣቱም ሰማያት፣ በዚ ተገረሙ፣ ሰምብዱ፣ ኣዚኹምውን ራዕራዕ በሉ፣

ይብል እግዚኣብሔር [5]

'እምላኽ ሞተ' በለ ፈላስፋ ፍረድሪክ ኒቸ፣
እምላኽ ከኣ፣ ' ኒቸ ሞተ' በለ፣ ኒቸ ኸኣ ሞተ።

ሞራል ክነጸጸል ዘይኽእሉ ሰለስተ ክፍልታት (departments) ኣለውዎ።

1. ኣብ መንጐ ውልቀ-ሰባት ክህሉ ዘለዎ ፍትሕን ምዕሩይነትን
2. ኣብ ውሽጢ ሓደ ውልቀ-ሰብ ክህሉ ዘለዎ ምቕናዕን ምጽራይን ምትዕርራይን
3. ዓሌት ሰብ ብምልኡ ክህልዎ ዘለዎ ናይ ሓባር ዕላማን ኣንፈት ጉዕዞን፣ ኣብዚ ካበይ መጺና፣ ናበይ ገጽና'ኸ ንኸይድ ኣሎና ዝብል ሕቶታት ክምለስ ናይ ግድን እዩ።

ነዞም ሰለስተ ክፍልታት ሞራል ንምትንታን፣ እስኪ ብዝሕ ዝበሉ መረዳእታታት ንውሰድ።

እስኪ ንደቂ ሰብ ኩላቶም፣ ከም ተሰሪዔን ዝኸዳ መራኽብ ወይ ነፈርቲ ጌርና፣ ንጊዜኡ ንሕሰቦም። እምበኣር፣ እቲ ጉዕዞ ዕዉት ክኸውን ዝኽእል፣ እተን መራኽብ ወይ ነፈርቲ  መስመረን ሒዘን፣ ንየማን ንጸጋም ከይበላ፣ ከይተናጐጻ እንተኸዳ ጥራይ ዘይኰነ፣ ባዕላተን'ውን ጥዑይ ሞቶረን መሳርሒታትን መዘወሪታትን እንተለወን ጥራይ እዩ። እንተድኣ ብቐጻሊ ተናጒጸን፣ ጥዑይ ሞቶረን መሳርሒታትን ክህልወን ኣይክእልን እዩ፣ እንተድኣ ጥዑይ ሞቶረን መሳርሒታትን መዘወሪን ዘይብለን ኰይነን ከኣ፣ ካብ ንሓድሕደን ምጉናጽ ክዓርፋ ኣይክእላን እየን። ስለዚ፣ ክልቲኡ ቅድመ-ኹነታት፣ ንዕዉት ጉዕዞ ኣገዳሲ ወሳኒ እዩ።

ወይ ከኣ፣ ሓደ ናይ ሙዚቃ ባንድ እንተወሰድና፣ ብቐዳምነት እተን ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት ንርእሰን ዝተቓነያ ክኾና ኣለወን። ጸቡቕ ሙዚቃ ክቐርብ እንተኾይኑ ኸኣ፣ ካብ ነፍሲ ወከፍ መሳርሒ ዝወጽእ ሙዚቃ፣ ጊዜኡ ክሕሉን ምስተን ካልኦት መሳርሒታት ክወሃሃድን ኣለዎ።

እቲ መልእኽቲ ናይዘን መረዳእታታት ንጹር እዩ። ሰባት'ውን ከምዘን መራኸቢ ወይ ነፈርቲ፡ ንሞራላዊ ሕግታት ተማእዚዝና ምስ ዘይንኸይድ፣ ኣተሓሳስባናን ድሌትናን ውሽጥናን ምስ ዘይቐንዕ፡ ኣብ ባእስን ግጭትን ዓመጽን ክንኣቱ ናይ ግድን እዩ።

ብዙሕ ዘመናዊ ሰብ፣ ብዛዕባ እታ ቀዳመይቲ ክፍሊ ሞራል ደኣምበር፣ ብዛዕባ እተን ክልተ ካልኦት ኣይግደስን እዩ። ከም መበገሲ፣ በቲ ቀዳማይ ክንጅምር ባህርያዊ እዩ፣ ማለት ሰብ ከምቲ ንርእሱ ዝደልዮን ዝምነዮን ንብጻዩ ክገብርን ክሓስብን ፍትሓዊ እዩ። ሰባት፣ ብዛዕባ ኣብ መንጐ ጉጅለታት ማሕበረ-ሰባት ህዝብታት ክህሉ ዝግብኦ፡ ሕያውነትን ምክብባርን ምጽውዋርን ክዛረቡ ከለዉ፡ ነዚ ቀዳማይ ክፍሊ ኣብ ሓሳብ ብምእታው እዮም። ገለ ሰብ ከኣ፡ ' እዚ ዝገብሮ ዘሎኹ፣ ንኻልእ ሰለ ዘይጐድእ፣ ሕማቕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ' ክብል ከሎ ብዛዕባ'ዚ እዩ ዝሓስብ ዘሎ። ግን ኣብኡ ደው ክበሃል ኣይግባእን። ናብታ ካልኣይቲ ክንሓልፍ ይግብኣና። ውሽጥና ዝጸረየን ዝተተኻኸለን ክኸውን ድማ እምበር፣ ንብጻየይ ክሳዕ ዘይበድልኩ፡ ኣነ ንኣተሓሳስባይ ንድልየተይ ንኣካላተይ ንህይወተይ ከም ድላየይ ክገብሮ እየ ክበሃል ኣይክኣልን። ምኽንያቱ ኣየኽይድን እዩ። ውዒልካ ሓዲርካ ምስ ብጻይካ ብርግጽ ክትጋጮ ኢኻ። እቲ ኽትዕ ብሓጺሩ፡ 'ንገዛይ ንብረተይ ሰለ ዝኾነ ሓዊ ከእትወሉ እኽእል እየ'፡ እዩ ዘሰምዕ። ምናልባሽ ከምኡ ክትገብር ትኽእል ትኸውን፡ ግን ዓዲ ብምልኡ እኳ እንተዘይበልና፡ ገዛ ጐረቤት ምልካምካ ዘይተርፍ እዩ። ጽቡቕ ሕብረተ-ሰብ ክህልወና፣ ጽቡቕ ሕግታት ክንነድፍ ጥራይ ዘይኮነ፣ ጽቡቓት ሰባት ክህልዉና ኣለዎም። እዚ ማለት፣ ነቲ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዘሎ ሰስዔ፣ ክፉእን ዓማጽን ጠባይ፣ ትዕቢት፣ ቅጥፈት፣ ክኣለየሉ ዝከኣል መገዲ ክርከብ ኣለዎ። ስለዚ እምበኣር ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ንብጻዩን ጐረቤቱን ግቡኡ ክፍጽም ዝደሊ፣ ንገዛእ ህይወቱ ምቕናዕን ምጽራይን፣ ዘይስገር ቅድመ ኩነት ምዃኑ ክፈልጦ ይግብኦ።

ግን ገና ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ፣ ሓደ ዓቢ ሕቶ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፣ እተን መራኸቢ ወይ ነፈርቲ ናበይ ክበጽሓ እዩ ተደልዩ ዘሎ፡ ወይ ከኣ፣ እቲ ባንድ እንታይ ዓይነት ሙዚቃ እዩ ክጻወት ዝድለ ዘሎ(ናይ ምረሻ፡ ሳዕስዒት፡ ሓዘን፡ መዝሙር)። እተን መራኽብ ወይ ነፈርቲ ናበይ ከም ዝኸዳ ወይ ኣበይ ከም ዝበጽሓ ንጹር ዝኾነ ርድኢትን ስምምዕን ክህሉ ኣለዎ። እንተዘይኮነ ዕላማ ዘይብሉ ጉዕዞ፣ ብዙሕ ክይተኸደ ናብ ግጭት ከም ዝበጽሕ እሙን እዩ። እቶም ኣባላት ባንድ'ውን ከምኡ፣ እዛ ሙዚቃ እዚኣ ኢና ክንጻወት ኢሎም ኣቐዲሞም ኣብ ስምምዕ እንተዘይበጺሖም፣ እቲ ዘቕርብዎ ሙዚቃ ትርጉም ዘይብሉ ደሃይ ጫውጫውታ ጥራይ እዩ ዝኸውን። ስለዚ፣ ሕጂ'ውን ኣብቲ ካልኣይ ክፍሊ ሞራል ደው ክንብል ኣይግባእን እዩ።



እስኪ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት፣ ንቕሩብ ጊዜ ነስተንትነን። ደቂ ሰብ ካበይ መጺእና? ናበይ'ከ ንኸይድ ኣሎና? ናብራ፣ ወይ ህይወት ትርጉም ኣለዎዶ? ነዘን ሕቶታት እንህቦ መልሲ፡ ንሞራላዊ ህይወትና ኣጸቢቑ ዝጸሉ እዩ። ንኣብነት ኣብ መንጎ ሓደ፣ 'ኣምላኽ እዩ ፈጢሩና፡ ናይ ህይወት ዕላማ ንኣምላኽን ንብጻይካን ምፍቃር እዩ፣ ሰብ ንዘልኣለም እዩ ዝነብር፡ ድሕሪ ሞት ከኣ ፍርዲ ኣሎ'፣ ኢሉ ዝኣምንን ከምኡ ኢሉ ዝመላለስን፡ ሓደ ኻልእ ከኣ፣ ' ሰብ ካብ ኣህባይ እዩ መጺኡ፣ ሞት መወዳእታ ሰብ እዩ፣ ፍርዲ ዝበሃል'ውን የለን፡ ኣምላኽ ዝበሃል የለን ሰባት ዝተማበብዎ ጽውጽዋይ እዩ' ዝብልን፣ ዘርእይዎ ጠባይን ዘለዎም ቅዲ ህይወትን ፈጺሙ ዘይራኸብ እዩ። እቲ ቐዳማይ ብዝተኻእሎ ካብ ዓመጽን ግፍዕን ክርሕቕ፣ ሕያውነትን ድንጋጸን ክዘውትር፣ ብዛዕባ ናይ ዘልኣለም ቤቱ ክሓስብን ክዳሎን ክርኤ ኸሎ፡ እቲ ዳሕረዋይ ሰብ ግን ዓለማዊ እዩ። ንሕጂ ጥራይ፣ ንዓይ ይጥዓመኒ፣ ዝብል እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ኣብዚ ሕቶታት እዚ ዝህልወና መርገጺ ንህይወት ውልቀ-ሰባት ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ታሪኽ ዓለም፣ ህዝብታትን ስልጣኔታትን ዝኸዱሉ ጐደና ፍልስፍናን ፖለቲካን'ውን ቀይሱ እዩ። እቶም ክቡርነትን ዘልኣለማውነትን ህይወት ሓደ ሰብ ዝፈልጡ ንመሰል ውልቀ-ሰብ ውሕስነት ዝህብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክተኽሉ ከለዉ፡ እቶም ካብቲ ንሰብዓ ዓመት ጥራይ ዝነብር ህይወት ሰብ፣ ንሽሕ ዓመት ክነብር ዝኽእል ስልጣን ወይ ግዝኣት ዝያዳ የገድስ ዝብሉ፣ ምልካውነት (totalitarianism) ኣተኣታትዮም እዮም። ናይ ክልቲኡ ስርዓታት ዘኸተሎ ምዕባለን ዕንወትን ከኣ፡ ኣብ ዘበናዊ ዛንታ ዓለም ዝተራእየን ናይ ቀረባ ተዘክሮን እዩ።

ስለዚ ሞራል ክንብል ከሎና፣ ክይቆራረጽና ሰለስቲኡ ክፍልታቱ ኣጣሚርና ክንሕዝ የድልየና። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ፣ ንኣምላኽ ኣብ ግምት ዘየእቱ ሞራልን ኣተሓሳስባን፡ ንኣብነት ንኣምላኽ ዝውግዱ ሰብኣውያን ፍልስፍናታት፣ ጐደሎ ጥራሕ ዘይኮነ ፍጹም ዝኸሰረን ዝተጋገየን ምዃኑ ብኸሉ ክፍለጥ ይግብኦ። ንሰብ ካብ 'ስርቂ ሕማቕን ኣነዋሪን ንብጻይካ ኸኣ ምብዳልን ሰለ ዝኾነ፣ ክትሰርቕ ኣይግባእን' ኢልካ ምኽሪ ሓዘል ዘረባ ጥራይ ምዝራብን፡ 'ክትሰርቕ እንተ ተረኺብካ ክትእሰር ኢኻ' ወሲኽካ ኸኣ፡ ' ክትሰርቕ ከሎኻ ኣምላኽ ይርእየካ ኣሎ፡ እንተ ዘይመሊስካዮ ኸኣ ክፈርደካ እዩ' ምባልን፡ ኣየናይ ዝተማልኤ ሞራል ከዕጥቐና ከም ዝኽእል ንምፍላጡ ዘጸግም ኣይኮነን።

# 4. እተን ትእዛዛት

ትእዛዛት ዝወሃባ ምእንቲ ክሕሎ እዩ።

እቲ ትእዛዝ ቅዱስን ጻድቕን ሰናይን እዩ፣...
ኣነ ግና ትሕቲ ሓጢኣት እተሸጥኩ ስጋዊ እየ።
ቅዱስ ጳውሎስ [6]

ቀዳማይ ትእዛዝ - ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ፣ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሃልዉኻ።
ካልኣይ ትእዛዝ - ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ምስልን ስእልን ዘበለ ንኣኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎምን ኣይተገልግሎምን ከኣ።
ሳልሳይ ትእዛዝ - ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል።
ራብዓይ ትእዛዝ - መዓልቲ ሰንበት ናይ እግዚኣብሄር እያ እሞ ክትቕድሳ ዘክር።

ሓምሻይ ትእዛዝ - ዕድሜኻ ምእንቲ ክነውሕሲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር።

ሻድሻይ ትእዛዝ - ኣይትቕተል።
ሻብዓይ ትእዛዝ - ኣይትዘሙ/ኣይትመንዝር።
ሻምናይ ትእዛዝ - ኣይትስረቕ።
ታሽዓይ ትእዛዝ - ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር።
ዓስራይ ትእዛዝ - ቤት ሰበይቲ ገንዘብ ብጻይካ ኣይትተምነ።

ኣብ ስሳታት፣ ኣብ ኣሜሪካ ብደረፍትን ብናይ ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮን መምህራንን ዝተመርሐ 'ንሕግታት ንጥሓስ፣ ንስርዓታት ንግሃስ' ዝተሕዝቶኦ ምንቕስቓስ ተላዒሉ፣ ደቂ ንወለዶም፣ ተመሃሮ ንመምህራኖም፣ ዜጋታት ንመንግስቶም፣ እምቢታ ከርእዩን፣ እምነትን ስርዓትን ባህልን ከኣ ከም ድሑርን ጐታትን ተሓሲቡ ብመስኮት ንግዳም ከም ዝድርበ ኰይኑ። ኩሉ ኣተሓሳስባ ድማ ካብ ማሕለኻ ሓራ ክኸውን ኣለዎ ብዝብል ምስምስ፣ ሰባት ጸረ ስልጣናት(anti authority and establishment) ክኾኑ ጸዊዖምን ኣተባቢዖምን። እዚ ኸኣ፣ ነቲ ንዘበናት ዝነበሮም፣ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝተመስረተ፣ ጽቡቕ ባህልን ስርዓትን ስለ ዝባሕጎጎ፣ ብዙሕ ከይጸንሑ ኣብዚ ሕጂ ዝርከብዎ ሃለዋት ኣትዮም። ሎሚ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣሜሪካ ብገበነኛታት መሊኡ ዕልቕልቕ ኢሉ ኣሎ። ኣብ መብዛሕትኤን



ክተማታቶም ጸሓይ ምስ ዓረበት፣ ብነጻነት ብእግርኻ ክትዛወር ዘፍርሀ ኰይኑ ኣሎ፣ ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ። ከምቲ ቲና ተርነር ዝደረፈቶ 'ትእዛዛት ዝወጹ ምእንቲ ክጥሓሱ(rules are made to be broken)' ኣይኮነን፣ ምእንቲ ክሕለዉ ደኣ።

እዘን ዓሰርተ ትእዛዛት እዚኣተን፣ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ብኢድ ሙሴ ዝሃቦም እየን። እቲ በይኑ ኣምላኽ ሓቂ ዝኾነ ኣምላኽ ከኣ፣ እንታይ ዓይነት ኣምላኽ ከም ዝኾነ ዝሕብራና ዓበይቲ ሞራላዊ መምርሒታት እየን። ደቂ ሰባት ብሓፈሻ፣ ነዘን ሕግታት ብዝተፈላለየ መገዲ እኳ ነፍርሰን እንተኾንና፣ ብዛዕባ ሓቅነተንን ርትዓዊነተንን ግና ንከራኸር ኣይመስለንን። የግዳስ፣ ከምቲ ዘየጽንዐ ተመሃራይ ወረቐት ፈተንኡ ክቕበል ከሎ፣ ወይ ከኣ፣ ሰራቒ ኢድ ብኢድ ክተሓዝ ከሎ፣ ርእሱ ዘድንንን ዝንውርን፣ ከምኡ ዓይነት ስምዒት እየን ንኽነላትና ዘሕድራልና። እስኪ ኣብ ሰለስተ ክፍልታት መቒልና ክንርእየን ኢና።

እቲ ቀዳማይ ክፍሊ፣ ነተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ዝጥርንፍ ኰይኑ፣ ብዛዕባ ኣምላኽ ክህልወና ዝግባእ ኣፍልጦ፣ ብንጹር ኣቕሚጡልና ኣሎ። ነስተውዕል'ሞ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝህልወና ርድኢት፣ ዘይተነጸረ ደብዛዝ እንተድኣ ኾይኑ፣ ኩሉ ህይወትና ዝጸልመተ እዩ ዝኸውን። ልክዕ ከምቲ ሓደ ረሳሕ ወይ ሰባር ናይ ዓይኒ መነጽር ዝህበና ትርኢት። እምበኣርከስ ከምቲ ኣብቲ ዝቐደመ ምዕራፍ ዝበልናዮ፣ ሓደ ኣምላኽ ብጀካኡ ካልእ ዘየልቦ፣ ንዕኡ ጥራይ ክንሰግደሉን ሰሙ ክንጽውዕን፣ ቦታኡ ድማ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ መላእኽቲ ይኹኑ ቅዱሳን፣ ወይ ከኣ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ወይ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ ሰባት ይኹኑ ኣኽራን ወይ ወሓይዝ ወይ ኣግራብ ወይ እንስሳታት ወይ ብኢድ ሰብ እተሰርሑ ምስልታት ወይ ጣኦታት ክትካእ ከምዘይብሉ፣ ሰሙ ብምቅላል ኰነ ብምስክርነት ሓሶት ከይነልዕል፣ ጊዜ ክንህቦን ክንዝክሮን ምስኡ ክንራኸብ ክንደልን ክንደልዮን፣ ዝገልጽ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ዝህልወና ዝኾነ ይኹን ርድኢት፣ ብሞራል ኣዝዩ ዝተበላሸወ ህይወት ዘኸትል ምኳኑ፣ ኣብ ብዙሓት ህዝብታት ዓለም ተኸሲቱ ዝነበረን ዘሎን ተርእዮ እዩ። ንምሳሌ ኣብ እምነት ቡዲዝም ዝዝውተረሉ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ከም እኒ ታይላንድ ዘሎ ኣዝዩ ውዱቕ ሞራል፣ ሓደ ኣብነት እዩ።

እቲ ካልኣይ ክፍሊ፣ ነቲ ሓምሻይ ትእዛዝ ጥራይ ዝሓዘ ኾይኑ፣ ንወለድን ንዓበይትን ንኣረጋውያንን ዝግባእ ክብርን ሓልዮትን ዘየርኢ ማሕበረ-ሰብ፣ መርገም ኣብ ልዕሊኡ ከም ዝኸውን የመልክት። ኣብ ባህልና፣ መርገም ወላዲ እንተ ዘይቐተለስ የዕኒ፣ ይበሃል። እዚ ኸኣ ሰቕ ኢልካ ዝተመሰለ ዘይኮነስ ሓቅነት ስለ ዘለዎ እዩ። እቲ መጽሓፍ'ውን ይብል፣' ኣብ ቅድሚ ሽያብ ተንስእ፣ ንገጽ ኣረጋዊ ድማ ኣኽብር ...'። [7]

እቲ ሳልሳይ ክፍሊ ኸኣ፣ ነተን ዝተረፋ ሓሙሽተ ትእዛዛት ዝጥርንፍ ኰይኑ፣ ኩለን ከኣ ንብጻይ ወይ ንጐረቤት ዝምልከታ እየን። ኣዝየን ኣገደስቲ ስለ ዝኾና ኸኣ በብሓደ ክንርእየን ኢና።

ሓምሻይ ትእዛዝ - ኣይትቕተል(murder)

ኣብ ገጽ ዓለምና ካብቲ ቃየል ንሓዉ ኣቤል ዝቐተለሉ ግዜ ጀሚሩ ክንደይ ሰብ ኰን ብኢድ ካልእ ሰብ ጠፊኡ ኣሎ? እዚ ኣይትቕተል ዝብል ቃል ነቲ ብድንገት፣ ወይ ብትእዛዝ መንግስቲ ወይ ሕጊ፣ ወይ ከኣ ኣብ ዓውዲ ውግእ፣ ዝሓልፍ ትንፋስ ዘመልክት ዘይኰነስ፣ ነቲ ሕጊ ጥሒሱ፣ ብፍላጥ ኰነ ኢሉ ተጸናትዩ፣ ህይወት ብጸዩ ዘሕልፍ ዘመልክት እዩ። ብመሰረት ቃል ኣምላኽ፣ ክቐትል ዝኽእልን ዝግብኦን፣ እቲ ኣይትቕተል ዝበለን፣ ንኹሉ ትንፋስ ዝሃበን ሓደ ኣምላኽ ወይ ከኣ ንሱ ስልጣን ዝሃቦ ኣካል ጥራይ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ግን፣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ብዓመጽ ዝቐትል ውጉዝን፣ ኢሰብኣዊን ኣራዊታዊን እዩ፣ ዘኾንን ገበን ከኣ እዩ። ኣብ ታሪኽ ዓለም እንተረኣና ግን፣ ብዙሓት ብስም ኣምላኽን ፖለቲካዊ ፍልልያትን ተለዓዒሎም፣ ንቑጽሪ ዘይብሎም ካብኦም ብኣተሓሳስባ ወይ ብእምነት ዝፍለዩ፣ ንርእሶም ክኸላኸሉ ዘይክእሉ ንጹሃት ብምቕታል ደሞም ከም ውሕጅ ክፈስስ ከምዝገበሩ ይፍለጥ። ንስርቂ ኢሎም፣ ብቕንኢ ተለዓዒሎም ወይ ብኻልእ ሓላፊ ጥቕሚ፣ ህይወት ዘጥፍኡ ኸኣ ማእለያ የብሎምን። ግን እቲ ኣምላኻዊ ሕጊ ዘይንቕነቕ እዩ፣ 'እቲ ደም ሰብ ዘፍሰስ፣ ደሙ ብሰብ ክፈስስ እዩ'[8]። እንተዘይፈሰሰ ኸኣ፣ ኣብ ኢድ እቲ ጻድቕ ኣምላኽ ንፍርዲ ምቕራቡ ኣይተርፍን እዩ። ኣይትቕተል!

ሻድሻይ ትእዛዝ - ኣይትዘሙ/ኣይትመንዝር

ምናልባሽ ካብ ምሕሳውን ምስራቕን ቀጺሉ፣ እዛ ትእዛዝ እዚኣ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘበን ብደቂ ሰባት እታ ዝያዳ እተጋህሰት ትእዛዝ ክይኰነት ኣይትተርፍን። ነውርነቱ ኸኣ እናፈኾሰ መጺኡ። ሰባት ምናልባሽ ሓንቲ ሰበይቲ ጥራይ ምእታውዶ ወይስ ኣርባዕተ ኣብ ዝብል ክፈላለዩ ይከኣል ይኸውን (ግን ንዘክር እቲ ዝፈጠረ፣ ንሓደ ሓንቲ እዩ ፈጢሩ)። ግን ንዘየእተኻያ ጓል ኣንስተይቲ፣ ጓል ትኹን ሰበይቲ፣ ብፍቓዳ ይኹን ወይስ ምእንቲ ጥቕሚ ወሲድካ ምግሳስ፣ ኣብ ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ውጉዝን ዘይሕጋዊን እዩ። ስለ ኻብ ምንዝርና ምርሓቕ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ገዛእ ሰበይቱ ክትህልዎ እዩ ዝግባእ፣ ሰበይቲ ድማ ከምኡ። እቲ ናብዚ ዘይበጽሐ ኸኣ ክሳዕ ጊዜኡ ይጸበ፣ ትጸበ። ነስተውዕል እቲ ተግባር፣ ኣንጻር ሕልናን ርትዕን (reason) ብጻይን ሕብረተ ሰብን እዩ። ብጻይ ክንብል ከሎና፣ እቲ እንብለጸሉ ዘሎና መጻምድቲ፣ ሕጂ ዘሎ(ኣብ ሓዳር



እንተድኣ ኣሊና) ወይ ደሓር ዝመጽእ ማለት እዩ፣ ናቱ ወይ ንዕኡ ጥራሕ ዝተባህለ ኣብ መንጐ ኣቲና ንዕምጽ።

ምናልባሽ ገለ ሰባት፣ ንጾታዊ ርክብ፣ ከም ክዕገት ዘይክእል ስነ-ህይወታዊ ግዴታ (biological necessity) ገይሮም ዝወሰድዎ ኣለዉ፣ ንኣብነት ከም መሰረታውያን ድሌታት ናይ ምብላዕን ምስታይን ምትንፋስን። ግን እዚ ኣተሓሳስባ ግጉይ እዩ። ምኽንያቱ ብዘይ ጾታዊ ርክብ ዝነብሩ ሰባት መሊኦም ኣለዉ። ስለዚ እቲ ተግባር ድፍኢት(drive) ደኣ እምበር መሰረታዊ ድሌት(need) ኣይኰነን። ግድን ክማላእ ዘለዎ ድሌት እዩ እንተተባህለ'ውን፣ ከም ሰብ፣ ምስ መንን መኣስን ኣበይን ዝብሉ ሕቶታት ክምለሱ ኣለዎም። እንተዘይኰነ ናብ እንስሳነት ወሪድና ኣሎና ማለት እዩ። ሰብ ጠምየ ኢሉ ናይ ዝረኸበ እንተበልዔ ወይ እንተሰረቐ፣ ዋና ወይ ሕጊ ዘይመሰረታዊ ድሌቱ እዩ ኣማሊኡ ኢሉ፣ ብነጻ ዝለቖ ዋላ ሓደ የለን። መፍረሲ ተባሂሉ እዩ ዝሕተት። እምበኣር ቅድሚ መርዓ ይኹን(fornication) ኣብ ልዕሊ ሓዳር(adultery) ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ፣ ምፍራስ ሕጊ እዩ። እቲ ቃል ከኣ፣ 'ኣምላኽ ንዘመውትን ንኣመንዝራታትን ክፈርዶም እዩ፡'[9] እዩ ዝብል። ስለዚ ኣይትዘሙ! ኣይትመንዝር!

ሻብዓይ ትእዛዝ - ኣይትስረቕ

ክንደይ ኰን ካብቲ ኣጥሪናዮ እንብሎ፣ ብረሃጽ ገጽናን ብሕጋዊ መገድን ዝመጸ ይኸውን! ናይ ብዙሓት ሃብቲ ግን፣ ሓደ እዋን ካብ ውልቀ-ሰባት ወይ ካብ ትካላት ወይ ከኣ ካብ መንግስቲ (ህዝቢ)፣ ካብ ዝተሰርቀ እተመስረተ እዩ። ብዛዕባ ስርቂ ኸኣ፣ ብዙሕ ግጉይ ርድኢታትን ኣበሃህላታትን ኣሎ። ንኣብነት

- ንመንግስትን ንሃብታምን ምስራቕ፣ ስርቂ ኣይኰነን
- ኩሉ እንድዩ ዝገብሮ
- ምስራቕሲ ስረቕ፣ ሓንትስ ክይትርከብ ወይ ክይትተሓዝ ደኣ ተጠንቐቕ
- ምልዓል ደኣሉ'ምበር ስርቂ ኣይኰነን
- ስርቂ ንዓበይቲ ነገራት እምበር፣ ንቐንጠ መንጢ ስርቂ ኣይበሃልን፣ ዝብል እዩ።

ስርቂ ብዙሕ መዳያት እዩ ዘለዎ። ጉቦ ምሃብን ምቕባልን፣ ጉልበት ሰብ ምምዝማዝ፣ ዘይሰራሕካሉ ደሞዝ ምብላዕ። ስርቂ ንገንዘብን ንንብረትን ጥራይ ኣይኰነን፣ ንጊዜ ድማ እምበር። ሓደ ነገር ነስተውዕል። ባዕልና

ደኺምና ርሂጽና ዘጥረናዮ ጥራይ እዩ ሓሳልን ዝተባረኸን ዝኾነልና፣ ንደቅና'ውን ነባሪ ውርሻ ዝኸውን። ካብዚ ወጻኢ ዘምጻእናዮ ግን ንቑሩብ እዋን እኳ ዘሐጉሰና እንተመሰለ ጸኒሑስ ለካሚና እዩ ዝኸውን። ፍርዲ ኸኣ ኩሉ ሳዕ ኣብ ልዕሌና ምስ ኣንጸላለወ እዩ። ኣይትስረቕ!

## ታሽዓይ ትእዛዝ - ብሓሶት ኣይትመስክር

ምሕሳው ዘነውር ክነሱ፣ ብዙሓት ሰባት ከም ቀሊል ነገር ገይሮም ስለ ዝርእይዎ፣ ብተደጋጋሚ ክዘውትርዎ ይረኣዩ እዮም። ከም ስርቂ፣ ሓሶት ቀልጢፉ እዩ ልማድ ዝኸውን። ሕጊ ንምጥሓስ፣ ዘይግቡእ ጥቕሚ ንምርካብ፣ ብምኽንያት ሕማቕ ጉርሕን ካልእን፣ ብፍላይ ከኣ ንብጻይ ክተጥፍእ ተባሂሉ ሓሳዊት ልሳን፣ ዘይኮነ ከምዝኾነ፣ ዘይተገብረ ከም ዝተገብረ፣ ገይራ እናቕረበት፣ ንእሽቶይ ቊልዒ ናብ ብርቱዕ ባርዕ ክትቅይር ትውዕል ኣላ። ብሰንካ ኸኣ፣ ብዙሓት ንጹሃት ተሳቒዮምን ወዲቖምን፣ ብዘይ ኣገባብ ተረቲዖምን ጠፊኦምን እዮም። ክንሕሱ ከሎና ግዛእ ርእስና ወይ መንነትና ኢና ንኽሕድ ዘሎና። ንጊዜኡ ኸኣ ኢና እምበር፣ ደሓር እቲ ትኽክል ስእልና ዘሕፍር ኰይኑ ንኹሉ ክገሃድ እዩ። ነስተውዕል፣ ዝሕሱ እቲ ፈራህ እቲ ስሑዕ እቲ ተበላጺን እዩ። እዚኦም ከኣ ኣብ ሕብረተ-ሰብ እቶም ዝያዳ ዘነውሩ ባህርያት እዮም። ክንደይ ኰን ኢና ዕድመና ኣታዊታትና መንነትና ትውልድና ብሓሶት ኣቕሪብና ዘሎና። ኣይትሓሱ!

## ዓስራይ ትእዛዝ - ኣይትተምነ

ቅዱስ መጽሓፍ ንጽቡቕ ምቕናእ ጽቡቕ እዩ ይብል። ምትምናይ ወይ ምምናይ ግን ውጉዝ እዩ። ዳርጋ መበገሲ እቲ ዓበይቲ በደላት - ምቕታል ምምንዛር ምስራቕ፣ ከኣ እዩ። ዝትምነ ሰብ፣ ናቱ ዝኾነ ንብረት ይኹን ቤት ወይስ ሰበይቲ ኣብ ክንዲ ክሀልዎ ዝጽዕር፣ ናይ ብጻዩ ዘበለ ክምንዝዕ ወይ ክሰርቕ ወይ ክራሲ ለይትን መዓልትን ተንኰል ዝፍሕስ ሰብ እዩ። ስለዚ ኸኣ ጽቡቕ ብጻዩ ባህ ኢልዎ ክርኢ ዘይደሊ፣ ሓደገኛን መንሽሮ ሕብረተ-ሰብን ዝኾነ እኩይ ሰብ እዩ። ናይ ኣስትሮፊዚክስ ተመራመርቲ፣ ኣብ ህዋ ንዝኾነ ብጥቓኡ ንዝሓልፍ ሰማያዊ ኣካል ኰኾብ ይኹን ካልእ፣ ግዙፍነቱ ብዘየገድስ፣ ብብርቱዕ ናይ ስሕበት ሓይሊ ዝውሕጥ፣ ክሳዕ ሕጂ ብትኽክል እንታይነቱ ዘይተረድኦም 'ጸሊም ነኳል' (Black Hole) ኢሎም ዝሰመይዎ ተርእዮ ከም ዘሎ ይዛረቡ። ዝትምነ ሰብ ከኣ ከምኡ ይኣኽለኒ ዘይብል፣ ኣፉ ዝኸፈተ ዘይጸግብ መቓብር እዩ።



እዘን ኩለን ብጻያዊ ትእዛዛት ኣብታ፣ 'ንብጻይካ ከም ርእስኻ ኣፍቅር'[10] ወይ ከኣ 'ከምቲ ሰብ ክገብረልኩም እትደልይዎ ዘበለ ኹሉ፣ ንስኻትኩም'ውን ከምኡ ግበሩሎም'[11] ትብል ወርቃዊት ሕጊ ዝጥርነፋ እየን። ናይ ቅኑዕ ናብራ(fair play) መምርሒታት ከኣ እየን።

ነዘን ትእዛዛት ከም ዝለዓለ ደረጃ ሞራል ጌርና ንርእየን እንተድኣ ኣሊና ተጋጊና። ካብኡ ዝለዓለ ኣሎ። እዚ ኸኣ ሕጊ ናይ ፍቕሪ እዩ። መግለጺኡ ኸኣ እነሆ፣

> 'ፍቕሪ ዓቃል እያ፣ ፍቕሪ ለዋህ እያ፣ ፍቕሪ ኣይትቐንእን፣ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን ኣይትንፋሕን ኣይተስተሓፍርን (ኣይተዋርድን)፣ (ጥቕሚ)ናታ ኣይትደልን ኣይትምረርን ኣይትቕየምን እያ፣ ብሓቂ ትሕጐስ እምበር ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። ኩሉ ትጸውር፣ ኩሉ ትኣምን፣ ኩሉ ተስፉ ትገብር፣ ኩሉ ትዕገስ።'
>
> ቅዱስ ጳውሎስ [12]

ብልጫ ናይ መገዲ ፍቕሪ ክንርኢ፣ ሓደ ነገር ክንግንዘብ የድሊ። ማለት ኣብ ሕጊ ወይ ኣብተን ዝረኣናየን ትእዛዛት፣ ብተግባር ክሳዕ ዘየፍረስና፣ ንጹሃት ኢና። ደሓን ኢና። ማለት ንሰብ ዋላ እኳ እንተ ዘይቀተልካዮ ብውሽጥኻ ክትጸልእ፣ ክትረግሞ ሰንኻ ክትሕርቕመሉ፣ ንሰበይቲ ብሓሳብካ ምስኣ ክትድቅስ፣ ዝከኣል እዩ። ገና ኣይፈጸምካዮን፣ ንኽትፍጽሞ ኢልካ 'ውን ግብራዊ ፈተነ ኣየካየድካን። ስለዚ እቲ ሕጊ መፍረሲ ገይሩ ክቕርበካ ክኸሰካ ወይ ክፈርደካ ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ ዳሕራይ ናይ ፍቅሪ ሕጊ ግን፣ ምሕሳብ ከም ምግባር፣ ምስልሳል ከም ምፍጻም እዩ ዝውሰድ። ስለዚ ኣዝዩ ልዑልን መዘና ዘይብሉን እዩ። ንጸላኢኻ ክትፈቱ፣ ንዝረግሙኻ ክትምርቕ፣ ንዝበደሉኻ ክትሓድግ፣ ዝሓትት እዩ። ነዝስ መን ይኽእሎ? ተፈጥሮኻ ክልወጥ ኣለዎ ትብል ትህሉ። ቅኑዕ ኣሎኻ፣ ከይተለወጥካ ዝከኣል ኣይኮነን።

ናብተን ዓሰርተ ንመለስ። ካብ ዓሰርተ ክንደይ ረኺብካ። ባዶ፣ ሓደ፣... ትሽዓተ። ኣብ ሕጊ እንተድኣ ምሉእ ነጥቢ ዘየምጺኣካ ማለት ዓሰርተ ካብ ዓሰርተ ወይ ብምልኡ ሕጊ ናይታ ሃገር እንተዘየኽበርካ ኣብ ሓንቲ ምፍራስ፣ መፍረስ ሕጊ ተባሂልካ ኢኻ ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ትቐርብ። ናይ ሕጊ ሕማቕ ነገር እምበኣር ኣብዚ እነሄ። ሕጊ ትራፊክ ምሉእ ዕድሜኻ ሓሊኻ፣ ግናኸ ሐደ መዓልቲ ቀይሕ መብራህቲ ክትጥሕስ እንተ ተታሒዝካ ብዘይ ምሕረት ኢኻ መፍረሲ ተባሂልካ ኣብ መንበር እትቐርብ። እቲ ሕጊ እኳ ጽቡቕን ቅኑዕን ምኳኑ ኩላትና እንምስክሮ እዩ። እሞ ኣበይ ደኣ እዩ ዘሎ እቲ ሽግር? ኣባይ፣ ኣባኻ፣ ኣባና።

# ካልኣይ ክፍሊ፣

# ሞራል ኣብ ስድራቤትን ማሕበረ-ሰብን

# 5ይ. ወዮ እቲ ሓዳርና

> እምበኣርሲ መንፈስኩም ሓልዉ፣ ነታ ሰበይቲ ንእስነቱ
> ኸኣ ሓደ እኳ ኣይጥለም፣ ምፍታሕ ... እጸልእ ኣሎኹ፣
> ይብል እግዚኣብሄር። [13]

> ምንጭኻ ይባረኽ፣ በታ ሰበይቲ ንእስነትካ ባህ ይበልካ።
> ፍትውቲ ዋላ፣ ጽብቕቲ ሚዳቑ ትኹነልካ፣ እቲ ኣጥባታ ኩሉ
> ጊዜ የዕግብካ፣ ብፍቕራውን ወርትግ ተመሰጥ። ኢታ ወደይ
> ስለምንታይ ጓና ሰበይቲ እተፍቅር፣ ሰበይተ እግትካስ
> እትሓቍፍ? [14]

ሓዳርካ/ኪ ከመይ ኣሎ? ካብ 100 ክንደይ ነጥቢ ምሃብካ/ክዮ?

| | |
|---|---|
| 76 - 100 | ሕጉስ |
| 51 - 75 | ደሓን፣ ግን ብተደጋጋሚ ዝቕልቐሉ ሽግራት ኣለዉ. |
| 26 - 50 | ሕማቕ፣ ምርድዳእ ኣይተኻእለን |
| 0 - 25 | ምፍታሕ፣ እታ እንኮ ፍታሕ |

እስኪ ገለ ኣሃዛት ክንርኢ፣
- ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ካብ ዝግበር መውስቦታት 60% ብፍትሕ ይብተን።
- ኣብ ምብራቕ ጀርመን ነበር ኣብ ሰማንያታት ልዕሊ 75% ነይሩ።
- ኣብ ሃገር ሽወደን ከባቢ 40% ኣሎ።

ኣብ ሃገርና'ኸ ክንደይ ሚእታዊት ኰን በጺሑ ይኸውን?

ሃብታማት ይፋትሑ፣ ድኻታት'ውን። ምሁራት ከምኡ ድማ ዘይተማህሩ። ዓበይትን ፍሉጣትን ዝበሃሉ፣ ከምኡ ድማ ለጠቕ ዝበሉን ተራ ሰባትን። ንኣብነት፣ ሓዳር ሰለስቲኦም ደቂ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ናይ ዓዲ እንግሊዝ፣ ልዑል ቻርለስን ልዑል ኣንድሩን ልዕልት ኣንን ተበቲኑ እዩ። ናይ ሆሊውድ ናይ ፊልም ተዋሳእቲ ሚልዮኔራት ክነሶም ዳርጋ ኹሎም ሓዳር ብምብታን ፍሉጣት እዮም። ሰብ ንኽዳኑ ከም ዝልውጥ፣ ከምኡ መጻምድቲ ኣንስትን ሰብኡትን ይልወጡ ኣለዉ። እንታይ እዩ ወሪዱና። ሎሚ ኣብ ዓለምና፣ ካብ ካልእ ጊዜ ንላዕሊ፣ ሓዳር ክፈርስን ኪዳን ክጥለምን ይርኤ ኣሎ። ዘበናዊ ሰብ ሓዳሩ ክይጸንዕ ገይርዎ ዘሎ እንታይ ኮን ይኸውን? ካብ ህዋ ብዘይረኣዩ፣ ንሓዳር ፋሕ ብትን ዘእትዉ፣ ረቛቕቲ መናፍስቲ ዓለም ዝተወረረት እያ ትመስል ዘላ። ቅልጥፍ ኢሎም ናብ



ኣእምሮ ካብ ዝመጹ፣ ኣውራ ምኽንያታት ፍትሕ፣ እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ።

- ምንዝርና ወይ እሙን ዘይምኻን (infidelity)
- ንመርዓ ብዘይ ኪዳን ወይ መብጽዓ ምእታው፣ ኣብ ሳንኩፍን ተለዋዋጢን መሰረት ክኣ ሓዳርካ ምትካል፣ ከም ኣብነት መልክዕ ሃብቲ
- ግጭትን ምትህልላኽን፣ ካብ ዘይምርድዳእ፣ ካብ ኣተሓሕዛ ገንዘብን ቤትን፣ ካብ ሕቶ መሪሕነትን ዝተላዕለ

እስኪ ብዛዕባ ኣቃውማን ኣገዳስነትን መርዓ ሒደት ነጥብታት ክንርኢ። መርዓ ብመሰረቱ ምህዞ ደቂ ሰባት ኣይኮነን። የግዳስ ምህዞ ናይቲ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ዝፈጠረ ኣምላኽ እምበር። ስለዚ ኣብ ሓዳር ክንኣቱ ከሎና፣ ሓዳርና ጽቡቕ ምእንቲ ክኾነልና፣ እቲ ንዕኡ ዝሰርዓልና ዝሀበና መምርሒታት፣ ብምስትውዓል ክነድህበሉ ግድን እዩ። እንተዘይኮነ ከምቲ ናይ 120 ቮልት ኣቕሓ ኣብ 220 ኣእቲና ካብ ጥቕሚ ወጻኢ እንገብሮ፣ እቲ ሓዳር ከምኡ ክኸውን እዩ። እምበኣርከስ ቅዋም መርዓ፣ እቲ መሃዚኡ ከም ዝሃበና ብሕጽር ዝበለ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

### ቅዋም መርዓ

ሓጺር መእተዊ፣ መርዓ ኣብ መንጎ ክልተ፣ ተጻይ ጾታ ዘለዎም እኹላት፣ ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር፣ ዝግበር ናይ ዕድመ ልክዕ ኣብ ፍቕርን ፍቓድን ዝተመርኮሰ ኪዳን ወይ ውዕል ኮይኑ፣ ብነፍስን ብስጋን ሓደ ዝገብርን ዘጣምርን እዩ።

ዓንቀጽ ሓደ፣ መርዓ ሞት እንተዘይፈልይዎ ንሓዋሩ እዩ። ፍትሕ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ኣይፍቐድን እዩ።

ዓንቀጽ ክልተ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብቲ ሓዳር ማዕረ መሰል ዘለዎም ኣባላት እዮም።

ዓንቀጽ ሰለስተ፣ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከም ነፍሱ ከም ስጋኡ ገይሩ የፍቅራ፣ ሰበይቲ ኸኣ ንሰብኣያ ትተኣዘዞ።

ዓንቀጽ ኣርባዕተ፣ ርእሲ ወይ መራሒ ቤት፣ ሰብኣይ እዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘሎ መእተዊን ዓንቀጻትን፣ ዘኽትልዎም ሒደት ዘይኩኑ ቅጽበታዊ ሳዕቤናት ኣለዉ። ንምሳሌ፣ ኣብ መንጐ ክልተ ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም ግብረ ሰዶማውያን ሰባት ዝግበር መውስቦ (ክምቲ ኣብ ወጻኢ ሃገራት እናተራእየ ዝኸይድ ዘሎ)፣ ወይ ከኣ ዕላዊ ዘኾነ ኪዳን ዘይብሉ ምትእኽኻብ፣ መርዓ ክም ዘይኮነ፣ ኪዳን መርዓ ብሞት ሓደ ክምዝፈርስ እቲ ብህይወት ዘሎ ኸኣ እንተደልዩ መሊሱ ክምርዖ ሓራ ምዃኑ፣ ዝሙት ንፍትሕ ብቑዕ ምኽንያት ክምዝኾነ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ምንም እኳ ብሰብኣዊ ክብሮምን መሰሎምን ማዕረ እንተኾኑ ብተግባር (function or role) ክምዝፈላለዩ፣ ዝብሉ እዮም። እዚ ተግባር ተባሂሉ ዘሎ፣ ብስራሕ ብሞያ ወይ ብኽእለት ዘይኮነ ብፍላይ ብናይ ቤት ምምሕዳርን ኣመራርሓን እዩ። ምኽንያቱ፣ ወዲ ተባዕታይ ዝገብሮ ጓል ኣንስተይቲ'ውን ክትገብሮ ብግብሪ ይምስከር ስለዘሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ፣ ካብዘን ኣርባዕተ ዓንቀጻት፣ እታ ራብዓይቲ፣ ኣዝያ ኣከራኻሪትን መባእሲትን ኰይና ክምዘላ ዘይስሓት እዩ። ምዕራባዊ ሰብኣዊ ኣተሓሳስባ፣ ነቲ ናይ ቤት ምምራሕ ሕቶ፣ ብ'ዲሞክራስያዊ' ናይ 50-50 ማዕርነታዊ ምምቕራሕ ገይሩ ፈቲሕዎ ክነሱ፣ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዝጻረር ስለ ዝኾነ፣ ክምዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኤናዮ ኣሃዛት ውጽኢቱ ኣይጸበቐን። ስድራ ቤታቶም ከኣ ብብዝሒ ይበታተና ኣለዋ። ስለዚ፣ ነቲ ኣምላኽ ዝሰርዖ፣ ኣጸቢቕና ክንስተውዕሎ ዝግባእ እዩ። ምኽንያቱ፣ ንሱ እዩ እቲ ዝሰርሓናን እቲ ዝፈልጠናን። እዚ ኣርእስቲ ብሰፊሑ ኣብ መወዳእታ ክንምለሶ ኢና።

ቕድሚ ምቕጻልና ግን፣ እስኪ ብዛዕባ እንታይነት ኪዳን መርዓ፣ ቅሩብ ክንዛረብ። ኪዳን ማለት፣ 'ብሓጐስ ኰነ ብሓዘን፣ ብራህዋ ኰነ ብሸግር፣ ብጥዕና ኰነ ብሕማም፣ ክሳዕ ሞት ዝፈልየና (until death do us part) ኣነ ንዓኺ/ንዓኻ ጥራይ ክፍቕር፣ ምሳኺ/ምሳኻ ጥራይ ክነብር' ኢልካ ካብ ልብኻ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰባትን፣ ንመጻምድትኻ መብጽዓ ምእታው ማለት እዩ። ኪዳን ምእታው ማለት ብሓጺሩ፣ መምለሲ ዘይብልካ ኹሉ ድንድላትካ ምፍራስ ማለት እዩ። ኪዳን ማለት፣ ሓንሳእ ንሓዋሩ፣ መሊስካ ዳግመ ግምት ዘይግበሮ፣ ውሳነ ምውሳን ማለት እዩ። ኪዳን ማለት ንየማን ጸጋም ንድሕሪት ዘይብላ፣ ንቕድሚት ጥራይ ምርኣይ ማለት እዩ። ስለዚ ኪዳን ምእታው ናይ ህይወት ዝዓበየን ዝኸበደን ውሳነ እዩ። ምናልባሽ በእምሮና፣ ሓደ ብትኽክል ዝሓስብ ሰብ፣ ከመይ ገይሩ ንኻልእ ሰብ ብዘይ ቕድመ ኹነት እሞ ኸኣ ክሳዕ ሞት ርእሱ ክውፍየሉን፣ ኪዳን ክኣትወሉን ይኽእል፣ ኢልና ንሓስብ ንህሉ። ግን እቲ ዘገርም ነገር፣ ሰባት ብፍቕሪ ምስ ተታሕዙ(ምስቲ እተፍቅሮ ኸኣ ንሓዋሩ ክትነብር ኢኻ እትደሊ) ነዚ ኣንጻር ርትዒ ዝመስል፣ ዘዕግብ ኣእምሮኣዊ መግለጺ እኳ ዘይርከቦ 'የፍቅረካ/ኪ ኣሎኹ፣ ሕጅን ንሓዋሩን' ዝብል ኪዳን ይኣትዉን



ይገብርዎን እዮም። ሕጂ ደኣ እንድዕሉ እምበር ኣብ ዝበዝሑ ከኣ ክሳዕ መወዳእታ ጸኒዑ እዩ፣ ይጸንዕ ከኣ ኣሎ።

እምበኣር ኪዳን ክምዚ ካብ ኰነ፣ ነቲ ኪዳን እንኣትወሉ ሰብ ከመይ ብጥንቃቐ ክንፈልጦን ክንቐርቦን ዘይግብኣና። መርዓ ብታህዋኽ ክንገብሮ ፈጺሙ ዘይግብኣና ኸኣ ስለዚ እዩ። ግን ኣብ ተመኵሮን ብፍላይ ከኣ ኣብ ባህልናን እንተርኣና፣ መብዛሕትኡ ሰብ ዳርጋ ንዘይፈልጦ ጋሻ ሰብ እዩ ዝምርዖ። ርግጽ እዩ፣ ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ብዛዕባ እቲ ንደልዮ ሰብ ንሓትት ኢና። ሒደት ሰባት እዮም፣ ምስ መተዓብይቶምን ጐረባብቶምን ብቐረባ ዝፈልጥዎ ሰብ ዝተኣታተዉ። ግን ኣብዚ ኩሉ እቲ ዋና ዘገድስ፣ ናይ ፍቕሪ ምህላውን ዘይምህላውን እዩ። ሓዳር ብዘይ ፍቕሪ ክጅመር ኣይክእልን እዩ እኳ እንተዘይበልና፣ ብዘይ ፍቕሪ ክቕጽልን ክጸንዕን ግን ኣይክእልን እዩ።

ንምኻኑ ግን ፍቕሪ እንታይ እዩ ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ክሉዕል ዝግባእ እዩ። ፍቕሪ ስምዒት ድዩ? ጾታዊ ርክብ? ግዳማዊ ትርኢት? ጠባይ? ትምህርቲ? ትውልዲ ዓሌት ሃይማኖት? ሃብትን ገንዘብን? ፍቕሪ እንታይ እዩ? እቲ ጽገም ናይ ፍቕሪ፣ ኣብ ውሽጢ ባህርይ ኩሉ ሰብ ዘሎ ክነሱ እዚ እዩ ኢልካ ብቓላት ንምግላጹ ዘሸግር እዩ። ኣዝዩ ረቂቕ እዩ። ዋና ተግባራት ፍቕሪ ግን ነዚ ይመስል፣

- ፍቕሪ ምሃብን ምቕባልን ኣለዎ፣ ዝያዳ ግን ብምሃብን ብምውፋይን ብምግልጋልን ንብጻይ ከሔጉስ ይጽዕት
- ፍቕሪ ንብጻይ፣ ብኹለንትናኡ ከም ዘለዎ ይቕበሎ ይፈትዎ
- ፍቕሪ መሳጢን ትኽትንፋሳዊን ስምዒት ኣለዎ
- ፍቕሪ ብባህርዩ ዘማቕል እዩ

ብመሰረቱ ግን ፍቕሪ ውሳነ እዩ። ሓንሳእ ተረዲኡካ 'ክፍቕር እየ' ኢልካ እትውስኖ ውሳነ እዩ። ርግጽ እዩ ስምዒታት ፍቕሪ፣ ምስ ግዳማዊ ኹነታትን ትርኢታትን ይለዋወጡ እዮም። ፍቕሪ ክብን ለጠቕን ይብል እዩ። እቲ ኣብ ልቢ ዘሎ ውሳነ ግን፣ ድሌት እንተሎ፣ ኩሉ ሳዕ ዘይንቕነቕ ኰይኑ ኣብ ስፍርኡ እዩ። ንሱ ኸኣ እዩ እቲ ኪዳን እንብሎ። ፍቕርን ኪዳንን ኣብ ሓዳር ንሓድሕዶም ዝደጋገፉ ክልተ ዓበይቲ ረቛሒታት እዮም። ፍቕሪ ዝዘሓለ ክመስል ከሎ፣ ኮፍ ኢልካ ነቲ ዝኣተኻዮ ኪዳን ምዝካር ይግባእ። ሽዑ እቲ ፍቕሪ ክም ብሓድሽ፣ ልክዕ ክምቲ ዕንጨይቲ ዝተወሰኾ ክቕህም ዝደለየ ሓዊ፣ መሊሱ ክጕህር እዩ። ፍቕሪ እናደንፍዔ እንተኸይዱ ኸኣ ኪዳን ከኣ እናጸንዔ ይኸይድ እዩ። ከም ኣብ ጥቓ ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም፣ ምውቕ ፍቕሪ ሓዳር ዝስስን፣ ኣብ ኪዳን ምስ ዝትክል ጥራይ እዩ።

ስድራ ቤት፣ እቲ ዝንኣሰ ኣሃዱ፣ ማሕበረ ሰብን ህዝብን ከም ምኳኑ መጠን፣ ጥዕንኡ ዝተረጋገጸ ክኸውን ብኹሉ ዝምልከቶ ዓቢ ጥንቃቐ ክግበረሉ የድሊ። ስድራ ቤት፣ ህጻናት መንፈሳዊን ስጋዊን ድልየቶም ተማሊኡ ዝዓብዩሉ፣ ናይ ጽባሕ ሃገር ብቑዓት ተረከብትን መራሕትን ንክኾኑ፣ ዝዕለሙሉ ባህርያዊ ስፍራ ኸኣ እዩ። ኣብዚ፣ ግቡእ ዝዝንግዕ ህዝቢ፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ማሕበረ ሰባዊ ኣፉትሉ(social fabric) ዝተበጣጠሰ ይኸውን። ኣብ ክንዲ ሕግን ስርዓትን ዝሕልዉ ኣፍረይትን ቅኑዓትን ዜጋታት ከኣ፣ ዓዲ ብሰረቕትን ዘረፍትን ዓዋሉ ተመሊኣ፣ ከምቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርኤ ዘሎ ምስ ኮነ፣ ዓሰቢ ሸለልትነቱ ብጓሂ ክዓጽድ እዩ። ግን እንተ ድኣ ኩሉ ተሓባቢሩ፣ ግግቡኡ ኸኣ ገይሩ፣ ተስፋ ኣሎ። ኣብታ መሰረታዊት ኣሃዱ ማለት ቤተ ሰብ ክንጅምር ከኣ ክንስተብህል ኣሎና። ኣብ ስድራ ቤት እንተ ፈሺልና ወይለና፣ ኣብኡ እንተ ተዓዊትና ኸኣ፣ ኣየ ጸጋ።

ካብዚ ቀጺልና እምበኣር፣ ንሓዳር ካብ ዘናውጹ ጠንቅታት፣ ብንድፋዊ ኣቀራርባ ሓደ ብሓደ ሓቢርና ክንርኢ ኢና። እቶም ዝእመሙ ፍታሓት ከኣ ሰዒቦም ቀሪቦም ኣለዉ።

1. ገንዘብ

- ኣታዊታትና ዘይምፍላጥ ወይ ዘይምቕራብ
- ንብረትና ኣብ ትሕቲ ናይ ሓባር ዋንነት ዘይምግባር
- ንብረት ክንሸይጥ ክንልውጥ ከሎና ሓቢርካ ዘይምዝታይ
- ክንህብ ክነማቕል ክነውጽእ ከሎና ከየፍለጥና ብኢደ ወነንና ምግባር
- ባጀት ዘይምንዳፍ
- ምሕሻሽ (ሰብኣይ- መስተ፣ ሰበይቲ- ስልማት ክዳውንቲ)
- ክብሪ ናብራ ዘይምፍላጥ፣ ሓቢርካ ዘይምሽማት
- ከየፍለጥካ ከይተሰማማዕካ ምልቓሕ
- ምምሕዳር ገንዘብ ናብ ሓደ ኣካል ጥራሕ ምሕዳግ

ፍታሓት - ኣታዊታትና ብምልኡ ነፍልጥ፣ ናብ ሓደ ነምጽኦ
- መደብ ባጀት ሓቢርና ነውጽእ፣ ቀለብ፣ ክራይ ገዛ፣ ዋጋ ማይ መብራህቲ ነዳዲ፣ ክዳውንቲ፣ ናይ ጁባ፣ ተጠራቓሚ፣ ወዘተ
- እቲ ዝያዳ ገንዘብ ኣመሓዲሩ ዝኽእል መጸምዲ ተፈሊጡ ሓላፍነት ክስከም ምግባር
- ዝግበር ኩሉ፣ ምሃብ ምልቃሕ ምግዛእ ምሻጥ ምልዋጥ፣ ብፍላጥን ብስምምዕን ክልቴና ይኹን



2. ምብህሃል/ምዝርራብ (communication)

- ብዘይካ ተግባራዊ ዘረባ (functional talk) ብሉሩ ዘይምብህሃል ከም እኒ፣ ማይ ግዳ ኣሕጽብኒ ፣ ነዚ መኣዲ ኣልዕልዮ፣ ምብጻሕ ኣሎኒ፣ ገንዘብ ሃበኒ
- ግሁድነትን ግልጽነትን ዘይብሉ ምብህሃል
- ኣብ ልብኻ ዝዓቖርካዮ ከም ቂምታ ሒዝካ ምድርጓሕ
- ኩሉ ሳዕ ምንቃፍ፣ ብፍላይ ብሸነኽ ሰበይቲ (A man's wife is his number one critic.)
- ምውቃስ ምድሃል ምጽራፍ ምውቃዕ፣ ብፍላይ ብሸነኽ ሰብኣይ

ፍታሓት - ንምብህሃል ንምዕላል (ካብ ተግባራዊ ዘረባ ወጻኢ) ጊዜ ንፍለ
- ብግሁድን ብግሉጽን ንበሃሃል
- ቅር ዘበለና እንተሎ ከይደንጎና ነውጽኦ፣ ንረዳዳእ፣ ብይቕሬታ ይተዓጸ፣ ኣይዘከር ኣይደገም
- ብህዱእን ብለዋህን መንፈስ ንበሃሃል፣ ኣይንቆጣዕ፣ እንተ ዘይኮነ ኣይንዛረብ፣ መዓልቲ ንቐይር
- ምርቓን ናእዳን ጥዑም ዘረባን ኣብ ቦታኡን ጊዜኡን ኣጸቢቕና ነዘውትር፣ ንምሳሌ፣ እንቋዕ ደሓን መጻእካ፣ ብርኺቲ ኹኒ፣ ብደሓን እቶ፣ ጽቡቕ ምሳሕ ሰሪሕኪ፣ ዘሑጉስ ህያብ ኣምጺእካለይ የቐንየለይ

3. ጾታዊ ርክብ

- ምምንዛር፣ ንመጻምድትኻ ዘይእሙን ምኳን
- ንነዊሕ እዋን ብስጋ ዘይምርኻብ
- ምክልካእ፣ ምንፍፋግ
- ነቲ ተግባር ከም ኣጽዋር ጌርካ ምጥቃም፣ ሰብኣይ ንሰበይቱ ክሃስያ፣ ሰበይቲ ከኣ ድልየታ መርከቢ
- ጉዳይ ውላድ፣ ፈጺምካ ዘይምውላድ፣ መኻን ምኳን ብሰበይቲ ይኹን ብሰብኣይ፣ ክንደይ ንውለድ፣ መቆጻጸሪ ወሊድ ንጠቐምዶ ወይስ ኣይንጠቐም

ፍታሓት - ምስ መጻምድትኻ ዘሎካ ዝምድና ኩሉ ሳዕ ናይ ፍቕሪ ክኸውን ሓልዎ ኣማዕብሎ። ምስ ካልእ ዝህልወካ ምሕዝነት ደረት ከይሓልፍ ኣስተብህል፣ ካብ ሕማቕ ዓርክን መሓዛን ርሓቕ። ካብ መስተን

ምምሳይን ከኣ።

- ሰብኣይን ሰበይቱን ክልቲኦም ብዝወሰንዎ ስሩዕ (regular) ዝኾነ ጾታዊ ርክብ ከዘውትሩ ኣድላዪን ግቡእን እዩ።
- ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ምክልላእ ዓቢ በደል እዩ። ብሸነኽ ሰበይቲ ክህሉ ካብ ዝኽእል፡ ሰብኣይ'ውን ክርድኦ ዝግብኦ፡ ቅቡል ምኽንያታት፥ ሕማም ወርሓዊ ድኻም ቃንዛ ኣሎ። ግን ከውን ክኸውን ኣለዎ። ብዝተረፈ ብፍላይ ብወገን ኣንስቲ፥ ካብ ኵራን ህልኽን ተበጊስካ እምቢ ምባል ወይ ከኣ ከም ቅድመ ኵነት ጌርካ ምቕራብ፥ ነቲ ክቡርን ቅዱስን ኣምላኽ ዝፈጠሮ፥ ምርካስን ናብ ደረጃ ኣመንዝራነትን ዘውርድን ጥራይ ዘይኰነ፥ ንሰብኣይ ንኻልእ ሰበይቲ ክጥምት ምድፋእ እዩ። ሰብኡት ድማ፥ ሓደ ሓደ ጊዜ ኣይፋል ምስ ዝበሃሉ ዝርድኡን ርእሶም ዝገትኡን ክኾኑ፥ ነቲ ተግባር ከኣ ፈጺሞም ከም መህሰይን መቕጽዕን ገይሮም ከይጥቐምሉ፥ ክጥንቀቑ ይግባእ። ሰብኣይ ዘክር፥ ሰበይትኻ ኣካልካ እያ። ኵላትና ኸኣ ነዚ ሓቂ ህይወት እዚ ነስተብህል፡ ሓጐስና ዝበለጸ ዝኸውን ንመጻምድትና ድማ ከነሐጉስ ኢልና ምስ እንሓስብ ጥራይ እዩ።
- ኣድላይነት ንርእሰኻ ንጹህን ጨቑብን ተደላዪን ጌርካ ምቕራብ። ስነ-ልቦናውያን ከም ዝብልዎ፥ ሰብኡት ናብ ኣንስቲ ብቐዳምነት ዝሰሓቡ ብግዳማዊ ትርኢት (sight) እዩ፥ ማለት ብመልክዕ ብኣከዳድና ወዘተ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ እዚ ፈሊጣ፥ ንሰብኣያ ንጽህትን ተፈታዊትን ኰይና ክትቐርብን ርእሳ ክተልዕልን ኣጸቢቑ ዝግብኣ እዩ። ግን ኣንስቲ ኣስተውዕላ፡ ሰብኡት ኣብ ሓዳር ምስ ኣተዉ፥ ካብ ግዳማዊ መልክዕን ስልማትን ንላዕሊ ዘቕልብሉን ዋጋ ዝህብዎን፥ እቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ስልማት ማለት ለዋህን ህዱእን መንፈስ፥ ኣባኻትክን ምስ ዝህሉ እዩ'ሞ፥ ነዚ ኸኣ ኣይትረስዓ። ቅድም ናይ ውሽጢ ስልማት፥ ብድሕሪኡ እቲ ናይ ግዳም። ሰብኡት'ውን፥ ኣንስትና ከምኡ ኾይነን ክቐርባና ምእንቲ፥ ዓቕሚ ቤትና ዘፍቅዶ ኾሉ ክንገብረለን ይግብኣና። እቲ ጽሬትን ተደላዪ ምኻንን ከኣ ንሰብኡት'ውን ኣጸቢቑ ዝምልከት እዩ። ሽታ ረሃጽን፥ ዘይትን፥ ሽጋራን መስተን ሒዝካ ካብ ምቕራብ ምእራም የድሊ።
- ኣብ ሃገርና መቸም ሰበይቲ ኣይትወልድን እያ ኢልካ ምፍታሕ፥ ዳርጋ ልሙድ እዩ። ግን ቀዋም መርዓ ዓንቀጽ ሓደ ስለዘፍርስ፥ ውጉዝ እዩ። ርግጽ እዩ፥ ቤት ብዘይ ውላድ ክኸውን መቸም ከቢድ ፈተና እዩ። ግን ሰብኣይ ንሰበይቱ ሰበይቲ ኸኣ ንሰብኣያ፥ ብዘይ ቅድመ ኾነት፥ ኪዳን ስለዝተኣታተዉ፡ ብሓደ እናተደጋገፉ፥ ነቲ ፍረ ዝህብን ዝኽልእን ኣምላኽም ክጽበዩ፥ ወይ ከኣ ዓቕሚ እንተልዩ ሕክምናዊ ሓገዝ ክፍትኑ እምበር ክፈላለዩ ኣይግባእን።መርዓ ውላድ ስለዘየምጽኤ ከም ጥቕሚ ዘይብሉን ዉዱቕን(total failure)፥ ጌርካ ክሕሰብ የብሉን። ውላድ፥ ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ውጽኢት መርዓ ጥራይ እዩ፥ ግን እቲ መርዓ ወይ ሓዳር፥ እቲ ሰብኣይን እታ ሰበይትን እዮም። ጨንፈር ዘይኰነ እቲ ወሳኒ፥ እቲ ጉንዲ እዩ። መቸም ገለ ብማይ ገለ ኸኣ ሰኣን ማይ እንድዩ፥ እቲ ክንደይ ንውለድ፥ መቆጻጸሪ ወሊድ ንጠቐምዶ ዝብል፥ እቶም ዝምልከቶም ብምዝርራብ ክውድእዎ ይሓይሽ።

## 4. ጊዜ

- ጊዜ ቤተሰብ ምስራሕ፥ ንኻልእ ምውዓል
- ምምሳይ (ኣብ ቤት መስተ፥ ኣብ ምብጻሕ፥ ወዘተ)
- ኣጠቓቕማ ጊዜ ዘይምፍላጥ፥ መደብ ዘይምውጻእ

ፍታሓት
- መደብ ምውጻእ ንለማመድ (ንምብጻሕ፥ ንምዝናይ፥ ንስፖርት ... ሓደ ሰዓት ኣብ ሰሙን፥ ሓደ ምሸት ኣብ ወርሒ ወዘተ)
- ናይ ስድራ ቤት ጊዜ (ናይ ሰብኣይ፥ ናይ ሰበይቲ፥ ናይ ቆልዑ) ዘይምስራሕ
- ከም መትከል ዘይምምሳይ፥ ብእዋኑ ገዛኻ ምእታው። እንተ ኣድለየ ኸኣ ኣቐዲምካ ምሕባር፥ ምሕባር ጥራይ ዘይኰነ ኸኣ ምፍቃድ
- ምብጻሕ፥ ብዝተኻእለ መጠን፥ ከይተፈላለኻ ብሓባር ምኻድ

ሕቶ፥ ካብ ስራሕ ወጻኢ ዘሎ ጊዜኻ እቲ ዝበዝሖ ኣበይ ተሕልፎ? ምስ መን?

5. መሪሕነት ወይ ምምሕዳር ቤት

- ሰብኣይ ብሓይሊ ቤቱ ከመሓድር ይደሊ
- ሰበይቲ ኸኣ ኣይግዛእን ትብል
- ህልኽ ቈየቛ ባእሲ ጸርፊ፥ ዳርግ ዳርጋ ምምላስ
- ኩራ ቍጥዓ ማህረምቲ

ፍታሓት - ብቅዋም መርዓ ምምእዛዝ፥ ብፍላይ ዓንቀጽ ኣርባዕተ
- ዘተን ምብህሃልን ምዝውታር፥ ድልየት እንተድኣ ኣሎ ብምርድዳእ ክፍታሕ ዘይክእል ነገር የልቦን
- ሰብኣይን ሰበይትን ደቂ እነ ወይ ደቂ ጋንታ ምዃኖም ክሓስቡ እምበር ተቖናቐንቲ ኣይኮኑን
- ኣድላይነት ሕድገታት ምግባር፥ ብኽልቲኡ ወገናት ደሓን ይኹን ምባል ምልምማድ

6. ዝምድናታት

- ሓሙ ሓማት ዞማታት( in laws or outlaws?) ዝገብርዎ ዘይድለ ምትእትታው
- ጐረባብቲ ኣዝማድ ኣዕሩኽ መሳርሕቲ ዝገብርዎ ዘይድለ ምትእትታው
- ማሕበረ ሰባዊን ባህላዊን ግዴታታት፥ ከም መርዓ ጸበል ጥምቀት ዓመት ተዝካር ንግደት፥ ክሳዕ ኣበይ እዩ ደረቱ። እንዳ መን'ከ ንበጽሕ?

ፍታሓት - ኣብ መንጐ ሰብኣይን ሰበይትን ማንም ክኣቱ ኣይተፈቕደሉን። ሓሙ ሓማት ዞማታት ብዝተኻእለ ምሳና ኣይንበሩ። ክነብሩ ግድን እንተኾይኑ ግን ብፍቓድ ክልቴና ይኹን። ከምቲ ዘሕደርናዮም ኰይኖም ክኣ ይንበሩ። እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ፍታሕ ይረኽበሎም፥ ማለት ይውጽኡ፥ ግን ንሕለየሎም። እቲ ቃል፥ 'ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ፥ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ፥ ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ'[15]፥ እዩ ዝብል። ካብ ናይ ወላድን ውሉድን ዝምድና፥ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ዝምድና፥ ኣዝዩ ዝቐረበ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ስለዚ ከም ሰብ ሓዳር፥ ሓላፍነትና ብቐዳምነት፥ ሰብኣይ ንሰበይቱን ንደቁን ሰበይቲ ኸኣ ንሰብኣያን ንደቃን፥ ክኸውን ኣለዎ።



- ዝምድናታትና ምስ ኣዕሩኽና መሓዙትና መሳርሕትና፥ ብጊዜ ይኹን ብንዋትእ፥ ድሩት ክኸውን ኣለዎ፥ እንተዘየሎ ኣብ ሓዳርና ንፋስ ከእቱ ኢና። ብኸሉ እንገብሮ ንመጻምድትና ነፍልጥ። እቲ ሓደ ኣካል ነቲ ሓደ ኣካል ክቆጻጸሮ ክሕልዎ ጽቡቕ እዩ። ናይ ሰራሕ ሓላፊ ምስ ጸሓፊቱ ዝእብሰሉ ዘበን ስለ ዝኾነ፥ ዓቢ ጥንቃቐ ምግባር የድሊ። ካብ ዝግብኣና ንላዕሊ ጊዜ እንህቦ ሰብ፥ ንሱ ንሳ ጠንቂ እዩ። ፈውሱ ኸኣ ርክብካ ምብታኽ ጥራይ እዩ።
- ኩሉ ዝግበርን ዝብጻሕን ማሕበረሰባዊ ግዴታታት፥ ብምዝርራብን ሓቢርካን ይኹን።

7. ቈልዑ

- ዘይምእዛዝ (ብሸነኽ ቈልዑ)
- ዘይምክትታል (ብሸነኽ ወለዲ)
- ዘይምምካር ዘይምግናሕ ዘይምቕጻዕ (ብሸነኽ ወለዲ)
- ዘይምምሃር (ብሸነኽ ወለዲ)
- ዘይምርድዳእ

ፍታሓት - ኣተዓባብያ ቈልዓ ዘየቋርጽ ንጥፈት እዩ፥ ብንግሆኡ ክኣ ክጅመር ኣለዎ። ቈልዓ ብንእሱ ቀርበት ብርሕሱ እዩ። ከማና ገይሩ ክዓመልና ዝኽእል ካልእ ኣካል ክኣ ስለዘየልቦ፥ ወለዲ ናትና ሓላፍነት ምዃኑ ኸኣ ፈሊጥና፥ ባዕልና ግቡእና ንስከም። ቈልዑና፥ ጸገም እንተዘየልዩ፥ ምስ እንዳ ኣቦሓጐኦም ወይ ኣዝማዶም ክዓብዩ፥ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣምላኽ ንዓና እዩ ሂቡና፥ ዳሕራይ'ውን ብሓላፍነት ዝሓተና ንዓና እዩ። ካብ ንእስነቶም ጀሚርና እንተድኣ ምሂርናዮም፥ እዙዛት ኰይኖም ክዓብዩ እዮም፥ ካብታ ቅንዕቲ መገዲ ኸኣ ኣይከላግሱን እዮም።
- ኣድላይነት ምምካርን ምግናሕን ምቕጻዕን። ምቕጻዕ ክንብል ከሎና ብሻቦጥ ወይ ብስላዕ ማለትና እዩ። ገለ ዘበናውያን፥ ንቈልዓ ኮፍ ኣቢልካ ጌግኡ ምንጋር እምበር፥ ብሻቦጥ ጌርካ ምቅጻዕ ከም ኣራዊታዊን ድሑርን ገይሮም ይወስድዎ። ርግጽ እዩ ኣራሚ ስጉምቲ፥ ብምዝራብን ብምምዓድን ክጅምር ኣለዎ። እቲ ሕቶ ግን፥ ዘረባ እንተዘየሰለጠ'ኸ ዝብል እዩ። እቲ ጥበብ ኣምላኽ ዝኾነ መጽሓፍ ግን፥ 'ንቈልዓ

ብሸቦጥ እንተ ገረፍካዮ ኣይመውትን እዩ እሞ፣ ብዘይ መቕጻዕቲ ኣይትግደፎ'፣ [16] ይብለና። ስለዚ እዚ ንቈልዓ 'ጌጋ እዩ' ጥራይ ምባል ጥበብ ሰብ እዩ፣ ብዙሕ ጊዜ ድማ ኣይሰርሕን እዩ፣ ኣኻሊ ከአ ኣይኮነን። ከም ሓሳብ ክሳዕ ትሕቲ 12-14 ዓመት ንዘለዉ፣ ክሳዕ ዘሰምብር ማህረምቲ፣ ግናኸ ብሓልዮትን ብኣገባብን ብመጠንን፣ ዘቕጽየም ምኽንያት እናነገርና፣ ክነዕብዮም ግቡእ እዩ። እዚ ንሸው፣ ንዓናን ነቶም ቈልዑን ዘጕሂ'ኳ እንተኾነ ንዳሕራዩ ንኹላትና ክሕጉሰና እዩ። ካብዚ ክሊ ዕድመ'ዚ ንላዕሊ ዘለዉ ግን፣ ብኣካል ምቕጻዕ ብዙሕ ዘስልጥ ኣይኮነን እሞ ናብ ምኽርን ማዕዳን ካልእ ዓይነት መቕጻዕትን ምሕላፍ፣ ግድነት ክኸውን እዩ።

- ኣብ ምዕባይ ቈልዑ፣ ቀጻሊ ምክትታል ወሳኒ እዩ። ጊዜኦም ኣበይ የሕልፍዎ፣ ኣበይ የምስዩ፣ ምስ መን፣ ምፍላጥ ናይ ነፍሲ ወከፍ ወላዲ ሓላፍነት እዩ። ትምህርትን ዕዮ ገዛን ምቍጽጻር፣ ዝርእይዎ ምርኢት ፊልም ቲቪ፣ ዘንብብዎ መጻሕፍትን መጽሔትን። እዚ ኹሉ ንኽንገብሩ፣ ወለዲ ብእዋኑ ኣብ ቤቶም ክርከቡ ከድልዮም እዩ።
- ንምሃሮም። ብዛዕባ ጽቡቕን ሕማቕን፣ ቅቡልን ነውርን። ምደባታት ወይ ደረጃታት (values) ንስኾዓሎም። ካብ ቤት ትምህርቲ ፍልጠትን ክእለትን፣ ካብ ሕብረተ-ሰብ ከአ ባህሊ፣ ካብ ኣብያተ እምነት ከአ ፍርሃት ኣምላኽ፣ ግን ብተወሳኺ ጽቡቕ ሰነ ምግባርን፣ ሰነ ስርዓትን እተማልኤ ትምህርቲ ህይወትን ዝቐስሙሉ ቤት ክኸውን ኣለዎ። ብዛዕባ ጾታዊ ትምህርቲ'ውን፣ ኣብ ከባቢ 13 ዓመት ምስ በጽሑ፣ ምንም ዘሕፍር ስለዘይብሉ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ'ውን ክመሃርዎ ስለ ዝጀምሩ፣ ኮፍ ኣቢልና ንምሃሮም። እንተ ዘይኮነ፣ ካብ ጕልጕል፣ ነቲ ንጹህ ሕልናኦም ንሓዋሩ ብዘርስሕ መገዲ ክመሃርዎ እዮም። ህንጡይነትን እቲ ዘለዎም ውዑይ ስጋዊ ድፍኢትን፣ ኣብ ዘይተዳለዉሉን ዘይሓሰብዎን ክቢድ ሳዕቤን ከየብጽሖም ክሎ፣ ግልጽልጽ ኣቢልና፣ ንኹሉ ገጢዜኡ ከም ዘለዎ፣ ጊዜኻ ምጽባይ ከአ ከም ዝሓይሽ፣ ኣምላኽ'ውን ከም ዘይፈትዎ፣ ንምሃሮም።
- ምስ ደቅና ድልዱል ዝኾነ ምሕዝነት ንፍጠር። ነዕልሎም፣ ክንርድኦም ከአ ንፈትን። ግድን ከምታ ኣነ



ዝዓበኹላ ኢልና ኣይነኾርዮም። ጊዜ ይቕየር ስለ ዝኾነ፣ ናይ ወለዶ ሃንፍ(generation gap) ከአ ስለ ዘሎ፣ ዘይጽቡቕን ጕዳእን ክሳዕ ዘይኮነ፣ ነቲ ዝሓትዎ ዘለዉ ነቕልበሉን ንሕተተሉን እምበር ብኡ ብኡ ኣይንንጸጎም።

7. ዘቤታዊ ሰነ-ፍልጠት

- ቤት ከም ዝድለ ኣይትሓዝን፣ ቈልዑ ጽሬት ምግቢ ክዳውንቲ...
- ክእለትን ውሕልልነትን ዘይምጥራይ
- ከም ጕረቤትካ ክትነብር ወይ ክትከውን ምድላይ
- ስራሕ ገዛ ዘይምክፍፋልን ዘይምትሕግጋዝን
- ኣገባብ ኣጠቓቕማ ዘይምፍላጥ፣ ምድርባይ ምጉሓፍ(wastefulness)

ፍታሓት - ሰበይቲ ንቤታ ብግቡእ ክንክንን ጽሬትን ክትሕዝን ክትሓልን፣ እንተድአ ኣብ ቤት ዘይትውዕል ሰራሕተኛ ኰይና ኸአ፣ ከምኡ ምኽኑ ክትቆጻጸር ይግብኣ።

- ሰብኣይ ኰነ ቈልዑ'ውን ግዲኦም ዝኾነ ናይ ስራሕ ክፍፍል፣ ክህልዎምን ክተሓጋገዙን ይግባእ። ንኣብነት፣ ዝደቀሱሉ ዓራት ከንጽፉ፣ ዝበልዕሉ መኣዲ ክልዕሉ፣ ክልኣኹ፣ ወዘተ። እዚ ሓላፍነት ዝምህሮም ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ቤቶም ምስ ዝወጹ'ውን ኣጸቢቑ ዝጠቕሞም እዩ። ኣብቲ ፍቕርን ሰኒትን ዘለዎ ቤት ኵሉ ሳዕ ምድግጋፍ ኣሎ። እዚ ናይ ሰበይቲ እዩ ዝብል፣ ንስራሕ ምንዓቕን ምጽያፍን፣ ዝብልዎ የለን።
- ሰበይቲ ትሕዝቶኣ እተታኣኻኽል መሃዚት፣ ጥቕሚ መርፍእን ፈትልን እትፈልጥ፣ ንምድርባይን ምጉሓፍን ዘይትህወኽ ክትከውን ኣለዋ።
- ሰብኣይ'ውን ዝሓዘ ሒዙ ናብ ገዝኡ ዝኣቱ፣ እቶቱ ክብ ዘብል፣ ፈታው ስራሕን ክኢላን ክኸውን ኣለዎ።
- ኵሎም ኣባላት ስድራ ቤት ከኣ፣ ከም ዓቕሚ ቤቶም ዝነብሩ ክኾኑ ይግባእ።

*    *    *

ካብዘን ሽሞንተ ኣየኖት ኰን እየን እተን ዝያዳ ንሓዳርና ዝምልከታ? መቸም ናይቲ ሓደ ከምዚ፣ ናይቲ ሓደ ኸኣ ከምቲ ክኸውን ባህርያዊ እዩ። ግን ከም ቐንዲ ምኽንያታት ክውሰዳ ዝኽእላ ክልተ ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ጉዳይ መሪሕነትን፣ ምብህሃልን እየን። ኣብዚኤን ጸገም እንተዘይብልና፣ እተን ካልኦት ዳርጋ ናይዚኤን ሳዕቤን ስለ ዝኾና፣ ብዙሕ ዘሰክፍ ዝህልወና ዘሎ ኣይመስለንን። እስኪ ነዚኤን እምበኣር መሊስና ክንብስለን።

ጉዳይ ንቤት መን ይምራሕ እኳ ኣብቲ ቅዋም መርዓ ዝተደምደመ እዩ። እቲ ንኽልቲኦም ዝፈጠረ ኣምላኽ ሰብኣይ ክመርሕ ሰሪዕዎ ኣሎ። ግን ብኸመይ መገዲ እዩ ዝመርሕ ዝብል ሕቶ ብትኽክል ክምለስ ዝግብእ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ቀልጢፉ፣ ናብ ምልካውነት ክልወጥ ስለ ዝርኤ። ኵሉ መቸም፣ ውልቀ-ሰብ ይኹን ስድራ ቤት ወይ ማሕበረ-ሰብ፣ ጽቡቕ ገይሮም ዝመርሕዎ መራሕቲ፣ ኵሉ ሳዕ ምስ ደለየ እዩ። ኣብ ባህልና፣ ማእከላይ ምብራቓውያን ከኣ ከም ምኻንና መጠን፣ ሰብኡት ንቤቶም ብሓያል ኢድ ካብ ዝገዝኡ መዋእል ኰይኑ ጸኒሑ እዩ። ግን እዚ ኣመራርሓ እዚ ግጉይን መስመሩ ዝሰሓተን ምኻኑ ብዅሉ ክፍለጥ ይግብእ እዩ። ምኽንያቱ ደቀንስትዮ ከም ደቂ ተባዕትዮ፣ ብማዕረ ክብሪ ዝተፈጥራ ምሉኣት ሰብ ደኣ እምበር ኣቑሑ ወይ እንስሳ ኣይኰናን። ሕጂ ዝድለ ዘሎ ኸኣ፣ እቲ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ (abuse) ብግቡእ ክትካእ እምበር፣ ኣንስቲ ኣብ ልዕሊ ሰብኡተን ዓመጽን ዕልዋን ክካይዳ ማለት ኣይኰነን። ኣብዚ ግን፣ ስለምንታይ ሰብኣይ ዝመርሕ፣ ሰበይቲ'ኸ? ዝብል ሕቶ በንስቲ ጥራይ ዘይኰነ ብሒደት 'መደቦም ዝኸሓዱ' ሰብኡት'ውን፣ ይለዓል እዩ።

መራሒ ከም ዘድሊ እኳ ዘካትዕ ኣይኰነን። ግን ሕጂ'ውን ገለ ሰባት፣ ስለምንታይ ናይ ሓባር መሪሕነት ዘይከውን፣ ዝብሉ ኣይጠፍኡን እዮም። ነስተውዕል፣ ኣብ ኵሉ መዳያት ህይወት፣ መራሒ ኵሉ ሳዕ ሓደ ኣካል ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ሃገር፣ ሓደ ንጉስ ወይ ፕረዚደንት፣ ስራሕ፣ ሓደ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ሓላፊ፣ ሰራዊት፣ ወይ ጋንታ ሓደ ሓለቓ፣ ማኪና፣ ሓደ መራሒ፣ ጥራይ እዩ ክህልዎ ዝኽእል። ኣብ ኣመራርሓ፣ ኵላትና ከም ስኒ ኣድጊ ዝተተኻኸልና ንኹን ምባል፣ ንህውከትን ዕግርግርን ባእስን ኣፍ ደገ ምኽፋት ማለት እዩ።

በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ፣ ሓደ መራሒ ክህሉ ኣለዎ ማለትን፣ ከምቲ ኵላትና እንግንዘቦ፣ ኣብቲ ስራሕ መሪሕነት ናይ ካልኦት ኣካላት ምክፍፋል ስራሕን፣ ምድግጋፍን፣ ሓቢርካ ብምዝታይ እንታይ ይሕሸና ምባልን፣ ዝጋራጮ ከምዘይኰነ ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ናይ ሓቂ መሪሕነት ዝበሃል'ውን ከምኡ እንተ ኾይኑ ጥራሕ እዩ። እንተዘየሎ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ መመገድኻ ምኻድን ምፍልላይን ክኸውን እዩ። ኣብ



ብኮንፈደረሽን ዝተጠምራ ክልተ ሃገራት፣ ኣብ ሽርክነት ንግዲ ወይ ነዚ ዝመስል ሕብረት፣ ብሓደ ሓቢርካ ንምቕጻል ስምምዕ እንተዘይተረኺበ፣ ንኽይተፍርሶ ዝቕስበካን ዝሕዘካን ነገር ክህሉ ኣይግባእን። ኣብ ሓዳር ግን ከምኡ ክይንገብር ዝሕዘና ኣሎ። ንሱ ኸኣ ቅዋም መርዓ ዓንቀጽ ቁጽሪ ሓደ እዩ። ማለት መርዓ ሞት እንተዘይፈልይዎ ንሓዋሩ እዩ፣ ቀዋሚ እዩ። ስለዚ እዩ እምበኣር ኵሉ ሳዕ ናብ ናይ ዘተ መኣዲ ወይ ጠረጴዛ ክንምለስ ዝግብኣና። ስለዚ ኸኣ እዩ፣ እንተ ነፊዑ ወይስ እንተ ሓሚቑ፣ ሓደ ኣካል ኣብ ክንዲ ኾሉ ዝምልከቶ ኰይኑ፣ ንሓባራዊ ጥቕምን ረብሓን፣ ውሳነ ዝውስንን ሓላፍነት ከኣ ዝሸክምን፣ ክህሉ ናይ ግድን ዝኾነ። ነስተብህል ኣብዚ፣ ሓደ ኣካል መራሒ ዝበሃል፣ ንሓባራዊ ረብሓን ጥቕምን ዝዓዪ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ። ነዚ ቅኑዕ ኣሰራርሓ፣ ሰባት ኣብ ኵሉ መዳያት ህይወቶም ተቐቢሎም እናሰርሑሉ ከለዉ፣ ስለምንታይ ደኣ እዮም ገለ፣ ምምሕዳር ቤት ካብዚ ወጻኢ ክኸውን ዝደልዩ። ስለዚ ብናይ ሓባር መሪሕነት፣ ካብ ምድግጋፍ ሓሊፉ፣ ክልተ ማዕረ ስልጣን ዘለዎም ኣካላት ዘሰምዕ እንተድኣ ኾይኑ መሪሕነት ኣልቦ ማለት ስለ ዝኾነ፣ ውዱቑ ኣተሓሳስባ እዩ። ምኽንያቱ፣ ኣብ ጉባኤ ዘይተሰማምዑ ክልተ፣ ናይ ድምጺ ብልጫ ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ። ግን ህይወት ቁይ ናብራ ኸኣ ደው ዝብል ስለ ዘይኰነ፣ ውሳነታት ክውሰዱ ብግዲ ኣለዎም።

ገለ ኸኣ፣ ሕራይ ሓደ መራሒስ ይሃሉ፣ ግን ስለምንታይ እቲ ሰብኣይ፣ እታ ሰበይቲ'ኸ መራሒት ዘይትኾነሉ እንታይ ምኽንያት ኣለዋ፣ ዝብሉ ዝብላ ኣይጠፍኡን እዮም። ክንደይ በላሕትን ንብዙሕ ዋኒን ዘመሓድራ፣ ካብ ሰብኡት ዝነፍዓ ኣንስቲ ክህልዋ ከም ዝኽእላን ከም ዘለዋን ርዱእ እዩ። በንጻሩ ኸኣ ክንደይ ንመሪሕነት ቤት ዘይበቕዑ ሰነፋት ሰብኡት ይህልዉ እዮም፣ ኣለዉ ኸኣ። እሞ'ኸ? ኣንስቲ ቤት ይምርሓ? ዋእ? እንታይ ዋእ ደኣ? ሕራይ እምበኣር፣ ይኹን።

> ኣዋጅ ኣዋጅ፣ ' ካብ ሎሚ ፍርቂ ለይቲ ጀሚሩ፣ ሰብኡት ናይ ኣባይቶም መራሕቲ ምኻኖም ተሪፉ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ናይ ቤታ መራሒትን ኣማሓዳሪትን ክትከውን ተወሲኑ ኣሎ' ኣዋጅ ኣዋጅ።

ነዚ ኣዋጅ እዚ 99.8% (ረፈረንደም ንዘክር) ካብ ኣንስቲ፣ ንጽብሒቱ ኣንጊሄን ተንሲኤን እኳ እንተዘይበልና፣ ድሕሪ ሓጺር እዋን ምተቓወምኦ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ምስ ባህርይ ጥራይ ዘይኰነ፣ ምስ ባህርየን'ውን ስለ ዝጻረር። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ብሰብኣያ ክትርገጽ ክትዋረድ እትደሊ ዋላ ሓንቲ ሰበይቲ ከምዘየላ ፍሉጥ እዩ። ግን ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ፣ ንፍቕርን ሓልዮትን ክብረትን ጥራይ ዘይኰነ ንመሪሕነት ናብ

ሰብኣያ ክትጥምትን ክትጽበን ኣፈጣጥራኣን ባህርያን እዩ። ምናልባሽ ገለ ሰባት፡ ነዚ ከም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ተተሓሒዙ ዝመጸ ባህሊ ጥራይ ገይሮም ዝወስድዎን ዝርእይዎን ይህልዉ ይኾኑ። ወይ'ውን ሰብኣይ፡ እቲ ዝሓየለ ጾታ ብምዃኑ፡ ሰበይቲ'ውን ንዘበናት ብእኡ ስለ ዝተመልከት ዘጥረየቶ ባህርያ እዩ ኢሎም ዝትንትኑ ይህልዉ። ግን ኣይኮነን፡ ክንዮኡ ዝኸይድ እዩ።

ሕቶ። ስለምንታይ እየን መብዛሕትኤን ኣንስቲ፡ ንሰብኣያ 'እተሕምቅ' ሰበይቲ ክርእያ ከለዋ ቡቲ ሰብኣይ ዝሓርቃ፡ ንታ ሰበይቲ ኸኣ ጽልእ ዘብልኣ፡ ወይዚ ሰነፍ ቡትሪ ገይሩ ሰብር ሰብር እንተዘብላ እኮ ከምዚ ኢላ ኣብ ርእሱ ኣይምሸነትሉን፡ ክኣ ዝብላ። ርኣዩ፡ ኣንስቲ፡ እተን ንቡራት ኣንስቲ ናይ መሪሕነት ሕቶ ዘይኮነ፡ ናይ ኣኽብሮት ናይ ኣተሓሕዛ ናይ ፍቕሪ ሕቶ እዩ ዘለወን።

ካልእ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ጉዳይ ከኣ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ናይ ጠባይ (temperament) ጉዳይ እዩ። ስለምንታይ እያ ሰበይቲ ብምኽንያት ደቃ፡ ብቈልዓ ጐረቤት እንተተሃርሙ፡ ይኹን ብኻልእ ብዙሕ ከሕርቕ ዘይግብእ ነገር ቀልጢፉ እትግንፍል እሞ እትቓየቑ። ሰብኣያ ምስ መጸ ኸኣ፡ እግሩ ከየዕረፈ ኣብ ገዛ ከይኣተወ፡ ብኸውንን ብዘይ ክውንን ክልዓልን ክበኣስን እትደፋፍኦ። ምኽንያቱ ሰበይቲ ከምኡ እያ። ከም ኣንስተይቲ ነብሪ፡ መሰል ደቃን ሰብኣያን ዝትንክፈላ ኣይትፈቱን እያ። ሰብኣይ ግን ምናልባሽ ርሒቑ ስለዝውዕል ጥራይ ዘይኮነ፡ ንነገራት ክሳዕ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ዘይበጽሑ፡ 'ደሓን ዘይኣሕዋት እዮም፡ ሓመድ ኣባኢስዎም ሓመዶም ክዓርቑም እዩ፡ ከምኡ ኣይትበሊ፡ ደሓን'ዩ፡ ከምዚ እንተ ደጊሞም ሽዑ ክነሰምዓሎም ኢና'፡ ብሓፈሻ ዝብል ብምዃኑ፡ እዚ ርግእ ምባል ከኣ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ዝድለ ባህርያት መራሒ ስለ ዝኾነ፡ ሰብኡት ካብ ኣንስቲ፡ ብባህርዮም ንመሪሕነት ዝሓሹ ሕጹያት ይገብሮም እዩ። እዚ ምላሽ ዘየዕግበን ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ኣዳምን ሄዋንን መን ቅድም ከም ዝተፈጥረ፡ እንተ ሓተታ ኸኣ ጽቡቕ እዩ። በኹሪ ወይ ዓቢ ደይኮነን መራሒ ክኸውን ዝግብኦ። ስለዚ ሰብኣይ ቤት ይምራሕ፡ ክመርሕ ከሎ ግን፡ ንረብሓን ጥቕምን ቐዳምነትን ሰበይቱን ደቁን ይምራሕ፡ ሰበይቱ'ውን ትደግፎ። እቲ ንኹላትና ዝሰርሐን፡ ኩሉ ዝፈልጥን፡ ብተግባሩ ኸኣ ዘይጋገን ፈጣሪ ዝሰርዖ ኣገባብ ከኣ፡ ኩሉ ኹሉ ቅኑዕን ጽቡቕን እዩ።

*　　　*　　　*



ናብ ምብህሃል ክንሓልፍ። ምብህሃል ወይ ተዘራሪብካ ምርድዳእ ቀሊል ዘይኮነ መስርሕ እዩ። ሰበይቲ፡ ንኻብቲ ወትሩ ዝኣትወሉ ሰዓት ቅሩብ ኣምስዩ ዝመጸ ሰብኣያ፡ ኵርይ ኢላ 'ኣበይ ኣምሲኻ' ክትብሎ ኸላ፡ ብዙሕ ጊዜ 'ኣሻቒልካኒ (ሕማም ወይ ድንገት ወይ ማእሰርቲ ደኺን ኣጋጢምዎ)' ወይ ከኣ 'ጸምዩኒ፡ በይነይ ሓዲግካኒ' ማለታ ክነሱ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰብኣያ ግን ብብዙሕ መገዲ ክትንበብ ትኽእል እያ። ምናልባሽ 'ምስ ካልእ ሰበይቲ ኣምሲኻ' ትብል ዘላ ኰይኑ ክስምዖን ክሕርቖን ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ምብህሃል ጸገም ከኣ ንሱ እዩ። ርግጽ እዩ፡ እታ ሰበይቲ'ውን ካብ ብኣበይ ኣምሲኻ ወይ ምስ መን ኣምሲኻ፡ 'ደሓን ዲኻ፡ በል እንቋዕ ደሓን ጥራይ መጻእካ' ኢላ መኣዲ ቀሪባ፡ ጊዜ ወሲዳ ኣበይን ምስ መንን ከም ዘምሰየ ክትሓቶ ዝሓሸ ምኾነ። በቲ ሓደ ሸነኽ'ውን፡ ዋላ'ኳ ሰበይቱ ተገንጪራ ኣበይ ኣምሲኻ ኢላ እንተ ተቐበለቶ፡ ንሱ ከም መራሒ ቤት፡ መራሒ ከኣ ትዕግስቲ ዘለዎን መረጋግኢን ክኸውን ትጽቢት ስለ ዝንበረሉ፡ ነቲ ኵራኣ ናብ ልእመት ክቕይሮ 'ይቕሬታ ደንጕየ'ዶ' እንተዝብል ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ። ስለዚ ኩሉ እዋን፡ ቐድሚ ከመይ ገይራ ከምዚ ትብለኒ ወይ ትሓስበኒ ምባልን ናብ ኵራን ባእስን ምእታው፡ ብሸነኽ ሰበይቲ'ውን ከምኡ፡ ርግእ ኢልካ፡ ክንዮ እቲ ታህዋኽ ዘለዎ ዘረባ ዘሎ ሓሳብ ክንንብብ ክንጋደል ኣሎና ከምቲ (Don’t listen to what I say, but listen to what I mean) ዝብል ኣበሃህላ።

ካልእ ብዛዕባ ምብህሃል ክንርድኦ ዝግብኣና ነገር ከኣ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ፍቕሪ ክህሉ ምብህሃል ክህሉ ናይ ግድን እዩ። ምስ እተፍቕሮን እትፈትዎን ሰብ ዘይትዘራረብን ዘይተዕልልን እሂን ምሂን ዘይትበሃሃልን ክትከውን ፍጹም ዘይከኣል እዩ። ነቲ ዘረባ እንተ ኣዞርናዮ ኸኣ፡ ምብህሃል እንተዘየሎ ፍቕሪ እናዛሕተለን እናጠፍኤን እናሞተን እዩ ዝኸይድ፡ ዝብል ኣዘረርባ ቅኑዕ እዩ። ስለዚ ሰብኣይን ሰበይትን ንሓድሕዶም ኮነ፡ ምስ ደቆም፡ ናይ ምብህሃል ሻምብቆኦም ኩሉ ሳዕ ክፉት ክኸውን ኣዝዩ ዘድሊ እዩ። እንተዘይኮነ ኣብ ማእከል ገዛ ሕቘን ከብድን ወይ ገጽን ወተግን ኴንካ ተነፋፊሕካ፡ ንነዊሕ እዋን ክኸየድ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ሓዳር ከብተን እዩ። ነገሩ፡ ኣብቲ ኾራኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም፡ እዩ። ስለዚ ሓደ ኣካል ነቲ ሰቕታን ኵራን ክሰብሮ ክተብዕ ኣለዎ፡ እቲ ካልእ ኣካል ከኣ ክተሓባበር ይግባእ። ንዘክር፡ ንኽንሰማማዕ ናይ ክልቴና ምትሕብባር ከድሊ እዩ፡ ንኽንፈላለን ንኽንጻላእን ግን ናይ ሓደ ድርቕና እኹል እዩ። ንምብህሃል እምቢ ምባል ከኣ ናይ ዘይምብሳል(immaturity) ምልክት እዩ። ምናልባሽ ክልቴና ክንረዳድእ ዝገበርናዮ ተደጋጋሚ ፈተነ ዘይተዓወተ እንተኾነ'ውን፡ ብፍቓድ ክልቴና ካልእ ከረዳድኣና ዝኽእል መንጐኛ ክነእቱ ጽቡቕ እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ምብህሃል ካብ ቤትና ወጻኢ፡ ኣብ ህዱእን ጽምዊን ስፍራ፡ ንኣብነት ሓቢርና ሻሂ እንሰትየሉ ወይ ድራር እንበልዓሉ፡ ዓቕሚ እንተሎ

ኸኣ ካብ ከተማ ወጺእና ብምግያሽ፣ ዝያዳ ምቹእን ዕዉትን ስለ ዝኸውን፣ ንጠቐመሉ።

ገለ ካብቲ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ምብህሃል ክቐረጽ ዝገብር ነገራት ክንፈልጠ ኸኣ ጽቡቕ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ኣንስቲ 'ሰብኣየይ ክዛረቦ ከሎኹ ስለ ዘይሰምዓኒ፣ ኣነ ኸኣ ምዝራቡ ገዲፈዮ' እየን ዝብላ። ሓቀን እየን። ሰብኡት ከኣ ብግዲኦም ' ሰበይተይ ኩሉ ሳዕ ከይሓተትክዋ ከምዚ ግበር፣ ከምቲ ኣይትግበር እናበለት ከም በዅሪ ወዲ ገይራ ክትመኽረኒ ስለ እትፍትን ምስማዓን ምዝራባን ኣቋሪጸ' ይብሉ። ሓቆም እዮም። እንታይ እዩ ነገራቱ? ካብ ገነት ኤደን ዝጀመረ፣ 'እዛ ዝሃብካኒ ሰበይቲ' ዝብል ክርክር ድዩ? ወይስ ካልእ። ስነ-ልቦናውያን ከም ዝብልዎ፣ እቲ ሽግር ዝብገስ ኣፈጣጥራናን ባህርይናን ካብ ዘይምፍላጥ እዩ፣ ማለት ሰብኡት ናይ ኣንስቲ፣ ኣንስቲ ኸኣ ናይ ሰብኡት።

ኣብቲ 'ሰብኡት ካብ ማርስ እዮም፣ ኣንስቲ ግን ካብ ቬኑስ እየን' ዝብል መጽሓፍ፣ ባህርያት ሰብኡትን ኣንስትን ብልቢ-ወለዳዊ መልክዕ ከምዚ ገይሩ ኣቕሚጥዎ ኣሎ። ቐደም ሰብኡት በይኖም ኣብ ማርስ፣ ኣንስቲ'ውን በይነን ኣብ ቬኑስ፣ ጽቡቕ ይነብሩ ነይሮም። ሰብኡት ኣብ ማርስ ዕለታቶም ብስራሕን ቁም ነገርን እዮም ዘሕልፉ፣ ንሓድሕዶም ክራኸቡ ከለዉ ኸኣ፣ ብዛዕባ ስራሕን ቁም ነገርን ጥራይ ኣዕሊሎም እዮም ዝፈላለዩ። ኣብ ማርስ፣ ሓደ ሰብኣይ ንኻልእ ሰብኣይ ከይሓተቶን ከይተወከሶን ኣብ ስርሑ ይኹን ተግባሩ፣ ከምዚ እዩ ዝግበር ኢሉ ምኽሪ ክልግሰሉ፣ ከም ነውርን ንብጸይካ ምጽራፍን እዩ ዝውሰድ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ናይ ዘይተጸጋዕነት መንፈስ ሒዙ እዩ፣ ዝሓዞ ተግባር ብጽፈትን ብዓወትን ክፍጽም ባዕሉን በይኑን እዩ ዝቓለስ። ብሓጺሩ ሰብኣይ ኣብ ማርስ ካብ ብኣፉ፣ ብኢዱ እዩ ነገራት ዘሳልጥ። ፈታሕ ሽግር (problem solver) ከኣ እዩ። ምናልባሽ፣ ደጋጊሙ ፈቲኑ ዘጸገሞ ነገር እንተሎ፣ ካብቶም ዝኣምኖምን ዝቐርቦምን ንሓደ ወይ እንተበዝሑ ንኽልተ ሰብኣይ ጸዊዑ እዩ ዘካፍሎም። ኣብ ማርስ እቲ ልዕሊ ኩሉ ኮይኑ ብኹሉ ዝርኤ ባህርያት፣ ርእሰ ምርኮሳን ሓይልን ኣሳልጦን ዓወትን እዩ።

ኣብ ዓደ'ንስቲ ቬኑስ ግን፣ ናብራ ኣይከም ኣብ ማርስን። ኣንስቲ ዝበዝሔ ጊዜኤን ዘሕልፋኦ፣ ኣብ መዓልታዊ ህይወተን ዝገጠመንን ዝወዓለኦን ንሓድሕደን ክዕልላ፣ ናይ ውሽጢ ልበን ክካፈላ፣ ሓቢረን ክበልዓን ክሰትያን ጽቡቕ ናይ ሕብረት ጊዜ (fellowship) ክፈጥራን እዩ። ጽቡቕ ናይ ምስማዕን ምድንጋጽን ክእለት እዩ ዘለወን። እታ ትዛረብ ምስ ወድኤት፣ እተን ዝሰምዓ ሓቢረን ምስኣ ክሕጐሳ ክስሕቃ ወይ ከኣ ክነብዓ ክበኽያ ግድን እዩ። ነገራት ከኣ ብትሕዝቶኦ ጥራይ ዘይኮነ ብኣቀራርባኡ ዝተማልኤ ክኸውን ኣጸቢቐን እየን ዝግደሳ። ኣብ ቬኑስ ጽባቐን መልክዕን፣



ኣገባብን ኣቀራርባን፣ ምሕዝነትን ዝምድናታትን፣ ኣዝዩ ዝበሃግ ጉዳያት እዩ።

ክብሉ ክብሉ፣ ሰብኡት ብዛዕባ ኣብ ቬኑስ ዝነብራ ኣንስቲ ምስ ሰምዑ፣ ኣንስቲ ኸኣ ብዛዕባ ኣብ ማርስ ዝነብሩ ሰብኡት ምስ ሰምዓ፣ ክልቲኦም ናብራ ቐደሞም ሓዲጎም ኣብ ምድሪ ሓዳር መስሪቶም ክነብሩ ተሰማምዑ። ሕጂ ኣብ ምድሪ፣ ስለምንታይ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ምብህሃል ጸገም ከም ዘሎ ተረዲኡናዶ ኣሎ?

እምበኣር፣ ኣንስቲ፣ ሰብኡትክን ከይሓተቱኽን ምኽሪ ካብ ምሃብም ተቖጠባ። ደጋጊምክን ክትምዕዳ ብምፍታን፣ ኣብቲ ሰብኣይ ዘሎ ናይ ርእሰ ምትእምማን ባህርይ ኣይትፈታተንኦ። ንሰብኡትክን ከም ዓቢ ሓውኽን ጌርክን ክትርእዮኦም ጽቡቕ እዩ። ከሰልጡን ከሰምሩን ከም ዝኽእሉ እንተድኣ እምነት ኣሕዲርክናሎም ከኣ ክእለቶም ከርእዩኽንን ከሐጉሱኽንን እዮም። ሰብኡት ከኣ፣ ነንስቶም እዝኖም ኣጸቢቖም ክኸፍቱለን ክለማመዱ ኣለዎም። ምናልባሽ እቲ ንሳተን ዝብልኦ ነቲ ሰብኣይ ከም ሃጠው ቀጠው ኮይኑ ክስምዖ ይኽእል ይኸውን እዩ። ግን ካብ ምዕጻው ወይ ከኣ እናሰማዕካ ከምዘይሰማዕካ ምኺንን ስራሕካ ምቕጻልን፣ 'እህ፣ ደሓር'ከ፣ ዋይ ሓፍተይ'፣ እናበለ ከምታ ኣብ ቬኑስ ዘላ መሓዛ ምኺን ክመሃር ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ፣ ምስ ጨረሰት፣ እቲ ሰብኣይ ነታ ሰበይቱ ዘለዎ ርእይቶን ፍታሕን ክህባ፣ እታ ሰበይቲ'ውን ነቲ ሰብኣይ ዋላ ከይሓተታ፣ ከየብዝሓትን ከይደጋገመትን፣ እዛ ነገር ዘኪርካያዶ ኣሎኻ፣ ከምዚ ክኸውን'ከ እንታይ ይመስለካ፣ ክትብሎ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ።

* * *

ኣብ መወዳእታ፣ ብቑጠባ ርእሰይ እኽእል እየ ተባሂሉ ሓዳር ክብተን ዓቢ ጉድኣትን ዕሽነትን ምኺኑ ኩሉ ክግንዘቦ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሓዳር ዘለዋ ደቀንስትዮ፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፣ ኣብ ሓዳር እንኣቱን ኣብኡ ጸኒዕና እንነብርን፣ ናይ ቁጠባ ጸገም ስለ ዘሎና ኣይኮነን። ሓዳር ናይ ገዛእ ርእሱ ረዚን ሰረትን ምኽንያትን ዘለዎ እዩ፣ ንኣብነት፣ ፍቕሪ፣ ደገፍ፣ ምሕዝነት፣ ሽርክነት ወዘተ። እዚኦም፣ ካብቶም ኣብ ህይወት፣ ኣዝዮም ኣገደስትን ኣድለይትን ዝኾኑ ስነ-ልቦናዊ ረቛሒታት እዮም። ዳርጋ ብገንዘብ ክዕደጉ ኸኣ ዘይክእሉ እዮም። ኣብ ምዉቕ ሓዳር ግና ብኸምኡ ይርከቡ። ስለዚ ንሓዳርና ምውቕ ክንገብሮ ደኣ ንጋደል እምበር፣ ስራሕ ኣለኒ፣ ርእሰይ እኽእል እየ ኢልካ ንሓዳርካ ብሸለልትነት ምፍራስ፣ ዳሕራይ ተመሊስካ ዘይቃናዕ ዓቢ ስሕተት ኮይኑ ክርከብ እዩ። ንዘክር፣ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ። ምሉእ ገዛ፣ ጽቡቕ

ኣቐሑት፣ ማኪና፣ ብዘይ ልቢ-ምልኣት(fulfilment) ክንቱ ናይ ክንቱነት እዩ። ሰብኣይ ብሰበይቲ ምሉእ ከም ዝኾውን፣ ሰበይቲ ኸኣ ብሰብኣይ እያ ምልእቲ እትኸውን። ስለዚ፣ ሰብኣይ ነታ ኣብኡ እትጽጋዕ ወፊራ ዘይትኣቱ ሰበይቱ፣ ከም ኣካሉ ምርኣይ ገዲፉ፣ ' እንተ ዘይደልያ ክትከይድ ትኽእል እያ፣ ኣነ ኸኣ ካልእ ከም ድልየተይ ትግዝኣኒ ከምጽእ እየ' ክብል፣ ዓቢ ድንቍርና እዩ። በንጻሩ ኸኣ ሰበይቲ፣ ደሞዝ ኣሎኒ ኢላ ምስ ሰብኣያ ህልኸን ምትራኸን ክትሕዝ ፍጹም ዕሽነት እዩ። እዚ ኣርእስቲ እዚ፣ ነቶም ሓንሳእ ኣብ ሓዳር ነይሮም፣ ግና'ኸ ሰኣን ምጽውዋርን ምርድዳእን ብቐሊል ነገር ሓዳሮም ዝበተኑ እሞ ሕጂ ኣብ ጽምዋ(loneliness) ዝመልአ ህይወት በይኖም ዝነብሩ፣ ብፍላይ ከኣ ቈጽረን ኣዝዩ እናበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ኣሓትና፣ የዘክረካ እሞ ኣብ ዓሚቍ ሓሳብ የእትወካ። 'ንፍትሕ እጸልእ እየ' ይብል እግዚኣብሄር።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፣ ከምቲ እንግሊዛውያን ዝምስልዎ፣ ' ክንዮ እቲ ሓጹር ዘሎ ሳዕሪ፣ ኩሉ ሳዕ ዝያዳ ዝለምዔ እዩ ዝመስል'፣ ኢልካ ሓዳርካ ብምፍራስ ካልእ ዝያዳ ዝሞቐ ሓዳር፣ ምስታ ዝያዳ ዝጸበቐት ሰበይቲ ወይ ከኣ ምስቲ ዝያዳ ዝፍተወካ ሰብኣይ፣ ዝብል ኣይሰርሕን እዩ። ምኽንያቱ፣ እቲ ቕድም ዝተመስረተ ሓዳር'ውን ብባህግን ብጽቡቕ ትምኒትን እዩ ተጀሚሩ። ስለዚ፣ ዝኣተኻዮ ቃል ኪዳን እናዘከርካ፣ ነቲ ሓዳር ከም ዝሰርሕ ክትገብሮ፣ ዝከኣለካ ኩሉ ክትገብር ደኣ ይግባእ እምበር፣ እቲ ብማዕዶ እትሪኦ መሲጡካ፣ ናብቲ ዝለምዔ ዝመስል ክትጕዪ ኣይንበርን እዩ። እንተኸድካ'ውን፣ ከምቲ ዝሓሰብካዮ ከም ዘይኮነ፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ክረጋገጽ እዩ። ከምቲ ዝለመድናዮ ኸኣ፣ መሊስና ክንዮ ሓጹር ክንማዕዱን፣ እምነትን ሓላፍነትን ደርቢና፣ ክንሃድምን ክንጀምር ኢና። ስለዚ ዝሓዝናዮ ገዲፍና፣ ዘየለ ቀላይ ምድረበዳ (mirage) ኣይንናዲ ኣይንማዕዱ። 'ንፍትሕ እጸልእ እየ' ይብል እግዚኣብሄር።

ብድሕሪ መብዛሕትኡ ፍትሕ፣ ናይ ትዕቢትን ናይ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ዝብልን መንፈስ ኣሎ። ርግጽ እዩ፣ ዘይምርድዳእን ዘይምቕዳውን'ውን ኣሎ። ግን ንመጸምድትኻ፣ ከም ኣብ ትጥሕል ዘላ ጃልባ ዘሎ ወይ ዘላ ሓሲብካ፣ ዝደለኻዮ ምስ ረኸብካ ወይ ምስ ሰኣንካ፣ ራሕሪሕካዮም ምኻድ ናይ ዓገብ ዓገብ እዩ። ኢድ ሸናሒት ከኣ ትጸንሕ ስለ ዝኾነት፣ ኣርሒቕካ ምሕሳብን ኣቕዲምካ ኸኣ ምስ ለባማት ምምካርን የድሊ።

መንግስትን ማሕበረ-ሰብን ድማ፣ ስድራቤታት ጸኒዔንን ተጠርኒፈንን ምእንቲ ክነብራ፣ ዝሕግዙ ሕግታትን መምርሒታትን ክሕንጽጹን ክትግብሩን ይግባእም እዩ። ንኣብነት በዚ ጊዜና፣ ሓደ ካብቲ ንፍትሕ፣ ከም ጠንቂ ክውሰድ ዝኽእል፣ ኣብ ሓዳር ዘለዉ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ብምኽንያት ስራሕ ይኹን ካልእ ምኽንያት፣ ኣብ በበይኑ ከተማታት ተፈላልዮም



ምንባሮም እዩ። እዚ ክኸውን ዘይግብኦ እዩ። እቲ ባህርይ ባዕሉ፣ ስድራቤት ብሓደ ክነብሩ ከምዘለዎም ይምህረና እዩ። ስለዚ ማሕበረ-ሰብ፣ ዝጸንዓ ስድራቤታት ብኹሉ መዳይ ዓቢ ረብሓኡ ምኻኑ ፈሊጡ፣ ኣብ ሓዳር ዘለዉ ሰብኣይን ሰበይትን ብሓደ ክነብሩ ዘኽእሎም ሕጊ ክወጽእ ክሓትት ኣለዎ። ኣብ ሓዳር ዘለዉ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ኣብ ንብረት ማዕረ መሰል ከም ዘለዎም ብሕጊ ምርግጋጹ ኸኣ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ።

በዛ ሓሳብ ክንዛዝም። ሓዳር፣ ከይኣተኻዮ፣ ከም ሓደ ቦዱ መሬት ዝናብ ደጋጊሙ ዝረኸበ እሞ ሳዕሪ ክብቍል ዝጀመረ፣ ንኽትርእዮ ባህ ዘብል ጥራይ ዘይኮነ ኣብኡ'ውን ክትዓርፈሉን ጠንቀላዕላዕ ክትብለሉን ዘተምኒ ሸኻ እዩ ዝመስል። ምስ ኣተኻዮ ግን፣ ከምቲ ብማዕዶ ዝመሰለካ ዘይኮነ፣ ኣብቲ ሸካ፣ ዝተፈላለዩ ኣእሻኽ፣ ኰርኾሓት፣ ኩረት ኣእማን ሓንሳእ'ውን ዓበይቲ ደናጉላ ትረክብ። ኣብ ባህርያዊ ሸኻታት፣ እስኪ ምናልባሽ ኣብቲኣ ከይሓሸት ኣይትተርፍን ኢልካ ቦታ ምምራጽን ምቕያርን፣ ዘሎን ክግበር ዝግብኦን እዩ። ግን ናይ ሓዳር ሸኻታት፣ ዳርጋ ብዘይ ተረፍ፣ ኰርኾሓት ዘይብሎም የለዉን። ኩሉ ሰብ፣ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ጉድለት ዘለዎ ስለ ዝኾነ። ስለዚ እቲ ዘሎ እንኮ ኣማራጺ፣ ጨኻሮናን ባዴላናን ኣልዒልና፣ ነቲ ኣእማን ኣውጺእና፣ ነቲ እሾኽ ቆጥቍጥና፣ ነቲ ሮማዲ ጐልጕልና፣ ነቲ መሬት ገልቢጥና፣ ምሩጽ ዘርኢ ዘሪእና፣ ብቑልን ዕንባባን ፍረን ክንሓፍስ፣ ንሓዳርና ወርትግ ምስራሕ እወ ምስራሕ(cultivate) ጥራሕ እዩ። ነተን ፍታሓት(marriage tool kit) ንዘክረን። ጽቡቕ ጉዕዞ ሓዳር!

# 6ይ. መራሕቲ

ስልጣን ናይ ኣምላኽ ምዃኑ፣ ኣምላኽ
ሓንሳእ ተዛረበ፣ ክልተ ሳዕ ሰማዕክዎ።
ንጉስ ዳዊት [17]

ጥበበኛ ምምራሕ ኣብ ዘይብሉስ፣ ህዝቢ ይወድቕ፣
ብምብዛሕ መኻርቲ ግና ደሓን ይርከብ።
ንጉስ ሰሎሞን [18]

ሰራዊት ካብ ኣዘዝቱ ዝሓሸን ዝበለጸን ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ ይበሃል። ከምኡ ኸኣ፣ ወዲ ከም ኣቦኡ፣ (like father like son) ይበሃል እዩ። ስለዚ መራሕቲ፣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝሰዕብዎም ዝህልዎም ጽልዋ፣ ንጽቡቕ ኰነ ንኽፉእ ኣዝዩ ዓቢ ካብ ኰነ፣ ኣብ ኵሉ መዳይ፣ ጥዑያት መራሕቲ ክህልዉ ዓቢ ጸዕሪ ክግበር የድሊ።

ኣብዚ ምዕራፍ፣ መራሕቲ ክንብል ከሎና፣ ናይ መንግስትን ህዝብን ሰበ-ስልጣን፣ ማለት ኣመሓደርቲ፣ ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ፈራዶ፣ ናይ ኣብያተ እምነት መራሕቲ፣ ወለዲ ብፍላይ ከኣ ኣቦታት፣ መምህራን፣ ሓለፍቲ ትካላትን ኣብያተ ስራሓትን ነጋዶን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ኣብ ናይ ሓላፍነት ሰፍራ ዝተቐመጡ፣ ህዝቢ ወይ ማሕበረ ሰብ ወይ ስድራቤት ከም ኣብነት ዝወስዶም፣ ክእዘዞምን ካብኦም'ውን መምርሒ ክቕበልን ዝጽበዮም ማለት ኰይኑ፣ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኣባላት ሕብረተ-ሰብ እዮም።

ሎሚ ኣብ ዓለምና ናይ መሪሕነት ቀውሲ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ከኣ ብመንጽር ዋሕድን ጽፈትን ማለትና እዩ። ህዝቢ ዓለም ብገምጋም፣ ኣብ ዓመት ብ100 ሚልዮን እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ግን ነዞም ዝውሰኹ ዘለዉ ሚልዮናት ሰባት፣ መን እዩ ኣንፈት ዝህቦም? መን እዩ'ኸ ክመርሓም? እወ መራሕቲ ክንብል ከሎና ኸኣ፣ ናይ ስልጣን ጽምኢ ዘለዎም ውልቀ-መለኽቲ፣ ወይ ከኣ ናይ መልሓስ ክእልትን፣ ዘይገብርዎ ተስፋታት ክንፍጽሞ ኢና ዝብሉ መስሓትቲ ህዝብን (demagogues) ፣ ወይ ከኣ ስሱዓት ዘረፍቲ ተኻሉ፣ ማለትና ኣይኰነን። እንታይ ደኣ፣ ከም ሕያዋይ ጓሳ ቀቅድሚ ኣባጊዖም ዝኸዱ፣ መፍቀርቲ ህዝቦምን፣ ንርእሶምን ንጊዜን ዘየገልግሉ፣ ካብ ናይ ብሕቲ ጥቕሚ ናጻ ዝወጹ ቅኑዓት፣ ልቢ እቲ ዝመርሕዎ ዝእመኖም ውርዙያትን ሰብ ሓላፍነትን እምበር። በዚ ዳሕራይ መምዘኒታት ተመዚኖም ዝሓልፉ መራሕቲ ክንደየናት ኰን ይኾኑ? ስለዚ ኸኣ እዩ ኣብ ዓለምና ናይ መራሕቲ ጸገም ኣሎ ዝበሃል።



ክንደይ ኣቦ እዩ'ኸ፣ ንስድራ ቤቱ ከመሓድር ስለ ዘይክኣለ ቤቱ ዝፈረሰ? ክንደይ ካብ ኣባይትና እዩ'ኸ ዝተማልኤ ኣመራርሓ ዘይብሉ? ክንደይ ኣዴታት'ከ እየን በይነን ደቂ ከዕብያ ዝሸገሩ ዘለዋ? እቲ ጠንቂ በዚ ወይ በቲ ምኽንያት ብዙሕ ኣየገድስን እዩ። ሓደ ነገር ግን ርጉጽ እዩ። መራሕቲ ብግቡእ እንተዘይመሪሖም ወይ ከኣ ሓላፍነቶም ጠንጢኖም እንተሃዲሞም፣ ኣብ ህዝቢ ይኹን ማሕበረ-ሰብ ወይ ቤተ ሰብ ዝወርድ ጉድኣት ዓቢ እዩ። ንዳሕራዩ ኸኣ፣ ኵሉ እዩ ሓቢሩ ዝጽገምን ኣብ ሽግር ዝኣቱን።

እወ ሓፋሽ ህዝብታት ዓለም፣ ካብ መራሕቶም ቅኑዕ ዝኸዱሉ ኣንፈት ክረኽቡ፣ ኵሉ ሳዕ ብተስፋን ብሃንቀውታን ምስ ተጸበዩ እዮም። ግን፣ ብዙሕ ጊዜ ከም ትጽቢቶም ኣይረኽቡን እዮም። ካብዚኣቶም ከኣ ገለ ሒደት ሰባት(ምኽንያቱ እቲ ዝበዝሔ ህዝቢ ብሰላም ናይ ምንባር እምበር ናይ ስልጣን ሃረርታ ዘይብሉ እዩ)፣ ነቶም ዘይብቑዓት ዝብልዎም መራሕቲ ክልግስዎም እሞ ባዕሎም ኣብ ናይ ስልጣን ኮረሻ ኮፍ ኢሎም ታሪኽ ክሰርሑ ወይ ክደግሙ፣ ንህዝብታት ብብዙሕ ዘሰድዕ ቃላት - ማዕርነት፣ ሓርነት፣ ብልጽግና፣ ሕውነት - ኣለዓዒሎም የናቑትዎም እዮም። ርግጽ እዩ ገለ ናዕብታት ምስ ተዓወቱ፣ ካብቲ ዝነበረ፣ ዝሓሸ ኣመራርሓን መነባብሮን ኣምጺኦም እዮም፣ ዝበዝሑ ግን ናብ ዝገደደ ኣትዮም እዮም። ስለዚ ካብ ህውከትን ምብትታንን ድሒንና ብህድኣትን ርግኣትን ሰላምን ምእንቲ ክንነብር፣ መራሕቲ ኾነ ተመራሕቲ ሓሓላፍነቶም ክፈልጡን ክፍጽሙን ይግባእ። እዚ ኸኣ መራሕቲ፣ ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ብሓቅን ብቕንዕናን ተደሪኾም ኣመራርሓ ክህቡ፣ ህዝብን ማሕበረ-ሰብን ኣባላት ስድራ ቤትን ከኣ ክምርሑን ክምእዘዙን ክሰዕቡን ማለት እዩ።

ኣመራርሓ ወይ መሪሕነት ግን እንታይ ማለት እዩ? ነቲ መሪሕነት ዝብል ቃል፣ ዛጊት ብዙሕ መግለጺታት ተዋሂብዎ ኣሎ። እስኪ ነታ ብጆን ሄጋይ ዝተዋህበት መግለጺት፣ ብዝርዝር ሓቢርና ክንሪኣ።

" Leadership is the discipline of deliberately exerting special influence within a group to move it towards goals of beneficial permanence that fulfill the group's real needs."

'መሪሕነት ወይ ኣመራርሓ ማለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ጉጅለ፣ ተረዲኡካ እተርእዮ ፍሉይ ጽልዋ ኰይኑ፣ ናይቲ ጉጅለ ርኡይ ጸገማት ንምፍታሕን ድልየታቱ ንምምላእን፣ ነቲ ጉጅለ ናብ ነባሪ ረብሓ ዘለዎ ሸቶታት ንምብጻሕ፣ ምጽዓር ማለት እዩ።'

ኣብዚ፡ እቲ ደራሲ ተጠቒሙለን ዘለዋ መፋትሕ ቃላት፡

ምጽዓር(discipline) - መሪሕነት ዝዓብን ዝምዕብልን ክእለት ድማ እምበር ተውህቦ ጥራይ ስለ ዘይኮነ፡ ቀጻሊ ጻዕሪ ዘድልዮ ምዃኑ

ተረዲኡካ(deliberately) - መራሒ ንምዃን ክም እተጸዋዕካን እተመዘዝካን ፈሊጥካ ብምስትውዓል ንዕኡ ተወፋይነትካ ከተርኢ ክምዘድሊ

ፍሉይ ጽልዋ(special influence) - ሰባት ብፍርሀን ብራዕድን ክሰዕቡኻ ዘይኮነ፡ ክቡርነት ናይቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ ዕላማ ብምግንዛብ፡ ንዓኻ ኸኣ ከም መራሒኦም መጠን ስለ ዝተቀበሉኻ፡ ዘርእዩኻ ኣኽብሮትን እምነትን ምእዙዝነትን ክህሉ

ጉጅለ(group) - ህዝቢ፡ ከም፡ ቤተ ሰብ፡ ወይ ዝኾነ ማሕበረ ሰባዊ እኩብ ማለት ኰይኑ ሓደ ዝኣስሮምን ዘራኽቦምን ናይ ሓባር ረቛሒ ከም፡ ዜግነት፡ መበቆል፡ እምነት፡ ትምህርቲ፡ ወዘተ ልዕሊ ኹሉ ግን ሓደ ዕላማ

ሸቶታት(goals) - እቲ መራሒ ዘለዎ ራእይ፡ ምስ ጉጅለኡ ኰይኑ ክኣ ክበጽሖም ዝደሊ ንጹራት ዕላማታት

ነባሪ ረብሓ(beneficial permanence) - እቲ ራእይ ንኹሉ ዝጠቅምን፡ ሓባራዊን ነባርን ረብሓ ዘምጽእ ክኸውን

ርኡይ ጸገማት(real needs) - እቲ መራሒ፡ እቲ ጉጅለ ዘለዎ ክዉን ጸገማት ዝርዳእን ንዕኡ ንምፍታሕ ወይ ንምእላይ ክኣ ብትግሃት ዝሰርሕን፡ ዝብላ እየን።

ኣመራርሓ፡ ኣብዛ ኹሉ እናተለዋወጠ ዝኸደላ ዓለም፡ ምስቲ ህሉው ኩነታትካ ክኸይድ ዘለዎ ሜላታት ምሕንጻጽ የድሊ እምበር፡ ቀዋሚ ክኸውን ኣይግባእን። መራሕቲ፡ ብተፈጥሮ ዝተዓደሉን፡ ብባህርዮም'ውን ውህበት መሪሕነት ዘለዎምን'ውን እንተኾኑ፡ እቲ ክእለቶም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሕ፡ ብስልጠናን ብተመኩሮን ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ጊዜ ቀጻሊ ጻዕሪ ምግባር ከድልዮም እዩ።



ጆን ሄጋይ ከም ዘቕረቦ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጽፍሒ ዘለዉ መራሕቲ ክህልዎም ዝግባእ 12 ረቛሒታት እነሆ።

1. ራእይ(vision)

ራእይ፡ ናይቲ ክትገብሮ ወይ ክትኮኖ እተደሊ ዘሎካ ንጹር ስእልን ሓሳብን እዩ። ነፍሲ ወከፍ መራሒ፡ ብግዲ ክህልዎ ዘለዎ ኸኣ እዩ። ራእይ ናይ ሓደ መራሒ፡ ክኸይድ ዝገብሮ ዋና ደፋኢ ሓይሉን ምንቅስቓሳቱን እዩ። ብዙሕ ጊዜ ኸኣ ብዛዕብኡ እዩ ዝሓስብን ዘሰላስልን። ራእይ ናይቲ መራሒ፡ ራእይ ናይቶም ሰዓብቲ'ውን ምእንቲ ክኸውን፡ ብንጹር ኣገባብ፡ ክመሓላለፍ ክኽእል ኣለዎ። ምንጪ ኹሉ ጽቡቕን ክቡርን ራእይ፡ ኣምላኽ እዩ። ራእይ ግና ክይተበገሰ፡ ዕንቅፋትን ተቓውሞን ክጋጥሞ ስለ ዝኽእል ጽንዓት ኣድላዪ እዩ። ራእይ ክህልወካ ወይ ክንጸረልካ ንውሕ ዝበለ ናይ ጽምዋን በይንኻ ምዃንን ጊዜ ከድልየካ እዩ። ከምቲ ሎርድ ቢከን ዝበሎ 'ምጽሓፍ ንጹር ሰብ ስለ ዝገብረካ (writing makes an exact man) '፡ ራእይካ ክንጸረልካ ደጋጊምካ ጽሓፎ፡ ነቲ ዝጸሓፍካዮ ኸኣ ኣንብቦ፡ ኣመሓይሾ፡ ብዛዕብኡ ሕሰብ ኣሰላስል ጊዜ ውሰድ፡ ሽዑ ሓደ መግለጺ ተልእኾ(mission statement / statement of purpose) ሒዝካ ክትብገስ ኢኻ። ንዕኡ ኣፍሪኻ ጽሓፎ፡ ኩሉ ክርእዮ ስቐሎ፡ ብእኡ ተመራሕ።

2. ሸቶታት(goal-setting)

ሸቶታት፡ ራእይካ ንምትግባር እትነድፎም ስጉምትታት እዮም። ናይ ሓጺርን ነዊሕን ኢልና ኸኣ ንፈልዮም። ሸቶታት ንጹራት(specific)፡ ተዓቀንቲ (measurable)፡ ተበጻሕቲ (attainable)፡ ክውናት (realistic)፡ ከምኡ ድማ ተጨበጥቲ(tangible) ክኾኑ ኣለዎም። ራእይ ዳርጋ ኣይልወጥን እዩ፡ ግና ሸቶታት በብግዜኡ ክግምገሙን፡ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ኸኣ ክመሓየሹን ኣለዎም። ሸቶታት እንታይን መዓስን ኣበይን ብመንን ዝብል ሕቶታት ኣብሪሆም ዝምልሹ ክኾኑ ኣለዎም።

3. ሓልዮት(concern)

ሓልዮት ክንብል ክሎና ምግዳስ ማለት እዩ። እቲ መራሒ ክርእዮም ዝግባእ ባህርያት፡ ከም እኒ ሓጐስ ሰላም ትዕግስቲ ሕያውነት ለውሃት እምነት፡ ብሓደ ቃል ፍቕሪ፡ የጠቓልል። ብኻልእ ኣዘራርባ ኸኣ፡ ሰብኣዊነት ዘንጸባርቕ ክኸውን ኣለዎ። ብዘይ እዚ መሪሕነት ዘይሕሰብ እዩ።

4. ትሕትና(humility)

እቲ መራሒ፣ ልዕሊኡ እቲ ኮሉ ዝኽእል ኣምላኽ ከምዘሎ፣ ክፈልጥን ክዝክርን ኣዝዩ ዘድሊ እዩ። ብፍልጠት ይኹን ብኽእለት ካብኡ ዝበልጹ ክርከቡ ከም ዝኽእሉ ሓሲቡ፣ ንምኽርን ንደገፍን ክፉት ክኸውን እምበር ባዕለይ እፈልጥ፣ ዝብል ትዕቢተኛ ከይከውን፣ ትሕትና ክዕጠቕ ይግባእ። ልዕሊ ኾሉ ኸኣ፣ ሰብ ሰለ ዝኾነ ክጋገ ከም ዝኽእል፣ ክዝክር ኣለዎ። ሓደ እዋን ኣብርሃም ሊንከን፣ ፕረዚደንት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ፣ ብጊዜ ውግእ ሓድሕድ ኣሜሪካ፣ ንሓደ በዓል ስልጣን ከሐጉስ ኢሉ ነቲ ዝምልከቶ ሚኒስተር ምክልኻል (ሽዑ ጸሓፊ ውግእ እዩም ዝብልዎ ነይሮም)፣ ጀነራል ሰታንተን ከየማኸረ፣ ገለ ሓይልታት ካብ ሓደ ግንባር ናብ ካልእ ግንባር ከዛውር፣ ትእዛዝ ሃበ እሞ፣ ጀነራል ሰታንተን ከኣ፣ ሊንከን ርእይ ጌጋ ከምዝገበረ ፈሊጡ ነቲ ትእዛዝ ከም ዘይትግብሮ ገሊጹ 'ሊንከን ሓደ ደንቆሮ እዩ' ክብል ተሰምዔ። እዚ ምስ ሰምዔ፣ ሊንከን ' እምበኣር ሰታንተን ደንቆሮ ኢኻ ካብ በለኒ፣ ከምኡ እየ ማለት እዩ፣ ምኽንያቱ ንሱ ዳርጋ ኩሉ ጊዜ ቅኑዕ እዩ' ኢሉ፣ ኩነታቱ ክርዳእ ባዕሉ ተንሲኡ ናብ ሰታንተን ከደ። ሰታንተን ስሕተቱ ምስ ኣረድኦ ከኣ፣ ሰላሕ ኢሉ ነቲ ትእዛዝ ሰሓቦ ይበሃል።
ብተወሳኺ፣ መራሒ፣ እዚ ትሕቲ መዝነተይ እዩ ዝብሎ ወይ ዝፈናፈኖ ዕዮ ዘየለ፣ ምስ ኩሉ ቀረቡ ክሰርሕ ክልዕል ክሕግዝ ዝደሊ ክኸውን ኣለዎ።

5. ርእሰኻ ምግታእ(self-control)

ነፍሲ ወከፍ መራሒ መንፈሱን ስምዒቱን ዝገዝእ፣ ዘረባኡን ትምኒቱን ዝቆጻጸር ክኸውን ኣለዎ። ርእሱ ዘይገትእ መራሒ፣ ብዙሕ ጊዜ መዋእሉ ሓጺር እዩ። ሰባት ኣብ መራሕቶም ክርእይዎ ዝደልዩ ብዙሕ ጠባያት ኣሎ፣ ግን ኣይከም ርእሰኻ ምግታእን። እቲ መጽሓፍ ይብል፣ 'መንፈሱ ዘይገትእ ሰብሲ ቀጽሪ ዘይብላ ከተማ እዩ'[19]።

6. ምብህሃል(communication)

መራሒ፣ ንራእዩን ንሓሳባቱን፣ ብቃል ኰነ ብጽሑፍ ኣነጺሩ ከመሓላልፍ ዝኽእል ብቑዕ ተበሃሃሊ (communicator) ክኸውን ኣለዎ። ምብህሃል ካብ ግሉል ምዃን(isolation) የድሕነካ፣ ብተወሳኺ ሓሳብካን ራእይካን ሰፊሕ ዝርጋሐ ክህልዎ ይሕግዝ። ደገፍቲ ኸኣ የጥርየልካ። ምብህሃል ቀሊል ኣይኰነን። ስለዚ ቅድሚ ዝኾነ ምብህሃል፣ መራሒ ጽቡቕ ምድላው ክገብር፣ ነቲ ዝዛረቦ ኣነጺሩ ክፈልጦ፣ ንጉባኤኡ ከኣ ክለልዮ የድሊ። ሰባት ኣእዛኖም ምእንቲ ክኸፍቱሉ፣ ድማ ቅድም ቀዳድም ንሰማዕቲ ብዘገድሶም ኣርእስቲ ክዛረብ ክስተብህል ኣለዎ። ልዕሊ ኾሉ ግን መራሒ ኣብ ሰማዕቲ እምነት(credibility) ክሕድር፣ እቲ ዝብሎ ርጉጽን ክዉንን ሓቅን ክኸውን ኣለዎ። እንተ ዘይኰነ ሚዛኑ ምስ ጊዜ ቀልጢፉ እናጐደለ ክመጽእ እዩ።

ሓደ ኣገዳሲ ኽፋል ምብህሃል ከኣ ሓበሬታ ምሃብን ምቕራብን ምዃኑ ብኾሉ ክፍለጥ ኣለዎ። ብጊዜኡ ዝወሃብ ቅኑዕ ሓበሬታ፣ ስሉጥ ኣገልግሎት ንምርካብን ጊዜን ካልእ ወጻኢታትን ንምቍጣብን ጥራይ ዘይኰነ፣ ካብ ዘየድሊ ወረን ቤላ ቤለው'ውን ዘድሕን እዩ።

7. ወፍሪ(investment)

መራሕቲ፣ ሕጊ ወፍሪ ክፈልጡን ከዘውትሩን የድልዮም። ሕጊ ወፍሪ 'ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንዕኡ ኸኣ ክዓጽዶ እዩ'[20] ዝብል ኰይኑ፣ እዚ ኸኣ ብዓይነትን ብመጠን እቲ እንዘርኦን እዩ። ሰርናይ ዝራእ ሰርናይ ክትዓጽድ፣ ጽቡቕን ሰናይን ዝራእ ከምኡ ኸኣ ክትሓፍስ ኢኻ። እዚ ዘይልወጥ ባህርያውን መንፈሳውን ሕጊ እዩ። ክንደይ መዓልቲ ጽልኢ ዘሪእና ጽልኢ ኸኣ ዓጺድና ኣሎና። ሰናይ ዘሪእና ኸኣ፣ ምንጩ ብዘየገድስ፣ ሰናይ ዓጺድና ኣሎና። እዚ፣ ሓይሊ ናይዚ ሕጊ እዩ ዘርእየና። ርእሰ-ማላውያን ነዚ ሕጊ እዚ ኣጸቢቖም ይፈልጥዎን ይጥቀሙሉን እዮም፣ ገንዘብ ምእንቲ ኽሓፍሱ ገንዘብ ይዘርኡ፣ የውፍሩ። እምበኣር ኩላትና ብፍላይ ግን መራሕቲ፣ ሕውነት፣ ጽቡቕ ዘበራትዕ ቃላት፣ ሰናይ ግብሪ (ምሃብ ምምቻል ብጉልበት ብገንዘብ ብንዋት ወዘተ) ንኾሉ ነውፍር። ብዝተዓጻጸፈ ኸኣ ክንዓጽድ ኢና። ሓደ ከሻ ዝዘርኤ ሓደ ኸሻ ጥራይ ኣይዓጽድን እዩ። ነገሩ፣ ሃቡ ክወሃበኩም እዩ። ኣየኽሰርን ከኣ እዩ። ዓለም ክልተ ዓይነት ሰባት እዮም ዘለውዋ፣ ኣውፈርትን ቀጠብትን፣ ወሃብትን ከላእትን። ኩሉ ሳዕ ዝዕወቱ ኸኣ እቶም ኣውፈርትን ወሃብትን መማቐልትን እዮም።

8. ዕድል(opportunity)

ህይወት ብዙሕ ዕንቅፋት ዝመልኤት እያ። ግን፣ እንተድኣ ተሰፋ ከይቆረጽና ጸኒዕናን፣ ኣዒንትና ቋሕ ኣቢልናን፣ ኣብቲ ክስገር ዘይኽእል ዝመስል ኩነታት ኢና፣ ናይ ምዕባይን ምስጓምን ዕድላት ወይ ደገታት ንረክብ። ንምግጋይ ብልሒ ኣየድልዮን እዩ፣ ኩሉ እዩ ዝጋገ። ግን ካብ ጌጋና ክንመሃር፣ ኣዒንትና ክንከፍት የድልየና። ከምቲ ዝብልዎ It is where we stumble and fall that we find the gold ። እዚ ንኽንገብር፣ ብቐዳምነት፣ ጌጋና ክንእመንን ሓላፍነት ክንወስድን፣ ቀጺልና ኸኣ፣ ነቲ ዝወረደ ጉድኣት ክንግምግምን ምኽንያት ጌጋና ክነጽንዕን ክነወግድን፣ ንኣገባብ

ኣሰራርሓና መርሚርና ኸኣ፡ ከም ብሓድሽ ነቲ ዝተመሓየሸ መደብና ክንትግብር ክንብገስ የድልየና።

9. ጸዓት(energy)

ሰባት መራሕትና ኢሎም ዝቕበልዎም፡ ኣካላዊ ንጡፍነትን(physical vitality)፡ ኣእምሮኣዊ ንቕሓትን (mental alertness) ፡ ንስራሕ ተወፋይነትን(hard working) ንዘርእዩ ጸዓተኛታት ጥራሕ እዮም። ንድኹምን ዓቕሚ ዘይብሉን ዘይምስጥ ሰብ፡ ከም መራሒኦ ገይሩ ክቕበል ዝደሊ ሰብ ወይ ጉጅለ ኣዝዩ ሒደት እዩ። ኩሎም ህቡባት መራሕቲ ዳርጋ ብዘይውዳእ ሓይልን ምንቕስቃስን እዮም ዝፍለጡ። እቲ ዘሰልጥ መራሒ፡ ካብ ኩሉ ዝበዝሖ ሰዓታት እዩ ዝሰርሕ፡ ዝጓዓዝ፡ ምስ ሰብ ዝራኸብ፡ ዘንብብ። እዚ ንኽህልወና፡ ንኣካልና ብግቡእ ኣመጋግባን (right eating) ፡ ስሩዕ ምውስዋስን ዕረፍትን(regular exercise and rest) ፡ ንነፍስና መንፈስናን ከኣ ኣዎንታዊ ኣመለኻኽታን(right attitude) ጽሩይ ሕልናን ብምሓዝ፡ ካብ ነገርን ጽልእን ምረትን ክንርሕቕ፡ ብጸሎት ካብ ዝርከብ ሓይሊ ኸኣ ክንምርኰስ የድልየና።

10. ጽንዓት(staying power)

ኩሉ መራሒ፡ ዘይስገሩ ዝመስሉ ጸገማት ብተደጋጋሚ ምስ ኣጓነፍዎ፡ ተስፋ ቆሪጹ ኢዱ ክህብን ንራእዩ ክሓድጎን ይፍተን እዩ። ግን ኣብታ መትከሉ ልሕግ ኢሉ፡ ነቲ ሽግራት ኣሕሊፉ ናብ ዓወት ክበጽሕ ዝገብሮ፡ ጽንዓት እዩ። ጽንዓት ምእንቲ ክህልወካ ዝድለ እንኮ ነገር፡ ቆራጽ ውሳነ ጥራሕ እዩ። ጽንዓትን ተጻዋርነትን፡ ጉድለት ጥዕና፡ ፊናንሳዊ መሓንቖታት፡ ተቓውሞን ስደትን፡ ጥልመትን ክሕደትን፡ ምልውዋጥ ኩነታትን፡ ንኽትስዕር ዘኽእል ሓይሊ ኣለዎ። ነኻስነትና ንምድልዳል፡ ራእይናን ዝተለምናዮም ሸቶታት በብእዋኑ ክንዝክር፡ ከምዝፍጸሙ ክንኣምን፡ ካብ ምርባሽ ወጺእና ፍትሕ ምባል ክንለማመድ፡ ታሪኽ ህይወት ፍሉጣት መራሕቲ ከንንብብን ጸሎት ክነዘውትርን፡ የድሊ።

11. ስልጣን(authority)

ንሓደ መራሒ፡ መራሒ ዝገብሮ፡ እቲ ኣብኡ ዝርኤን ካብኡ ዝወጽእን ናይ ስልጣንን ርዝነትን መንፈስ እዩ። እዚ ክዉን ዝኾነ ናይ ውሽጣዊ ርእሰ ተኣማንነትን፡ ሕፉር ሰብነትን(commanding personality) ተውህቦ እዩ ኸኣ ነቲ መራሒ፡ ኣብ ቅድሚ ሰባት ቅጽበታዊ ዝኾነ ኣቓልቦን ኣኽብሮትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ መሪሕነት ቦታ'ውን ብዘይ ብዙሕ



ምድፍፋእ ዘርሕበሉ። ስልጣን ክልተ መዳያት ኣለዎ፡ ውሽጣውን ግዳማውን። ውሽጣዊ ስልጣን፡ ዘይከም ግዳማዊ፡ ኣብ ሃብቲ፡ ምግዛፍ ቅልጽም፡ ኣከዳድና ስልማት መዳልያ፡ ወይ ብዝሒ ዓጀብትን ነዚ ዝመስል ካልእን፡ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ እዋን ጥራይ ዝገበርናዮ ጅግንነትን ዘምጻእናዮ ዓወትን፡ ዝምርኰስ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ካብ ካልእ ብፍሉይነት፡ ግን ብጽቡቕ ክጥመት ዝገብሮ ውልቃውነትን(individuality)፡ ለውጢ ወይ ፍታሕ ብናይ ምምጻእ ክእለትን ደኣ እምበር። ርግጽ እዩ፡ ውሽጣዊ ስልጣን እንተ ደኣ ኣብ ቦታኡ ኣልዩ ኾይኑ፡ ምስኡ ዘሳኒ፡ እምብዛ ታህዲድ ዘይብሉ፡ ግዳማዊ መርኣያ ስልጣን ክህሉ ይግባእ እዩ። ዝኾነ ይኹን መራሒ፡ ንውሽጣዊ ስልጣኑ ከዕብዮን ክደልድሎን ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ፡ ገዛእ ርእሱ ብምፍላጥን ብምቕባልን፡ ካብ ፍርሃትን ውድቀትን ርእሰ ወቐሳን ወጺኡ ምትእምማን ብምጥራይ፡ ኣብ ዝምድናታቱ ኸኣ ጥንቁቕ ብምዃን ንኣብነት፡ ምስጢሩ ንኹሉ ብዘይ ምግላጽ፡ ድኹም ጐድኑ ባዕሉ ብዘይ ምቕላዕ። ውሽጣዊ ስልጣን ዘለዎ ሰብ፡ ትዕቢተኛን ነቓጽን ኣይኮነን። ትሑት እዩ፡ ግቡእ ምላሽ ኣብ ሰዓቱን ንዝምልከቶን ክህብ ድሉው እዩ። ግን ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ቀረቡ፡ እግሪ ክልሕስ ዝጐናበስን፡ ብኸንቱ ቃላት ገይሩ ዝውድስን ኣይኮነን። ብኸምዚ ዓይነት ንዝቐርብዎ ሰባት'ውን ኣይዕገስን።

12. ኣፍልጦ(awareness)

ኣብ ስርሑ ንኡድን ብሉጽን ሰብ'ዶ ገጢሙካ ይፈልጥ? ብትሕቲ ወይ ብድሕሪ ኹሉ ብልጫን መንፍዓትን፡ ግንዛበ ወይ ኣፍልጦ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ፍልጠት ኣብ ኩሉ፡ መተካእታ ዘይብሉ እዩ። እዚ፡ ኣብ መራሕቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ነጋዶ ደረስቲ መደርቲ ሙዚቀኛታት ስኣልትን ስፖርተኛታትን፡ ካልእ መዳይ ሞያን'ውን ሓቂ እዩ። ሰብ ብዝሓዞ ብሉጽ ዝኸውን፡ ናይ ብልጫ ረቛሒታት እንታይ ምዃኖም ኣጣሊሉ ክፈልጥን፡ በዚ መዓቀኒታት ከኣ ርእሱ ክመዝንን ክመሓይሽን ምስ ዝኽእል ጥራይ እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ደራሲ ኣጠቓቕማ ቃላትን፡ ሕጋጋት ሰዋስውን፡ ኣገባብ ምብህሃልን ጽቡቕ ገይሩ ክፈልጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልኦት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘለዉ ደረስቲ፡ እንታይን ከመይን ይገብሩ ከም ዘለዉ በብእዋኑ ክፈልጥን፡ ኣፍልጦኡ ከዛይድ ክንብብን ክመራመርን፡ ርእዮቱ ክሰፍሕን፡ ኣዝዩ የድልዮ። ብተወሳኺ፡ ሓደ መራሒ፡ እቲ ኣብኡ ተቐሚጡ ዘሎ ሓላፍነት ክቢድ ምዃኑ፡ በብግዜኡ ንገዛእ ርእሱ ክገንዘብን ክተሓሳሰብን ይግብኦ። ምኽንያቱ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ ጉጅለ፡ ዝኾነ ይኹን ጸገም ምስ ዝጋጥሞ፡ ኩሉ እዩ ካብቲ መራሒ ፍታሕ ዝጽበ። ስለዚ፡ መራሒ ካብቲ ጉጅለ ፍሉይ ገይሩ ዘርእዮ፡ ናይ ኣፍልጦን ግንዛበን ጸብለልታ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ።

ነዚ ምዕራፍ ንምዝዛም፡ ብዛዕባ ብዙሕ ዝዝረበለን፡ ግናኸ መራሕቲ ኣብቲ ብዲሞክራሲ ዝማዕበለ ዓለም ከይተረፈ፡ ኣብ ተግባር ክውዕልወን ዘጸግመኦም፡ ተሓታትነትን ግሉጽነትን (accountability and transparency) ዝብሃላ ሓሳባት እስኪ ኣሕጺርና ክንርኢ።

ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፡ ናፖልዮን ቦናፓርተ ማዓርግ ሃጸይነት ካቕበል ጳጳስ ዓዲሙ ክብቕዕ፡ ነቲ ዘውዲ ንግስነት ባዕሉ እዩ ኣብ ርእሱ ደፊእዎ። ኣብዚ ሓደ ክስትውዓል ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ። ምንጪ ስልጣን ካብቲ በዓል ስልጣን ወጻኢ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ፡ ነቲ ዝሓዞ ስልጣን ከም ዝተዋህቦን ዝተቐበሎን ዘስተብህል መራሒ ግን፡ ነቲ ስልጣን ዝሃቦ ህዝቢ ይኹን ባይቶ ወይ ቤተ-ሰብ ተሓታቲ ክኸውን፡ ሓባራዊ ረብሓ ኣመልኪቱ ብዝወስዶ ስጉምትታት ከኣ ግሉጽን ግሁድን እዋናዊን መግለጺታትን መብርሂታትን ክህብ ከም ዝግብእ ርዱእ እዩ። ብተወሳኺ፡ ከምቲ ኣብ መበገሲ'ዚ ምዕራፍ ብደቂቕ ተጻሒፉ ዘሎ፡ ነፍሲ ወከፍ መራሒ፡ መዝነቱ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ፡ ነቲ በይኑ በዓል ስልጣን ዝኾነ፡ 'ብኣምላኽ ዘይኮነስ ስልጣን የልቦን'[21] ዝተባህለሉ፡ ዘመናትን ወርሓትን ዝለዋውጥ፡ ነገስታት ዝሽይምን ዝስዕርን፡ ጥበብን ምስትውዓልን ዝህብ ሓደ ኣምላኽ፡ ሓደ መዓልቲ ጸብጻብ ክቕርብ፡ ክሕተትን ክግለጽን ምዃኑ ፈሊጡ፡ ብልቦናን ፍርሃት እግዚኣብሄርን ቅንዕናን ክዓዪ፡ ዝተቐደሰ ሓላፍነቱ እዩ። 'ስዉር ዘይቕላዕ፡ ሕቡእ'ውን ዘይፍለጥ የልቦን'[22] ይብል እቲ መጽሓፍ።

ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ኩሎም መራሕቲ ክጥንቐቑለን ዝግብኦም ዘንሳትታ ሰለስተ ፈተናታት ኣለዋ። ንሳተን ከኣ፡ ስልጣን (power) ፡ ኣንስቲ (women) ፡ ሃብቲ (riches)፡ እየን። እዚኤን ንቁጽሪ ዘይብሎም መራሕቲ ኣዒንቶም ኣዕዊረን፡ ካብቲ ዝነበርዎ ናይ ክብሪ ስፍራ፡ ብውርደት ክእለዩ ከም ዝገበራ ታሪኽ ምስክር እዩ። እቲ መጽሓፍ ሕጊ ኸኣ ኢሉ ኣሎ፡ '... ሓንትስ ኣፍራስ ደኣ ኣየብዝሕ፡ ... ልቡ ኸይስድዕ ድማ ኣንስቲ ኣየብዝሕ። ወርቅን ብሩርን ከኣ እምብዛ ኣየብዝሕ።'[23]



# 7ይ. እተን ኣርባዕተ ኣውራ ደግነታት

ግናኸ ፍርዲ (ፍትሒ) ከም ማያት፡
ጽድቂ ድማ ከም ዘይነጽፍ ርባ ይውሓዝ።
ነቢይ ኣሞጽ [24]

ምግባር ሰናይ ተመሃሩ፡ ቅንዕና ድለዩ፡ ንጥቑዕ ርድእዎ፡
ንዘኸታም ፍትሒ ኣውጽኡሉ፡ ንመበለት ተማበቑላ።
ነቢይ ኢሳይያስ [25]

ጥንታውያን ግሪኻውያን ፈላስፋታት፡ ኣርባዕተ ቀንዲ ዝኾና ደግነታት ከም ዘለዋ ይምህሩና። ንሳተን ከኣ፡ ልቦና(Prudence) ፡ ርእሰኻ ምግታእ (Temperance) ፡ ሓቦነት(Fortitude) ፡ ከምኡ ድማ ፍትሒ(Justice) እየን። እቲ ወንዶ ወንዳዊ( cardinal) ዝብል ስም ዝሃበን፡ እቲ ኣምብሮዝ ዝበሃል፡ ሓደ ካብ ላቲን ኣቦታት እዩ። ወንድ ወንዶ ማለት መፋስል ማዕጾ እዩ፡ ንሱ ኸኣ እዩ ንማዕጾ ኣብ ሓደ ሸነኽ ሒዙ ክኽፈትን ክዕጾን ዝገብሮ። ልክዕ ከምኡ ኸኣ፡ ሓደ ሰብ፡ ሰብ ዘብሎን፡ ከም ሰብ ኰይኑ ክመላለስን፡ ግቡእ ክፍጽምን ካብ ዝገብሮ ጽቡቕ ባህርያት፡ እዘን ዝጠቐስናየን እየን።

እተን ሰለስተ ቀዳሞት፡ ማለት ልቦና፡ ርእሰኻ ምግታእ፡ ሓቦነት፡ ሰብ ብግሉ ከመይ ክኸውን ከም ዘለዎ ዝዛረባ ክኾና ከለዋ፡ እታ ራብዓይቲ ፍትሒ ግና፡ ሰብ ምስ ብጻዩ ክህልዎ ዝግባእ ቅኑዕ ዝምድና እያ እተመልክት። ካብዚ ቀጺልና ኸኣ ሓደ ብሓደ ክንርእየን ኢና።

1. ልቦና

እዚ ልቦና ኢልናዮ ዘሎና፡ ነቲ እንገብሮ ተግባርን እነርእዮ ጠባይን፡ ዘምጽኦ ውጽኢትን ሳዕቤንን ኣጣሊልና ከነለሊ ዝገብረና ናይ ምስትውዓል ክእለት እዩ። ኣብ ዓለም፡ ብዙሕ ዝጥብርን ዝጕድእን ነገራት ስለ ዘሎ፡ መወዳእታ ናይቲ እንኸተሎ ዘሎና መገዲ፡ ሒዝናዮ ዘሎና ሓሳብ፡ እንታይ ምዃኑ ክንሓስብ ዘኽእለና ልቦና ምጥራይ ከድልየና እዩ። እቲ መጽሓፍ፡ 'በእምሮ ሰብኡት ኩኑ፡ ብኽፍኣት ደኣ ሕጻናት ኩኑ እምበር ብዛዕባ ኣእምሮስ ቈልዑ ኣይትኹኑ'[26] ይብለና። እዚ ግን ከምቲ፡ ገለ ሰባት ንኸሶሉ፡ ብዓይኒ ተንኰልን ክፍኣትን ሕማቕ ጉርሕን፡ ዝርእይዎ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ሚዛን ሒዝና፡ ከምቲ እቲ ቃል ደጊሙ ዝብል፡

'ጠቢባን ከም ተመን፥ ከምኡ ኸኣ ገርህታት ከም ርግቢት'[27]፥ ምኺን እምበር። ካብተን ማንታ እከይ ምርሓቕ የድሊ። ስለዚ፥ ኵሉ ሰብ

- ንዝገብሮ ግብሪ
- ንዝሓዞ ጠባይ
- ንዝኣትዎ ውዕል
- ንዝኣምኖ እምነት
- ንዝስዕቦ መገዲ
- ንዘጅምሮ ምሕዝነት

ልቢ ኢሉ ክስተውዕል ሓላፍነቱ እዩ። ሽዑ ካብ መሲሉኒን ማዕሳን ጓሂን ጉድኣትን ክድሕን እዩ።
ልቦና፥ ከምቲ ኣቦታት ዝብልዎ፥ ካብ ምህሮ ዘይኮነ ካብ ኣእምሮ እዩ። ሓደ ዘይተማህረ መሃይም ሰብ፥ ካብ ሓደ ዝተማህረ ንላዕሊ ልቦና ክህልዎ ኣጸቢቑ ዝከኣል እዩ።

ነፍሲ ሰብ ሰለስተ ክፍልታት፥ ማለት ፍቃድ (will) ፥ ኣእምሮ (intellect) ፥ ከምኡ ድማ ስምዒት (emotions) ኣለዋ። ልቦና ኸኣ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ፍቓድ(will) ኰይኑ፥ ንሓሳባትካ ኣብ ክቡርን ነባርን ጉዳያት ከተኩር ብምግባርን ብምልምማድን፥ ብተመኩሮ ክዓቢ ይኽእል። ምስ ልቦና ዘጥረዩ ሰባት ምቕራብን ምልጋብን ከኣ ልቦና ከተጥሪ ይሕግዝ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ግና፥ ፍርሃት እግዚኣብሄርን ቃሉን እዩ ልቦና ክህልወና ዝገብረና። ልቦና፥ ጐደና ፍትሒ ዝሕብር፥ ዓቐን ርእሰኻ ምግታእ ዘፍልጥ፥ ከምኡ ድማ ደረት ሓቦነት ዝሕንጽጽ ስለ ዝኾነ፥ ኣዝዩ ኣገዳሲ ደግነት እዩ። እወ ብዘይ ልቦና ፥ ትብዓት ናብ ኣይግዱነት፥ ትዕግስቲ ናብ ድንዛዘ፥ ምቕሉልነት ናብ ወግዓ-ሕሉፍነት፥ ትሕትና ናብ መያቕነት፥ ብቐሊሉ ይቕየር እዩ። ብዘይ ልቦና ኸኣ፥ ነቲ ኻልእ ደግነታት ከተጥሪ፥ ዳርጋ ዘይከኣል እዩ።

2. ርእሰኻ ምግታእ

ኵሉ ደቂ ሰባት እንገብሮ ንጥፈታት፥ ስጋዊ ይኹን ነፍሳዊ ወይ መንፈሳዊ፥ ምስኡ ዝኸይድ ንኵለንትናኻ ባህ ዘብል ናይ ደስታን ጣዕምን ስምዒታት ይህብ እዩ። ንኣብነት ከም ምብላዕ፥ ምስታይ፥ ማኪና ምዝዋር፥ ኵዕሶ ምጽዋት፥ ምዕላል፥ መጽሓፍ ምንባብ፥ ምምርማር፥ ምፍቓር፥ ምድራፍ ወይ ምዝማር፥ ንሽጉር ምርዳእ ወዘተ። ህይወት ከምኡ እንተዘይከውን መን ክነብር ምደለየ። ዓለም ብዙሕ ሕማቕ ነገራት እኳ እንተለዋ(ከምኡ ክትከውን ዝገበራ ኸኣ ናይ ሰብ ክፍኣት እዩ)፥ ገና ግን ብህይወት



ምንባር ትርጉም ዘለዎ ዝገብሮ መሊኡ ኣሎ። እቲ ዘድሊ፥ ዳህሲስካ ምርካቡ ጥራይ እዩ።

ይኹን እምበር ዘይከምቲ ነፍሳዊን መንፈሳዊን ፥ ሰባት ንስጋዊ ተድላታት፥ ከም እኒ ምብላዕ ምስታይ ብስጋ ምርኻብ፥ ብምኽንያት እቲ ዝህቦም ፍሉይ ስጋዊ ስምዒት፥ ልቦናን ርትዕን ዝብልዎም መምርሒ ጥሒሶም፥ ካብ መጠን ንላዕሊ ክገብርዎምን ክዘውትርዎምን፥ ይፍተኑን ይርከቡን እዮም። እቲ ናይ ርእሰኻ ምግታእ ደግነት እንተዘየሎ ኸኣ፥ ኣብ ጉድኣት ርእሰኻን ብጻይካን ካልኣትን ክትወድቕ ትርከብ።

እምበኣር ርእሰኻ ምግታእ ማለት፥ እቲ ዓቕምኻ ወይ ዘድልየካ ወሲድካ ይኣኽለኒ ምባል ማለት እዩ። ገለ ሰባት ርእሰኻ ምግታእ ምስ ፈጺምካ ዘይምጥዓም ወይ ዘይምትንካይ(abstinence) ገይሮም ዘመዓራርይዎ ኣለዉ። ከምኡ ግን ኣይኮነን። ጨሪስካ ምግዳፍ፥ ሓደ ንእሽቶ ክፋል ናይ ርእሰኻ ምግታእ እዩ። ናይ ምስታይን ጾታዊ ርክብን እንተልዒልና፥ ሰባት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት፥ ንምሳሌ እምነት፥ ጥዕና ወይ ውልቃዊ ድሌትን ውሳነን፥ ብዘይ እዚ ኹሉ ክነብሩ ዝመርጹ ብዙሓት ኣለዉ። ብፍታው ክግበር ክሎ እቲ ዝበለጸ መገዲ ንሱ እዩ። ግን ደቂ ሰባት፥ ገሊኦም ከምዚ ገሊኦም ከኣ ከምቲ ስለ ዝኾኑ፥ ንኹሉ ዝተዋህበ ኣይኮነን። ምኽልካል(prohibition) ከኣ ኣይሰርሕን እዩ።ኣብ ብዙሓት ሃገራት፥ ንምሳሌ ኣልኮላዊ መስተ ብሕጊ ተኣጊዱ ነይሩን ኣሎን። ሰባት ግን ተሓቢኦም ካብ ምስታይ ዓዲ ኣይወዓሉን። ስለዚ እቲ ንኣእምሮ ዘለዎም ደቂ ሰባት ተዋሂቡ ዘሎ መምርሒ፥ ርእሰኻ ምግታእ እዩ።

ሒደት ዘይኰኑ ሰባት፥ ኣብ ሕብረተ-ሰብና፥ ጥዑም ብልዕን መስተን ዘህርፎም ኣለዉ። ጥሜት ድዩ? መዕበያ ድዩ? ወይስ ከምቲ ዝብልዎ፥ ሸብዳዕዳዕ? ዓቐኖም ወሲዶም ዝግ ከይብሉ የብዝሑ ይሰኽሩ፥ ጽቡቕ ስሞም ከኣ የጥፍኡ። ብልዒ ግን እንታይ እዩ? መስተ'ኸ? ኵሉ ሓላፋይ እዩ። ከምቲ እቲ መጽሓፍ ዝበሎ ኸኣ፥ '... እንተበላዕና ኣይንውስኽ፥ እንተ ዘይበላዕና'ውን ኣይንንክን ኢና'[28]። ስለዚ ክብረትና ብዘይጠቕም ኣይንደርቢ። ዝያዳ ኹሉ፥ እቶም ብምኽንያት ሓንቲ ጥዕምቲ ብልዒ ወይ መስተ፥ ንብጻዮም ኣሕሊፎም ዝህቡ፥ ወይ ብሓሶት መስኪሮም ንጹህ ሰብ ዘሕልፉ፥ ዓገብ በሉ።

ሓደ ጸገም ናይ ስጋዊ ስምዒት ዝህቡ ተግባራት፥ መሊስካ ድገመኒ ወስኸኒ ኢሎም ዝድርኹ ጥራይ ዘይኮኑ፥ እቲ ስምዒት ካብ ናይ ትማሊ ናይ ሎሚ፥ ካብ ናይ ሎሚ ኸኣ ናይ ጽባሕ፥ ዝበለጸን ዝለዓለን ክኸውን ዝጠልቡ እዮም። ስለዚ ደው መበሊ ዘይብሉ ነገር እዩ ዝኸውን ፥ ብፍላይ መልክዕ ኣመል እናሓዘ ምስ ዝኸይድ። እቲ መጽሓፍ ከኣ ይብለና፥

'ወይኒ ከምጽእ እየ እሞ ንዑ፣ ብርቱዕ መስተ ስቲና ንስክር፣ ጽባሕ ድማ ከምዚ ናይ ሎሚ፣ ኤረ ኣዝዩ ዝበለጸ እኳ ክኸውን እዩ፣ ይብሉ'[29]። እቲ ውሩይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ፕሌቶ፣ ነዚኦም ከም ጽጉባትን ምጨናትን ዝጋልቡ ኣፍራስ ገይሩ እዩ ዝምስሎም። ፈረስ ክጠቕም ግን፣ ልጓምን ልባብን ክግበረሉ ኣለዎ። ማይክል ጃክሰን thriller ኢሉ ደሪፉ ኣሎ። ዘበኑ፣ ስጋዊ ትምኒትካ ደጊምካ ደጋጊምካ ብምፍጻም ዝለዓለ ተድላ ንምርካብ ዝጉየየሉ እዋን እዩ። ግን'ከ እቲ ዕግበት ይርከብ ድዩ? ስለምንታይ'ከ እዮም ሰባት ተድላኦም ካብ ሓደ ዓይነት ተግባር፣ ንሱ ኸኣ ስጋዊ ዝኾነ ጥራይ ዝደልይዎ? ካብ ነፍሳውን መንፈሳውን ተግባራት ዝርከብ ዕግበት ዝያዳ ዝምስጡ ምኺኖም ዝፈልጡ ሰባት'ከ ክንደየናት እዮም?

3. ሓቦነት

እዚ ደግነት እዚ፣ ኣብ ጊዜ ሓደጋ እምብዛ ፈሪህና ከይንሃድም፣ ወይ ከኣ ብዓሻ ድፍረት ተወጢርና ንርእስና ኣብ ጉድኣት ከይነውድቕ ዝገብረና እዩ። ኩሉ ሰብ ኣብ እዋን መዋጥር፣ ናይ ፍርህን ምህዳምን ወይ ከኣ ናይ ደው ኢልካ ምምካትን ምክልኻልን፣ ካብኡ ሓሊፍካ ኸኣ ናይ ምጥቃዕ ግብረ መልሲ የርኢ እዩ። እምበኣር ሓቦነት ንዝገጥመና ኣጸጋሚ ኹነታት፣ ብርትዓውን ሚዛናውን መገዲ ክንሰግሮ ዝገብረና ባህርይ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ክባቢ እቲ ዘለናዮ ቦታ፣ ብለይቲ ባርዕ ሓዊ እንተዝለዓል፣ ኣብ ኣእምሮና ብዙሕ ሓሳባት እዩ ዝመጸና። እዚ ኸኣ፣ ነፍስኻ ኣውጽእ ህደም፣ ንኽተጥፍኦ ደኣ ተጋደል፣ ንመደበር መጥፋእቲ ሓዊ ስልኪ ደውል፣ ኣቐሑትካን ክዳውንትኻን ንኽተውጽእ ደኣ ፍጠን፣ ኣይፋል ቅድም ንህጻናት ደኣ፣ ንጐረባብቲ ሓብሮም፣ ወዘተ። ነስተውዕል፣ ኩሉ እንጻወሮ ስቓይን መከራን መቕም ከም ደግነት ክሕሰብ ወይ ክውሰድ ኣይከኣልን። ከም ደግነት ክሕሰብ ዝኽእል፣ ርትዒ ዝኽተል እንተኾይኑን፣ ክቡር ዕላማ እንተለዎን ጥራይ እዩ።

ሓቦን ጽንዓትን ዘለዎ ሰብ፣ ርጉእን ሰፊሕ ልብን ዘለዎ እዩ። ሰባት ዝህብዎ ናእዳን ክብርን፣ ወይ ከኣ ወቐሳን ውርደትን እምብዛ ከየገደሰ፣ ዝሓዞ ዕላማን ዕማምን ብፍጹም ተወፋይነትን ትብዓትን ኣብ ፍጻመ ከብጽሕ ዝቃለስ እዩ። እንተ ዘይተዓወትኩ መላገጺ ሰብ ክይከውን ዝብል ፍርሂ'ውን የብሉን። ሓቦኛ ሰብ፣ ትዕግስትን ውሽጣዊ ሓይልን ዘለዎ እዩ። ብፍርሂ ተኣሲሩ ኣብ ቅድሚ ግፍዕን ዘይፍትሒን ዘጽቅጥ ዓይነት ሰብ ከኣ ኣይኮነን። ብርትዕን ኣገባብን ደኣ ሓሳቡ ይገልጽ፣ መርገጺ ይወስድ፣ ንእከይ ይቃወም፣ ንሓቂ ይቐውምን ይቃለስን። ኣብዚ ግን ሓደ ሕቶ ይለዓል እዩ። 'ቃለይ እንተ ኣውጺኤ፣ ዓገብ እንተይለ፣ ሓቂ እንተ ተዛሪበ ደኣ ሰፈረይ ክጽይቕ፣ ሽግር ክጽውዕ፣ እንታይ ገዲሱኒ ስቕ ዘይብል፣ ደቀይ ምዕባይ ይሕሸኒ' ዝብል እዩ። ርግጽ እዩ ኣብ ከምዚ ዝመስል መዋጥር፣



ዝመስል መዋጥር፣ እንታይ ክንገብር ከም ዝግብኣና ክንፈልጥ ዓቢ ልቦና ክድልየና እዩ። ኣብ ታሪኽ ዓለም፣ ንሓቂ ተዛሪቦም ዝወደቑን ዝጠፍኡን መሊኦም ኣለዉ፣ ግን ከኣ ንሓቂ ደው ዝበሉን ዝሰዓሩን ከኣ መሊኦም ኣለው። ኩሎም ግን ስዒሮም እዮም። ብፍርሂ ተኣሲሮም ነቲ ዝፈልጥዎ ሓቂ ብዘይ ምዝራቦም ዝጠፍኡ'ውን መሊኦም እዮም። እወ ሓቂ ዋጋ ተኸፍል እያ። በቲ፣ ንሓቂ ክሳዕ ዘልኣለም ዝሕሉን፣ 'ነታ ሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም እታ ሓቂ ድማ ሓራ ክተውጽኣኩም እያ'[30] ዝበለ ሓደ ኣምላኽ ኣሚንና፣ ልቦናን ዝብለና ሰሚዕና፣ ብጽቡቕ ሕልና ተበጊስና፣ ንመንፈስና ዘቕስን እንፈልጦ ሓቂ፣ ብቕንዕናን ብትሕትናን ክንዛረብ ኣዝዩ ይግብኣና እዩ።

4. ፍትሒ

ፍትሒ ብሓደ ቃል፣ ማዕርነት(equality) ወይ ምዕሩይነት(fairness) ማለት እዩ። ንብጻይናን ነቲ ዝግብኦ ኣካልን፣ ኩሉ ሳዕን ብቐጻልነትን ግቡኡ ክንገብረሉ ዝሓተና ደግነት እዩ።

ፍትሒ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ መዳያት ተኸፊሉ ክርኤ ይኽእል።

ሀ. ማሕበራዊ ፍትሒ (Social Justice)* - እዚ፣ ነቲ ውልቀ-ሰብ፣ ከም ኣባል ናይ ሓደ ባህርያዊ ኮም ማለት ስድራ ቤት፣ ሃገር፣ ዓሌት ሰብ ብሓፈሻ፣ ናይቲ ዝነብረሉ ማሕበረ-ሰብ ሓባራዊ ደሓን (common good) ክደልን፣ ንዕኡ ከምጽእ ክዓይዪን ዝጠልብ እዩ። ከም ኣብነት፣ ዜጋታት ግብሪ ክኸፍሉ፣ ሃገራዊ ወይ ኮማዊ ግቡኦም ከም እኒ ዳግመ ህንጻዊ ፣ ልምዓታዊ፣ ኣከባብያዊ፣ ስራሓት ክፍጽሙ ይግባእ። ውሉድ'ውን ንወለዶም ብኹሉ ክእዘዝዎምን ክለኣኽዎምን ይግባእ።

ለ. ዕደላዊ ፍትሒ(Distributive Justice) - እዚ ኸኣ፣ ልክዕ ከምቲ እቲ ውልቀ-ሰብ፣ ነቲ ዝነብረሉ ማሕበረ-ሰብ ማለት ስድራቤት፣ ሃገር፣ ዓሌት ሰብ ብሓፈሻ፣ ግቡእነት ዘለዎ፣ እቲ ማሕበረ-ሰብ'ውን ነቲ ውልቀ-ሰብ ዝፍጽሞ ወይ ዘማልእ ግቡኣት ኣለዎ። እዚ ኸኣ፣ ሓባራዊ ሃብትን ጸጋን ዕድላትን ናይቲ ማሕበረ-ሰብ፣ ብምዕሩይ ዝኾነ መገዲ ኣብ ዜጋታት ውልቀ-ሰባት ኣባላት ክመቓራሕ ክኽእል ማለት እዩ። እቲ ፍሉጥ ናይ ዴሳውያን፣ 'ንነፍሲ ወከፍ ከምቲ መጠን ኣበርክቶኡን ከእለቱን፣ ጠለባቱ

* ኣብ ዘበናዊ ቛንቋ ፖለቲካ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንዕደላዊ ፍትሒ ከም ዘስምዕ ገይሮም ይጥቀሙሉ እዮም።

ይማላእ' ዝብል ጭርሖ፣ ኣብዚ መሰርሕ ቅኑዕ መምርሒ እዩ። ነዚ ዘተግብር ክኣ፣ እቲ ርእሲ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ፣ ማለት ኣብ ስድራቤት ኣቦ፣ ኣብ ሃገር ክኣ፣ እቶም ሕጋውያን ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፣ ይኾኑ።

ሐ· ሓድሕዳዊ ፍትሒ(Commutative Justice) – እዚ ኸኣ፣ ነቲ ኣብ መንጐ ውልቀ-ሰባት ዝህሉ ምውሳእ፣ ብማዕርነታዊ መገዲ ክማዘር ዝጠልብ እዩ። ኣብዚ ማዕርነት ክንብል ከሎና፣ ኵሉ ሰብ ዘለዎ ንብረትን ጥሪትን ዘይገሃስ ምኺኑ ንምምልካት ደኣ እምበር፣ ኵሉ ሰብ ማዕረ ሃብቲ ዝውንን፣ እተደላደለ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ፣ ሰባት ኣብቲ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ክለዋወጥዎ ዝውዕሉ ኣቕሑትን ኣገልግሎታትን ገንዘብን፣ ተመጣጣኒ ምዕሩይነት ክህሉ ዝሓትት እዩ። ኣብ ሓድሕዳዊ ፍትሒ፣ ብቐዳምነት ዝሰርዕ፣ ክልተኣዊ ረብሓ እዩ፣ ማለት ንዓይን ንዓኻን፣ ናተይን ናትካን፣ ዝብል እዩ።

ሰባት መቸም፣ ነዘን ሰለስተ መዳያት ፍትሒ፣ ብብዙሕ መገዲ ክንጥሕሰን ኢና እንውዕል። ዳርጋ ኹሉ እነርእዮ ውድቀትን ጉድለትን ግድፈትን፣ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፣ ኣንጻር ፍትሒ እዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ማለት፣ እቲ ኣውራ ኣበሳ ደቂ ሰባት፣ ናይ ስስዔን ኣነነትን እዩ።

ንኣብነት፣ ሰባት ግብሪ ምኽፋል ክኣብዩ ኸለዉ፣ ወይ ነቲ ዝተመዘዝዎ ሓላፍነት ብግቡእ ምስካሙ ክስእኑ ክለዉ ወይ ክኣ ነቲ ዝወሃቦም ደሞዝ ዝበቕዕ ኣገልግሎት ክይሃቡ ክተርፉ ክለዉ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ይብደል። ዜጋታዊ ሓላፍነት ሸለል ምባል፣ ማለት ሃገራዊ ማሕበራዊ ፖለቲካዊ ኣከባብያዊ ልምዓታውን ግብረ-ሰናያዊ እውን ምስዚ ዝኣቱ እዩ፤

ናብቲ ኻልኣይ እንተመጻእና ኸኣ፣ ዕደላዊ ፍትሒ ብምኽንያት ወገንነትን ኣድልዎን ክገሃስ ይርኤ እዩ። ሓለፍቲ ማሕበረ-ሰብ፣ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ምምቕራሕ ሓባራዊ ሃብትን ስልጣንን ዕድላትን/ኣፍ ደገታትን (opportunities)፣ ኣብ ምውጻእ ፍትሕን ፍርድን፣ ብቀቢላነትን ሃይማኖትን ሻርነትን(partisanship) ክምኡ ድማ ብኻልእ ዘይቅቡል ረቛሒታትን ተደሪኾም የድልዉ እዮም።

ኣብቲ ሳልሳይ እንተመጺእና ኸኣ፣ ኣብዚ እዩ ናይ ወነንትን ኣስራሕትን ናይ ነጋዶን ሸቃጦን ጥራይ ዘይኮነ፣ ናይ ኵሉ ሰብ ስሱዕ 'ንዓይ ንዓይ' ዝብል ባህርይ፣ ጐሊሑ ዝርኤ። ምእንቲ ዘይግቡእ ጥቕሚ ክተኻዕብት ክኣ ኣብዚ መዳይ፣ ምብኣስ ምውጣጥ ምሕሳው ምኽሓድ፣ ልሙድ ተግባራት እዩ። ግን ብዘይ ሓሶትን ማሕላን ጣሕላን፣ ግቡእን ርትዓውን መኽሰብ ወይ ጥቕሚ ክርከብ ኣጸቢቑ ዝከኣል እዩ።



እዚ ጉዳይ ኣዝዩ ዝምልከተና ስለ ዝኾነ ኣስፊሕና ክንርእዮን ክነድህበሉን ይግባእ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ናይ ኣውራጃነትን መበቆልን ሃይማኖትን ሻርነትን ሽግር ኣሎዶ የለን? እንተ ኣልዩ'ኸ ክሳዕ ክንደይ እዩ? ዝብል ሕቶታት ንነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ ርእይቶ ክህበሉ ገዲፍና፣ ብዛዕባ እቲ ዝያዳ ዘገድስ፣ ማለት ሓቀኛ እንታይነት እቲ ሽግርን፣ ንኽንዮድል ክግበር ዝግባእ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጥን፣ ክንዛረብ ይሓይሽ። እቲ ጸገም ናይ ሓደ ክልተ ውልቀ-ሰባት ወይ ክኣ ህዝብታት ዘይኮነ፣ ናይ ዘርኢ ሰብ ብምሉኡ እዩ። ብሓጺሩ ሕማም ናይ ኵላትና ደቂ ሰብ እዩ። ርግጽ እዩ ብምኽንያት ባህርይን ደረጃ ትምህርትን ማሕበረ-ሰባዊ ምዕባለን ካብ ሰብ ናብ ሰብ፣ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ፣ ፍልልያት ክህሉ ከም ዝኽእል ፍሉጥ እዩ።

ሰብ ካብቲ ውዱቕ ባህርዩ ዝወረሶ፣ ብርቱዕ ናይ ምፍልላይን ኣድልዎ ምግባርን ዝንባለ ከም ዘለዎ፣ ነፍሲ ወከፍ ቅኑዕ ክምስክር ዝደሊ ዘስተውዕሎን ዝቕበሎን እዩ። እዚ ኸኣ ካብ ብዙሕ ምኽንያታት ክብገስ ይኽእል እዩ። ገለ ካብቶም ኣውራ ኸኣ፣ ፍርሃትን ዋሕዲ ርእሰ-ምትእምማንን ሰግኣት ካብ ጸላኢን፣ ከምኡ ድማ ስስዔን ጥቕምን፣ ህርፋን ስልጣንን ዕሉል ግብረ-እከይን፣ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ፣ ጸዓዱ ንጸለምትን(ናይ ዓሌት ወይ ሕብሪ ቈርበት)፣ ኣይሁድ ንኣህዛብ፡ ክርስትያን ንኣስላም፣ ኣስላም ንክርስትያን፣ ሂንዱ ንሲክ፣ ሲክ ንሂንዱ( ናይ ሃይማኖት)፣ ሁቱ ንቱትሲ ቱትሲ ኸኣ ንሁቱ (ናይ ወገን)፣ ወዘተ ናይ ኣውራጃ፣ ናይ ቋንቋ፣ ናይ ማይ ቤት ናይ ባርያን ጭዋን ናይ ጐይታን ጊልያን እናተባህለ ንዘመናት ኣድልዎታት ተገይሩ እዩ ይግበር ክኣ ኣሎ። እቲ ምምቕቓል ዶባት ኣይፈልጥን እዩ። ሓደ ህዝቢ ኾይኖም፣ ኣሜሪካውያን፣ ኣይሪሽ ጀርመናዊ ዝብል ረቋቕ ኣፈላላይ ክገብሩ ትርኢ፡ ሓደ ሃይማኖት ኰይኖም ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ካቶሊክን ፕሮቴስታንትን፣ ኣብ ኢራንን ዒራቕን ሽዓን ሱኒን ክዋግኡ ትርኢ። ከም ህዝቢ ሶማል፣ እዚኦም ሲ ሓደ ህዝቢ ሓደ ዓሌት ሓደ ሃይማኖት ሓደ ቋንቋ እዮም እናበልካ ኸኣ፣ ሰባት ዝፈላልዮም ረቛሒታት ክፈጥሩን ክምህዙን ሒኸ ክብሉ ትረኽቦም ኢኻ፣ እቲ ሕማም ክሳዕ ኣዕጽምቲ ዝሰረጸ ምዃኑ ትግንዘብ።

ኣባና እንተመጻና ኸኣ፣ እቲ ባህርያዊ ናይ ሃይማኖትን ኣውራጃን ወገንን መደብን ሻርነትን ምፍልላያት ከይኣክል፣ በብጊዜኡ ዝመጹ ናይ መግዛእቲ ሓይልታት ብፍላይ እንግሊዝ ነቲ ጸገም፣ በቲ 'ከፋፊልካ ግዛእ' ዝብል ሜላታቶም ክገድድ ከም ዝገበርዎ ይዝከር። ሕጂ'ውን እንተኾነ ነዚ ሕማም ክንከላኸሎ ብዙሕ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከነተኣታቱ የድልየና።

1. ሰባት ኩላትና ሓደ ዓሌት ኢና፣ ዘርእና ሓደ እዩ።
2. ማንም ሰብ፣ ዓሌቱ ሕብሪ ቆርበቱ ቛንቋኡ ዓዱ መሪጹ ዝተወልደ የለን።
3. ሰብ ክምዘን ዘለዎ ብግብሩን ጠባዩን ስርሑን ብቕዓቱን ጥራይ እዩ። ዓዱ ዓሌቱ ቛንቛኡ ሃይማኖቱ ፖለቲካዊ መርገጺኡ ክገድስ ኣይግባእን።
4. ሰብ ናቱ ዝኾነ ነጻ ኣረኣእያን ኣመለኻኽታን ዘለዎ ኾይኑ እዩ ተፈጢሩ።
5. ምፍልላይ ከነርሕቕ ንኸኣላትና ዘርብሕን ዝሓይሽን እዩ፣ እንተዘይኮይና ሳዕቤኑ ንኹሉ ጥፍኣትን ዕንወትን እዩ።

እስኪ ሒደት ሕቶታት ከኣ ክንልዕል። ክንደይ ካብ ዘይዓሌትካ ወይ ዘይወዲ ዓድኻ ወይ ዘይወዲ ሃይማኖትካ ወይ ዘይወዲ ሻራኻ ዝኾኑ ቅኑዓት እሙናት ጥዑያት በላሕቲ ክኢላታት መስተውዓልቲ ሰባት ረኺብካ ኣሎኻ? ስለዚ ንዝኾነ ሰብ፣ ብዘይ ቅድመ-ፍርዲ፣ ንኸትቅበሎ ክፉት ምኻን የድሊ ማለት እዩ። ሰብ'ከ እንታይ ኰይኑ እዩ ምስ ሓዉ ወዲ ሓወቦኡ ወዲ ዓዱን ሃይማኖቱን ክብኣስ ዝርከብ? መልሱ ሕጽር ብዝበለ ብጥቕሚ እዩ። ስለዚ ኣብቲ ሱር እቲ ነገር ኣቲና እንተ መርመርና፣ ኣድልዎን ወገንነትን ሻርነትን ዝበሃል ሽፋን ደኣሉ እምበር፣ እቲ ቅንዲ ጉዳይ'ሲ ናይ ዘይሕጋዊ ምጥቕቓም ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ግን፣ ክርድኣና ዘለዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ፣ ሰብ ተማሂሩ ወይ ብዝሓዞ ዕዉት ኰይኑ፣ ቅድም ንርእሱን ንቤተሰቡን ቀጺሉ ኸኣ ንወገኑን ንሃገሩን፣ ኢሉ ኸኣ ዓቕሚ እንተለዎ ንዘርኢ ሰብ ብምልኡ እዩ። ሰብ ተባሂሉ፣ ነቲ ዝወጸሉ ኣካባቢ ዘይርስዕን፣ ብዛዕባኡ ዝሓስብን ክኸውን ዝግባእ እዩ። ከምቲ ገለ ገበርቲ ሰናይ ዝገብርዎ፣ ካብ ናይ ግሊ ሃብቶም፣ ኣብቲ ዝተወልዱሉ ዓዲ ቤት ትምህርቲ ምስራሕ፣ ሓይሊ መብራህቲ ምእታው፣ ምስ ዓዓውነትን ኣውራጃነትን ፈጺምካ ክውሰድ ኣይግባእን፣ ኣይክእልን።

ግን ኣብዚ በደል እንብሎ ዘሎና፣ ሰባት ብፍላይ ከኣ ሓለፍቲ፣ ብጸቢብ ኣረኣእያ ተዋሒጦም፣ ካብ ምዕሩይነት ኣጸቢቖም ርሒቖም፣ ሓባራዊ ረብሓ ህዝብን ሃገርን፣ ብጥቕሚ ገዛእ ርእሶምን ሒደት ደገፍቶምን ክባኢኦምን ጥራይ ለዊጦም ክሰርሑ ኸለዉ፣ ዓቢ ናይ በደል በደል እዩ። ፈራዶን ደያኑን'ውን ብጥቕሚ ኰኑ ብኻልእ ምኽንያት፣ ኰኑ ኢሎም ፍትሒ ከቕንኑ ከለዉ፣ ምስዚ ዝቝጸር እዩ። እስኪ ፍርድን ፍትሕን ብዝምልከት ሒደት ቃላት ካብ ቅዱስ ጽሑፍ ክንርኢ።



' ... ኣብ መንጎ ኣሕዋትኩም ዘሎ ነገር ስምዑ፣ ኣብ መንጎ ሰብን ኣብ መንጎ ሓዉን፣ ኣብ መንጎ ምስኡ ዘሎ ጓና ድማ ብቕንዕና ፍረዱ። ነቲ ንእሽቶ'ውን ከምቲ ዓብዪ ስምዕዎ እምበር፣ ብፍርዲ ገጽ ርኢኹም ኣይተዳልዉ። ፍርዲ ናይ ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ገጽ ሰብ ኣይትፍርሁ።'[31]

' ... ምስክር ሓሶት ክትከውን ኢልካ፣ ኢድካ ምስ ዓማጺ ኣይተልዕል። ... ብገለ ነገር ከኣ ደድሕሪ እቶም ብዙሓት ዘንቢልካ ፍርዲ ንምቕናን ኣይትዛረብ። ብፍርድስ ነቲ ድኻ ድማ ኣይትደንግጸሉ። ... ነቲ ድኻኻ ብነገሩ ፍትሒ ኣይተቕንኑ። ... መማለዲ ነቶም ዝርእዩ የዕውር፣ ዘረባ ጻድቃን ከኣ የቕንን እዩ እሞ፣ መማለዲ ኣይትውሰድ።'[32]

' ... ንስደተኛን ንዘኽታምን ፍርዲ ኣይትጥወ፣ ክዳን መበለት ከኣ ንታሕዚ ኣይትውሰድ'[33]

ስለዚ ብፍላይ ኣብ ምምዛዝ ሓለፍቲ ቁልፊ ቦታታት፣ ከም እኒ ኣመሓደርቲን ፈራዶን፣ እቲ መዓቐኒታት ብቕዓትን ክእለትን ጽፈትን(merit) ጽቡቕ ምስክርነትን ክኸውን ኣዝዩ ዘገድስ እዩ። ሎሚ ብምኽንያት ስእነት ፍትሒ፣ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ዘስግእ ኩነታት ወዲቐን ኣለዋ። እቲ ሽግር ብእዋኑ ስለ ዘይተኣልየ ከኣ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጊዜ ናብ ህዝባዊ ናዕብን፣ ጠቕላላ ምፍራስ ሕግን ስርዓትን፣ ከይኣቶ ዘፍርህ ኰይኑ ኣሎ።

እምበኣርከ፣ ንሕና ኸኣ ኩላትና፣ ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ክንነብር፣ እዘን ጥንታውያን ግሪኻውያን ኣውራ ደግነታት ኢሎም ዘመልከተልና ኣርባዕተ ደግነታት - ማለት ልቦና፣ ርእሰኻ ምግታእ፣ ሓቦነት፣ ፍትሒ - ንሓዝ። ኣጽኒዕና ንሓዝ። ብግብሪ ንሓዝ። ኣምላኽ ይደግፈና።

# 8ይ. ስነ-ምግባር

ንኹሉ ሰብ ኣኽብሩ፣ ሕውነት ኣፍቅሩ...
ሃዋርያ ጴጥሮስ [34]

ብጊዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፣ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ
ሃዋርያ ጳውሎስ [35]

ኵሉ ሰብ ብማዕርነት ዝተፈጥረን ክቡርን ምዃኑ ኣቕዲምና ተዛሪብና ኣሎና። ኣብ ዓለም ዘለዉ ህዝብታት ከኣ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ምስ ባህሎምን ሃይማኖቶምን ተኣሳሲሩ ዝመጸ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር፣ ኣብ ሓድሕዳዊ ርክቦም፣ ምጽውዋርን ምክብባርን ዘስፍን ዝተፈላለየ ናይ ስነ-ምግባር ሕግታት(etiquette) ፣ የዘውትሩ እዮም።

ናይ ገሊኦም እምብዛ ዓቃባውን ወግዓውን ክኸውን ከሎ፣ ናይ ገሊኦም ግን ምቕልል ዝበለ እዩ። ንኣብነት ናይ እንግሊዛውያንን ምብራቓውያንን(ቻይናን ጃፓንን ህንዲ) ካብቶም ብዓቃብውነቶም ዝያዳ ዝፍለጡ እዮም። ገለ ማሕበረ-ሰባት ኣብኣቶም ጥራይ ቅቡል ዝኾነ፣ ኣብ ካልኦት ግና ዘነውር ዝመስል ስነ ምግባራት የዘውትሩ እዮም። ንምሳሌ፣ ኣብ ቻይና፣ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዓኽ ኢልካ ጡፍ ምባል ዘጸይፍ ተግባር ኣይኮነን። ኣብ ምዕራብ ዓለም ማእከለይቲ ኢድካ ፈሊኻ ምውጥዋጥ ኣነዋርን ብዕሉግን እዩ። ኣብ ገለ እኢጋርካ ምምስቃል፣ በጻብዕካ ጌርካ ነፍንጫኻ ምትኹታኹ፣ ዘይቕቡል ስነ-ምግባር እዩ። መብዛሕትኡ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ተግባራት፣ ሞራል ጠቕሲ ኣይኮኑን። ግን ዳርጋ ከም ሞራላዊ ሕግታት፣ ኣብ ብዙሓት ማሕበረ-ሰባት ዓለም፣ ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን ፍልልያት ብዘየገድስ፣ ቕቡላት ዝኾኑ ስነ-ምግባራዊ ነጥብታት ኣለዉ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር፣ ኣብዞም ከምዚኦም ዝበሉን ብፍላይ ከኣ፣ እቲ ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ንሓድሕዱ ተኸባቢሩን ተቐባቢሉን ብሓባር ክነብር ዝሕግዙ፣ ሒደት፣ ፍሉጣትን ግና'ኸ መሰረታውያንን ኣዝዮም ኣድለይትን ዝኾኑ፣ ስርዓታት ስነ-ምግባር ክንርኢ ኢና።

- ምልውዋጥ ሰላምታ

ኣብ ገጠራት ኤርትራ ክሳዕ ሕጂ፣ ምስ ኣብ መገዲ ዝረኸብካዮ ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ሰላምታ ክትለዋወጥ ግቡእን ልሙድን እዩ። ኣብ ከተማ፣ እዚ ጽቡቕ ልምዲ እናተረፈ ከም ዝመጸ ይፍለጥ እዩ። ግን ሕጂ'ውን፣ ኣብ



ኣብያተ ጽሕፈትን ስራሕን ትምህርትን ንግድን፣ ቕድሚ ኵሉ ዝግበር ምውሳእ፣ ሰላምታ ክቐርብን ክምለስን ክቕጽል ዘለዎ ክቡር ባህሊ እዩ። ወለዲ'ውን ንደቆም፣ ግቡእ ሰላምታ ክለዋወጡ ክምህርዎም ይግባእ። ምኽንያቱ ሓደ ምልክት፣ ናይ ብስነ-ስርዓት ዝዓበየ ቈልዓ፣ ንሱ ስለ ዝኾነ።

- ምውካስ

ኣብ ባህልና፣ ንዓበይትን ንመራሕትን፣ ኣቱም ኣትን ንስኹም ንስኽን፣ እንዳበልና መዓርግን መጸውዕን እንተለዎም ከኣ፣ ብእኡ ተጠቒምና ብኣኽብሮት ክንውክሶም ዝጸንሐ ጽቡቕ ልምዲ እዩ። ሎሚ ግን ዳርጋ ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ 'ኣታ፣ ንስኻ' ምባል ተለሚዱ ኣሎ። ቅር ክኣ ዘብል እዩ። ርግጽ እዩ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ፣ ንመን ኣቱም ንመን ከኣ ኣታ ክንብል ከም  ዘሎና የጸግመና እዩ። ግን ካብ ምጥርጣር፣ ብኣቱም ጀሚርና፣ ድሕሪ ቅሩብ ምልላይ ይቕሬታ ሓቲትና ናብ ኣታ ክንሰግር ይምረጽ። እቲ ኻልእ ሰብ'ውን ምቕልል ኢሉ፣ 'ደሓን ኣታ ደኣ በለኒ' ክብል ክሎ፣ ኵሉ ይጽብቕ። እቲ መጽሓፍ ከኣ ይብል፣ 'እምበኣርሲ ግብሪ ንዝግብኦ ግብሪ፣ ተሳ ንዝግብኦ ተሳ፣ ፍርሃት ንዝግብኦ ፍርሃት፣ ክብረት ንዝግብኦ ክብረት፣ ንኹሉ፣ እቲ ዘዝግብኦ ሃብዎ'[36]።

- ምምስጋን 'የቕንየለይ'

ንዝሓገዙና ንዘለቅሑና ንዘገልገሉና ንዘርሃዉልና ክነመስግኖም፣ ባህርያዊ ግቡእና ምዃኑ ኩላትና ንፈልጥ ኢና። ዳርጋ ኩላትና ኸኣ ንገብሮ ኢና። ግን መብዛሕትኡ ጊዜ፣ ሰባት ነቲ ዘገልገሎም ሰብ 'ዘይግብኡ እዩ ገይሩ እንታይ ምምስጋን የድሊ' ብምባል 'የቕንየለይ'  ክይበሉ ስርሖም ኣሳሊጦም ዝኸዱ መሊኦም ኣለዉ። እዚ ግን ዓቢ ጌጋ እዩ። ስነ-ልቦናውያን ከም ዝብልዎ፣ ኵሉ ሰብ ንቡር ዝኾነ ናይ ምስጋናን ናእዳን ምንስስን(recognition) ሃንቀውታ ኣለዎ። እዝን፣ ካልእ ነዚ ዝመስል ረቛሒታት እንተድኣ ተማሊኦሉ እዩ ኸኣ፣ ጽቡቕ ዝዓዩን ዝሰርሕን። ብተወሳኺ፣ ምስጋና ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዘሎ ጽቡቕ፣ ንሊሑ ክወጽእ ናይ ምሕጋዝ ተኽእሎ ኣለዎ። ስለዚ፣ ኣብ ምስጋና ሓደ ዓቢ ሓይሊ ኣሎ። ምናልባሽ፣ እቲ እንዋስኦ ዘሎና ሰብ፣ ሓደ ሃካይን ድንጕይን ክኸውን ይኽእል እዩ። ግን ካብ ስቕ ኢልካ ስራሕካ ወዲእካ ምዕዛር፣ ምምስጋን ይሓይሽ። ማዕዳን ርእይቶን ኣብ ስፍርኡ ኾይኑ፣ ኣገልጋልን ተገልጋልን፣ ሽያጣይን ዓዳጋይን፣ ኵሉ ሳዕ ብምምስጋን ክፈላለዩ እንተዝለማመዱ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ። ነስተውዕል ከኣ፣ ንሰብ ምምስጋን ዘኽትለልና ምንም ዓይነት ወጻኢ የለን። ጽቡቕ ድሌትን ትምኒትን ጥራይ እዩ ዝድለ። ስለዚ ንሓድሕድና ምምስጋን ንለማመድ።

- ፍቓድ ምሕታት

ናትካ ንዘይኮነ ኣቑሑ ንኽተልዕል ንኽትጥቀም ንኽትሊቓሕ፣ ካብ ዋና ወይ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምሕታት፣ ኣብ ቤት ይኹን ቤት ጽሕፈት ቅድሚ ምእታውካ ምኹሕኳሕ፣ ክፉት ዝነበረ ንኽትዓጹ፣ ዕጹው ዝነበረ ንኽትከፍት ምፍቃድ፣ ግቡእን ስነ-ምግባራውን እዩ። ከምኡ ድማ፣ ከፊትካ ዝኣተኻሉ ማዕጾ ምዕጻው፣ ዝተቐመጥካሉ መንበር ኣብ ስፍርኡ ምምላስ፣ ዘብራህካዮ መብራህቲ ምጥፋእ፣ ዝኾዓኽዮ ምሕፋስ ... ይግባእ።

- ምዝራብን ምስማዕን

ሰባት ሓሳቦም ክገልጹን ክዛረቡን ክለዉ ጽን ኢልና ክንሰምዖም፣ ብግዴና ኸኣ ክንዛረብ እሞ ሰባት ከኣ ነቲ እንብሎ ክሰምዑና፣ እዚ ኣብ ባይቶታት ዓድና ዝዝውተር ኣዝዩ ጽቡቕን ምዕቡልን ዲሞክራስያዊ ሰረትን ዘለዎ ልምዲ እዩ። ሰብ እናተዛረበ ምዕንቃፍ'ውን ዘነውር እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን፣ ኣብ ማሕበረ-ሰብና፣ ሰብ ብተርኡ ክዛረብ፣ ንዝተዘርበ ኸኣ ንምውህላል ትዕግስቲ ክሓጽሮ ይርኤ። ኣብዚ፣ ናይ ተፈጥሮ ታህዋኽን ዋዕን ክህሉ ዝኽኣል እኳ ክነሱ፣ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ ንዕቐትን ትዕቢትን ትምክሕትን ዝተበገሰ እዩ። ግን ሓደ መለለዪ ናይ ብቑዕ ሰብ፣ ንምስማዕ ቅልጡፍ ንምዝራብ ከኣ ድንጉይ፣ ምኳን እዩ። ርግጽ እዩ፣ ሰባት ብዙሕ ሃጠው-ቀጠው ይዛረቡን የንውሑን ይደጋግሙን እዮም፣ ግን ንኽዛረቡ ዕድል ካብ ተዋህቦም፣ ሓሳቦም ክገልጹ ኸኣ ሰብኣዊ መሰሎም ካብ ኮነ፣ ክሳዕ ዝውድኡ ክንዕገሶም ጥራይ እዩ ዘሎና፣ ወይ ከኣ ብመገዲ ነቲ ጉባኤ ዝመርሐ ሰብ፡ እቲ ዘረባ ኣርእስቱ ከይስሕት ክንገብር ዝከኣል እዩ። ብኢደ ወነንና ነቲ ዝዛረብ ምቍራጽን፣ ዘየድሊ ናይ ተቓውሞ ድምጽታት ምስማዕ ግን፣ ሰብኣዊ መሰል ምግሃስን ጸረ-ዲሞክራስን እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ኣኼባታት ብተደጋጋሚ ዝርኤ ጉድለት ከኣ፣ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝቐረበ ሓሳባት፣ ብሓሳብ ምምካት፣ ብርትዓዊ መገዲ ኸኣ ሃንፉ ወይ ኣበሩ ምግላጽ፣ ሰብኣዊ ክብሪ ዘቕረቦ ሰብ ምትንካፍን ምጕዳእን፣ ክእረም ዝግብኦ ዓቢ ጌጋ እዩ። መኣስ ኢና፣ ንሰባት ምውራድ ዘይብሉ (personal attack)፣ ሓሳብ ብሓሳብ ምስሕሓል እንመሃር? ርትዒ ይስዓር። (Let reason prevail)

- ተራኻ ምሕላው

ኣብ መስርዕ ተራኻ ምሕላው ሓደ ካብቲ ተደላዪ ነጥቢ ስነ-ምግባር እዩ። ንኽስልጠኒ ኢልካ ዝግበር ዓማጺ ተግባር ግን ኣንጻር ፍትሒ እዩ። ክንደይ መዓልቲ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት፣ ሆስፒታል፣ ኣውቶቡስ፣ ስታድዮም፣ ዓይኒ ምድሪ፣ ቴሌፎን፣ ባንክ፣ ድኳን፣ ባር ... ቅድሚኻና ንዝነበሩ ሰባት



ኣታሊልና ወይ ከኣ በዝማድ ተሓጊዝና፣ ኣሰሊጥና ክንከይድ ክሎና ጀግንነት ተሰሚዑና ኣሎ? ግቡእ ኣይኮነን። ጉዳይና፣ ብሓቂ ህጹጽ እንተኾነ፣ ቅዳምነት ክወሃበና ክንሓትት፣ ከምቲ ኣብ ባህልና ዝጸንሐ ኸኣ፣ ንግዱዕ ንሽማግለ ንህጻን ንጓል-ኣንስተይቲ፣ ክይተሃላለኽና ክንደናገጽ ግቡእ እዩ።

- ስነ-ምግባር ተጐዓዝትን መገድን

ህዝብና፣ ኣብዚ እዋን እዚ ዘርእዮ ዘሎ ብልሽው ናይ መገዲ ስነ-ምግባር፣ ምናልባሽ እቲ ዝዓበየ ጉድለትና ክይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ምንህሃርን ጸርፍን ባእስን ጥራይ ዘይኮነ ኸኣ፣ ክቡር ዋጋ የኽፍለና ኣሎ። ንሱ ኸኣ፣ ብዙሕ ህይወት ይጠፍእ ኣሎ፣ ንብረት'ውን ከምኡ። መገዲ ዝተሰርሐ ንሓደን ንኽልተን ዘይኮነ፣ ንኹሉ፣ በብስርዓቱ ክጥቀመሉ፣ ማለት ኣብ ናይ ኣጋር መገዲ ኣጋር ጥራይ፣ ኣብ ጽርግያ ኸኣ ተሽከርከርቲ ጥራይ፣ ክልቲኦም ኣብ ዝራኸቡሉ ኸኣ ምልክት ትራፊክ ብምኽታል፣ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ኸኣ ብስምምዕ፣ ብስጋይ ስጋኻ ምኳኑ ተሪፉ፣ ኣብ መገዲ ዝርኤ ምትህልላኽን ምግጫውን ዘገርም እዩ። ገለ ካብቲ ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ናይ ቃላት ልውውጥ፣ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

*መራሕ ማኪና፣ ' ታእለዪ ኣቲ ገታር፣ ጕማ ከይትጽይቂ!'*
*ኣጋር፣ ' ኣይእለን፣ በልስ'ከ ሃዬ ርገጸኒ፣ ዝኣክብካየን ኣለዋኻ መስለኒ'*
*መራሕ ማኪና፣ ' ንዓኺ ዝኸውንሲ ኣይሰኣንን'ዩ ገታር ወ ገታር!'*

እስከ እዚ ኹሉ ዓጽሚ ዝሰብር ቃላትሲ እንታይ ኣምጽኦ? ሕሰብ እንተበልካዮ፣ ቡቲ ዝሰማዕ ሕማቕ ቃላት፣ ኣብ መንጎ ኣጋርን፣ መራሕቲ ተሽከርከርትን ሓደ ዘይተጋህደ ጽልኢ ኣሎ እዩ ኢኻ ትብል፣ ምናልባሽ ገለ ሕቡእ ናይ መደብ ጽልኢ (haves versus have nots) ። ግን ከኣ፣ ሰብ መኻይን'ውን፣ ዘየሕለፍካኒ መገዲ ዓጺኻኒ፣ እናተበሃሃሉ ንሓድሕዶም ክጸረፉን ክራገሙን ትሰምዕ። ፈውሲ እዚ ኹሉ ግን፣ ብሓደ ቃል፣ ከምቲ ሰባት ክገብሩልካ እትደልዮም፣ ንስኻ'ውን ከምኡ ግበረሎም፣ ዝብል እዩ። ስለዚ፣ ንኣጋር ኮነ ንማኪና፣ መገዲ ኣይንዕገት ኣይነተዓናቐፍ። ብሕልፊ መንእሰያት ኣብ መገዲ ዘርእይዎ ትዕቢትን ሸለልትነትን ምስ ምንታይ ክቍጸር ከም ዝኽእል ብዙሕ የተሓሳስበካ። ወለዲ ሃገርና፣ ደቆም ኣብ ምዕ ባይ ፈጺሞም ደኾን ፈሺሎም ከኣ ትብል። ሰብ መኻይን፣ ኣብ መስቀላዊ መገዲ ንኣጋር ቀዳምነት ይሃቡ፣ ኣጋር ከኣ ኣመስጊኖም ይሕለፉ። ዘይግቡእ እንተጌርና ኸኣ፣ ጌጋና ተቐቢልና ይቕሬታ ንሕተት እምበር፣ ብህልኽ ዘየድሊ ቃላት ኣይነስዕብ። ምኽንያቱ፣ ንጌጋ ጌጋ ወሲኽና ክነዔርዮ

ኣይንኽእልን ኢና። ክልተ ኣሉታ ሓደ ኣዎንታ ዘምጽእ ኣብ ማተማቲክስ ጥራሕ እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ኣብ ምሕላው ህድኣትን ጸጥታን ከባቢና ዘሎና እተሓሳሰባ ክልወጥ ዘለዎ እዩ። እዋን ምስ ሓለፈ፡ ካብ ጓይላን ለይታዊ ትልሂታትን ዝወጽእ ብርቱዕ ደሃይ፡ ጥሩምባ መኻይን ምንፋሕ፡ ሬድዮን ቴፕን ዓው ኣቢልካ ምኽፋት፡ ወዘተ፡ ቁጽጽር ክግበሮ ኣዝዩ ዝግባእ እዩ። ማለት ኹሉ መሰል ደረት ኣለዎ፡ ደረቱ ኸኣ ኣብቲ ናይ ጐረቤትና መሰል ዝጀምረሉ መስመር ኣብኡ እዩ ዝውዳእ። ከምቲ ሓደ ክሕጐስ መሰሉ ዝኾነ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኽዕርፍን ክድቅስን መሰሉ ምዃኑ ምዝካር የድሊ።

ከምኡ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ሰባት እንጥቀመሎም ቃላት፡ ንጽሩይ ሕልና ሰማዕቲ ዘርስሑ ከይኰኑ ጥንቃቐ ክንገብር የድሊ። ክንደይ እዩ ኹን፡ ናይ ሰብ ከይገደሶ ዓው ኢሉ ኣነዋሪን ዘሕፍርን ቃላት ወይ ጸርፊ ከም ልምዲ ዘዘውትር? ናይ ብልሹው ህይወት ምልክት እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈትን፡ ኣብያተ መዕረፊን ምግብን፡ ክህሉ ዝግብኦ ስነ-ምግባር ክኣ ኣዝዩ ክሕሰበሉን ስልጠና ክወሃቦን ዝግባእ እዩ። ሰብ ሞያ፡ ከም እኒ፡ ሓኻይም ጠበቓታት መምህራን ... ፡ ንዓማዊሎም ብቕንዕና ምእንቲ ከገልግልዎም፡ ክርእይዎ ዝግባእ ሞያዊ ስነ-ምግባር'ውን (professional ethics) ኣሎ። ትካላትን ኣካላት መንግስትን ከምኡ ድማ መንግስቲ ንባዕሉ ክጥቀሙሉ ዝግባእ ቕቡል ዝኾነ ስነ-ምግባር (code of conduct)'ውን ኣሎ።

እምበኣር፡ ኵሉ ኣባል ማሕበረ-ሰብ፡ ብፍላይ ግን መራሕትን ኣገልገልቲ ህዝብን፡ ብስነ-ምግባር ዝተሃንጹ ክኾኑ ይግባእ። ሎሚ ኣብ ሃገራት ምዕራብ፡ ሰብ ትካልን ንግድን፡ መኸሰብ ንምኽዕባት፡ ብኣዝዩ መሳጢ ዝኾነ ኣገባብን ስነ-ምግባርን፡ ንደለይቲ ኣገልግሎትን ዓደግትን (customers) ኣለይ መለይ ክብሉ ይርኣዩ። ጽቡቕ እዩ። እዚም ናትና'ውን ከምኦም እንተ ዝኾኑልና። ግን ነስተውዕል፡ ንሰባት ጽቡቕ ስነ-ምግባር እነርእዮም፡ መኽሰብ ንምርካብ ጥራይ ዘይኰነ፡ ካብ ሰብኣዊ ክብርን፡ ኣኽብሮት ስራሕን ተበጊስና ክኸውን ይበልጽ። ልዕሊ ኵሉ ኸኣ፡ ጽቡቕ ምግባር ንዓና ዝሓይሸን ዘርብሕን ምዃኑ ንዘክር።



# ሳልሳይ ክፍሊ፡

# ሒደት ዘዛርቡ ኣገደስቲ ጉዳያት

# 9ይ. ገንዘብ

How much money would make you happy?
Buy Illinois lotto

ጥራየይ እየ ካብ ከርሲ ወላዲተይ ዝወጻእኩ፣
ጥራየይ ከአ ናብአ ክምለስ እየ...
እዮብ [37]

'ክንደይ ገንዘብ ኰን መሐጐሰካ፣ ሎተሪ ብምግዛእ ዕድልካ ፈትን' ይብል እዚ ኣብ ሰማንያታት፣ ኣብ ጐድኒ ህዝባዊ ኣውቶቡሳት እታ ዓባይ ከተማ ቺካጐ ተለጢፉ ዝነበረ ናይ ንግዲ ምልክታ። በቲ እዋን እቲ፣ እታ ሎተሪ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ እያ ትወድቕ ነይራ። ዝተዓወተ ሰብ ከኣ ክልተ ሚልዮን ዶላር ይቕበል ነበረ። ምናልባሽ እቲ ዕዉት ቁጽሪ ወይ ቲኬት ዘይተዓደገ እንተዀይኑ፣ ተዓዋቲ ስለ ዘየልቦ እቲ ክልተ ሚልዮን ክንድኡ ተወሲኽዎ ኣርባዕተ፣ ሽዱሽተ፣ ሸሞንተ፣ እናበለ እዩ ዝድይብ። ሓደ እዋን ብዘይ ተዓዋቲ ሰላሳን ክልተን ሚልዮን በጺሓ። ሽዑ ህዝቢ ከተማ ቺካጐን ከባቢኣን ጥራይ ዘይኰኑ፣ ካብ ጐረባብቲ ክፍለ-ሃገራት ከይተረፉ ብዙሓት ሰባት ዕድሎም ክርእዩ፣ ስርሖም ፈቲሖም ቲኬት ክገዝኡሉ ናብ ዝኽእሉ ዝቐረበ ነቚጣታት ወሓዙ። ኩሉ ሰብ፣ ብቕንያቱ ካልእ ሓሳብን መዛረቢ ኣርእስትን ኣይነበሮን። ኣብታ ከተማ ኸኣ ናይ ሎተሪ ጉንፋዕ ኣትዩ ተባሂሉ ብመራኸቢ ብዙሓን ክቓላሕ ቐነየ። እንታይ እዩ እቲ ጉዳይ? ማኒ ማኒ ማኒ እወ ገንዘብ ገንዘብ ገንዘብ።

ንድኻ ኰነ ሃብታም፣ ንሰብኣይ ኰነ ሰበይቲ፣ ንወዲ ኰነ ጓል፣ ንሽማግለ ኰነ ቆልዓ፣ ንኹሉ ዘገድስ ገንዘብ እዩ። እወ 'ነዚ ኹሉስ ኣህዛብ ዓለም ይደልይዎ እዮም'[38] ዝተባህለሉ ገንዘብ እዩ። በዚ ዘበን እዚ፣ ገንዘብ ኣየድልን እዩ ወይ ክፉእ እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ እንተድኣ ኣልዩ፣ ብሓሳቡ ኣብ ዘበነ እምኒ እኳ እንተዘይበልና ግን ብዘይ ጥርጥር ኣብ ማእከላይ ዘበን ዝነብር ዘሎ ሰብ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ ብዘይ ገንዘብ ብህይወት ምንባር ዳርጋ ዘይከኣል ስለ ዝኾነ። ስለዚ ገንዘብ ኣዝዩ ኣድላዪ ነገር እዩ። እዚ ዘከራኽር ኣይኰነን። የግዳስ፣ ሰባት ገንዘብ ንምእካብ ብዘርእይዎ ሕሉፍ ጻዕርን ጉያን ሃልክን ኩሉ ዓይነት ተበላሕነትን ተዓዚብካ፣ ምናልባሽ ደኾን ደቂ ሰባት ንገንዘብ እቲ ዝለዓለ ጽቡቕን (Summum Bonum) ፣ ዋና ዕላማ ህይወትን ገይሮም ወሲዶምዎ እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ ትበጽሕ ኢኻ። ካርል ማርክስ'ውን፣ 'ኣብ ታሪኽ፣ ኩሉ ንጥፈታትን ተግባራትን ደቂ ሰባት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ገንዘባውን ቁጠባውን ጥቕሚ (economic determinism of



history) ዝዓለመ እዩ' ኢሉ ኣሎ። ግን ድሩት ሓቅነት ዘለዎ ኣበሃህላ እዩ። ምኽንያቱ ብውልቀ-ሰብ ደረጃ ኾነ ብመንግስታት፣ ካብ ሰብኣዊ ድንጋጸን ካልእ ቁጠባዊ ረብሓ ዘየኽትል ረቛሒታትን ዝምንጩ ብዙሕ ተግባራት ኣሎ። እቲ ገንዘብ፣ ዝለዓለ ጽቡቕ እዩ፣ ዝብል ኣመላኽታ'ውን መሰመሩ ዝሰሓተን ዝተጋነነን እኳ እንተኾነ፣ ገንዘብ ኣብ ህይወት፣ ካብቶም ኣዝዮም ዘድልዩና መሳለጥያታት ብቐዳምነት ዝሰርዑ ምዃኑ ዘየካትዕ እዩ።

ገንዘብ እምበኣር፣ ብገዛእ ርእሱ ክፉእ ኰነ ጽቡቕ ሞራላዊ ኣምር ዘይብሉ ነገር እዩ። ገንዘብ፣ ምውሓዱን ምብዛሑን ብዘየገድስ፣ እቲ ዝሓዞ ሰብ ወይ ዋንኡ እዩ፣ ንኽፉእ ኰነ ንጽቡቕ፣ ንጉድኣት ኰነ ንጥቕሚ፣ ከውዕሎን ክገብሮን ዝኽእል። እቲ መጽሓፍ ይብል 'እቲ ፍቕሪ ገንዘብ እዩ ሱር ኩሉ ክፍኣት'[39] እምበር ገንዘብ ኣይኰነን። ግን ከኣ ሓደ ክስትውዓል ዘለዎ ነገር ኣሎ። ገንዘብ ብርቱዕ ሓይሊ ዘለዎ እዩ። ጊልያኻ እንተ ዘይገርካዮ ጐይታኻ ክኸውን እዩ፣ ማለት እንተዘይገዚእካዮ ክገዝኣካ እዩ። እቲ መጽሓፍ ወሲኹ፣ 'ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም'[40] ብምባሉ ሓይሊ ገንዘብ ክሳዕ ክንደይ ብርቱዕ ምዃኑን ኣተሓሕዝኡ ኸኣ ጥንቃቐ ከምዘድልዮን ንምሕባር እዩ። ስለዚ ገንዘብ ጣእት ናይ ምዃን ተኽእሎ ኣለዎ። ከስድዕ ዝኽእል እዩ። እወ ገንዘብ ከም ጠቓሚ መሳርሒ፣ ንርእስናን ንኻልኦትን እንግልገለሉ ምዃኑ ተሪፉ፣ ካብ ጽቡቕን ጥዑምን ተኸልኪልና፣ ብዘይ ገደብ ክንዓቕሮ፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ብረሃጽና ዘይኰነስ ብዘይሕጋዊ መገዲ ክንረኽቦ ዘየቋርጽ ሃንቀውታ እንተደኣ ሰሪጹና ብእኡ ተማሪኽና ኣሎና ማለት እዩ። ስለዚ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ገንዘብ ብዝምልከት ሚዛናዊ ኣመላኽታን ርድኢትን ክህልወና ኣዝዩ ዘድሊ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ካብተን ማንታ እከይ፣ ንፍገትን ሓሻሽነትን፣ ክንርሕቕ ይግብኣና።

ሰባት ንገንዘቦም ኣብ መዓላ ካብ ዘውዕልሉ ቀንዲ መዳያት፣

- መሰረታዊ ድልየታቶም፣ ከም እኒ ምግቢ ክዳን መጽለሊ ንምርካብ
- ጠቓሚ ኣቑሑትን መሳለጥያታትን ከም እኒ ቤት፣ ዝተፈላለዩ ኣቑሑት ገዛ፣ ማኪና፣ ብሽግለታ፣ ተለቪዥን ወዘተ ንምግዛእ
- ኣገልግሎታት ንምግዛእ፣ ስልኪ፣ ምቑጻር ሰራሕተኛ፣ ብነፋሪት ምጉዓዝ
- ልምዓታውን ግብረ-ሰናያውን ተግባራት ንምግባር፣ ንሽጉራት ምርዳእ፣ ቤት ትምህርቲ ወይ ክሊኒክ ምስራሕ፣ ንእብያተ ሃይማኖትን ትካላት ረድኤትን ምድጋፍ
- ምስ ፈተውቶም ሓቢሮም ክሕጐሱን ክብዕሉን

- ንመጋየጺ
- ንምውህላል
- ንወፍሪ፣ ፋብሪካታትን ሕርሻታትን ንምትካል፣

ክኾኑ ክለዉ፣ ክምቲ ኣብ መላእ ዓለም እናተኸሰተ ዝመጽእ ዘሎ ተርእዮ፣ እዚ ኸኣ ጽልዋ ኣሜሪካውያን ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ፣ ሰባት ዝሓሸ ደረጃ መነባብሮ ንምንባር ኣህላኺ ማሕበረ-ሰብ(consumer society) እናኾኑ መጺኦም ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ኸኣ፣ ብፍላይ ኣብቲ መንእሰይ ወለዶ እዚ ናይ ምሕሻሽ ባህርይን፣ ምቾታዊ ቅዲ ህይወትን ዝኸነን ተደላዩን ኰይኑ ኣሎ። በቲ ሓደ ሸነኽ ክኣ፣ ገለ ክፋላት ማሕበረ-ሰብና ብፍላይ እቲ ዓቢ ወለዶን፣ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ናይ ጥሪትን ሕርሻን ሃብታማት፣ ንምቑጣብን ምውህላልን ካብቲ ዝግብኦ ንላዕሊ ክዘውትርዎ ይርአዩ። እቲ ሕቶ፣ ኣብ ክልቲኡ መዳያት፣ ናይ ሚዛን ሕቶ እዩ። ምቑጣብ ኰነ ምህላኽ ክልቲኡ ክድለዩና እዩ፣ ግን ደረቱ ክሳዕ ኣበይ ይኹን ዝብል እዩ። እቲ ውሳነ ንነፍሲ ወከፍ ዝምልከቶ ዝግደፍ ኰይኑ፣ ግን ሓደ ታሕታይ መስመር ክግበረሉ ዝከኣል እዩ።

ንሱ ኸኣ፣ ሓደ ሰብ ሎሚ ጽቡቕ ክነብር ኣለዎ፣ ንጽባሕ'ከ ኢሉ ሎሚ ካብቲ ክነብሮ ዝግብኦ ንታሕቲ፣ ንርእሱ ወጺዑ ብፍላይ ንነዊሕ ጊዜ፣ ዝነብረሉ ዘይቅቡልን ዘይርትዓውን እዩ። ምኽንያቱ ጽባሕ ክህሉን ከይህሉን ኣብ ኢዱ ኣይኰነን። ሽዑ'ኸ እቲ ጨቓቕ ኢሉ፣ ንርእሱ ጥዑም ከሊኡ፣ ዘጥረዮ ንመን ክኸውን እዩ? ክንደይ ሓረስታይ እዩ ቆፎታቱ ብእኽሊ መሊኡ ኸሎ ንሱን ደቁን እንጌራ ከም ልቡ ዘይጸግብ፣ ክንደይ ሃብታም በዓል ጥሪት'ከ እዩ ካብኤን ሓሪዱ ካብ ዝበልዕን ዝሸይጥን ስቕ ምባል ዝመርጽ? ክንደይ በዓል ንዋይ'ከ እዩ ዝሓዞ ዝጨበጦ ናብ ባንክ ከቐምጥ ዝኑዪ? ምናልባሽ ከይበላዕናዮ ሞት እንተ ኣርኪበና'ውን ዘይንደቕናን ወረስትናን እዩ ንብል ንኸውን። ብዛዕባ እዝስ ምንም ጥርጥር የለን፣ እቶም ዝወርሱና ክወርሱና እዮም። ግን ንሕና ክሳዕ መዓልትና ጽቡቕ ክንነብር፣ ንገንዘብና ኸኣ ብግቡእ ክንጥቀመሉ፣ እቲ ዝተረፈ ኸኣ ንሓድግና ክኸውን እዩ እቲ ዝሓይሽ። ጥልቕ ኢልና እንተረኣና ግን እቲ ምቑጣብ፣ ንወረስትና እኹል ሃብቲ ክንሓድገሎም ካብ ዝብል ሓሳብ ዝተበገሰ ዘይኮነስ፣ ወይ ናይ ባህርይና ነጸብራቕ እዩ፣ ወይ ከኣ ናይ ገዛእ ህይወትና መጻኢ ኣተሓሳሲቡና እንገብሮ ምቕርራባት እዩ። ዕድመ እናደፍኤ ምስ ከደ፣ ዓይንን እግርን ምስ ኣበየ፣ ተመጽዋትን ጽግዕተኛን ምእንቲ ከይከውን ካብ ዝብል ሓሳብ ዝተበገሰ እንተ ደኣ ኾይኑ ኣዎንታዊ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ግን ዳርጋ ዘይርትዓውን፣ ወረ ናብ ክንቱነት'ውን ዝጽጋዕ እዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ'ውን ውጽኢት ናይ ዝጸልመተ ኣእምሮ እዩ።



ነታ ሳንቲም እንተ ገልበጥናያ ኸኣ፣ ካልእ ከንቱነት ኣሎ። ንሱ ኸኣ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ሓሻሽነት እዩ፣ እወ ሕሉፍ ሓሻሽነት። ዘሎካ ትሕዝቶ ኵሉ፣ ንጽባሕ ከይሓሰብካ ምብታንን ምብኻንን፣ ኣብ ርእሲ ክዳን ክዳን፣ ኣብ ርእሲ ጫማ ጫማ፣ ኣብ ርእሲ ወርቂ ወርቂ፣ ሕሉፍ ናይ ምግዛእ ድርኺትን፣ ክንዮ ዓቕምኻ ዝኾነ ምቾታዊ ናብራ(dolce vita) ክትነብር ምህቃንን። እዚ ጠባይ እዚ ኸኣ እዩ፣ ንጉቦን ብልሽውናን ስርቅን ቀንዲ ምኽንያት ዝኸውን። ብፍላይ ከኣ፣ ናይቶም ከይሰርሑ ከየፍረዩ ከይደኸሙ ግናኽ እናኣጋየጹ ክነብሩ ዝደልዩ ቁርዲድ ዝኾኑ ሰባት ጽልኡ። ሎሚ ኣብ ሃገርና ብዙሓት ኣብ መንኰብ ሒደት ኩጢጥ ኢሎም ካልአት ብዝለኣኹሎም ዝናበሩ ኣለዉ። ክድገፉ ዝግብኦም ሽማግለታት፣ ወይ ከኣ ረዳኢ ዘይብሎም ዘኽታማትን መበለታትን ናይ ሓቂ ጽጉማትን ዘይኮኑስ ዝተማልኤ ኣካላዊ ብቕዓት ዘለዎም ድልዱላት ክሰርሑ እናኸኣሉ፣ ብቕጻልነት ጽጋዕተኛታት ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ኣዝማዶም ዝኾኑ መሊኦም ኣለዉ። ግን፣ ውልቀ-ሰብ ይኹን ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ክኸውን ዝኽእል፣ ኣብ ማንም ከይተጸግዔ ርእሱ ምስ ዝድግፍ ጥራይ ከም ዝኾነ ብዙሕ ጊዜ ተባሂሉ ኣሎ።

እዚ ሓሻሽነት ካብ ባህርይ ክብገስ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ ግን ዳርጋ መብዛሕትኡ ጊዜ፣ ካብ ሕሱም ድሌት ከንቱ ውዳሰን ዋሕዲ ርእሰ-ተኣማንነትን ዝመንጨወ ይኸውን እዩ። ሎሚ ኣብ ሃገርና፣ ሰባት ንኽርእዩልካን ወሃ ንክብሉኻን ዝግበር ክዳን ስልማት ውራይ ወይ ጉዳይ፣ ካብ ናይ እንዳ ኣቶ እገለ ዝበለጸ ክኸውን ተባሂሉ ብውድድር መንፈስ ዝግበር፣ መሊኡ ኣሎ።

ጽቡቕ ንንበር ንብላዕ ንተሓጐስ፣ ምስ ፈተውትና ከኣ ደስ ይበለና። ነቲ ዝናብን ጸሓይን ኣየርን ብኸምኡ ሂቡ፣ ንዘራኢ ዘርእን ምግቢ ዝኸውን እንጌራን ዝዕድል፣ ሓደ ኣምላኽ ድማ ምምስጋን ኣይንዘንግዕ። ግን ሚዛን ከይንስሕት፣ እዚ ክንገብር ከሎና ንዘክር፣ ዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ጾሙ ከም ዝሓድር፣ ምናልባሽ'ውን ገለ ካብታቶም ከኣ ጐረባብትና ከም ዝኾኑ ንሕሰብ። ነቶም ክማና ዘይተዓደሉ ሰናይ ምግባርን ምምቓልን ነዘውትር። ዝወሃብ የብለይን ኢልና ንሓሰብ እንተሊና ንጋገ ኣሎና። ዝኾነ ሰብ ዋላ እቲ ለማናይ ክህብ ይኽእል እዩ፣ ዝወሃብ'ውን ኣለዎ። እቲ ጠፊኡ ዘሎ እቲ ድሌትን እቲ ልምድን እዩ። ኵሉ ሳዕ ጸዓዱ ከም ወሃብቲ ንሕና ግን ከም ሓንቲ ዘይብልና ድኻታት ተቐበልቲ ጌርና ንርእስና ክንወስዳ እንተድኣ ቀጺልና ክምኡ ኰንና ክንነብር ኢና። ንበሪብር። ድኽነት ብቕዳምነት ዝመጽእ ካብ ናይ ኣተሓሳስባ ድኽነት እዩ። ንምሳሌ ክንደይ ኢና ፈጺምና ዘይንለብሶ ክዳውንቲ ኣብ ከብሕና መሊኡ ዘሎና፣ ክንደይ'ከ እዩ ብቍርን ብዕርቃንን ዝሽገር ዘሎ። ድንጋጸ ይሃልወና። እስኪ ነዚን ቅዱስ ጽሑፋት ነስተውዕለለን።

- 'እቲ ንድኽ ዝጭቀጕን ንፈጣሪኡ ይጸርፍ፣ ንስኡን ዝርሕርሓሉ ግና የኽብሮ'።[41]
- 'እቲ ንድኻ ዝርሕርሓሉ ንእግዚኣብሔር የለቅሖ፣ ንሱ'ውን ንሰናይ ግብሩ ክፈድዮ እዩ'። [42]
- 'ንድኻ ዝሓልየሉ ብጹእ እዩ፣ እግዚኣብሄር ብመዓልቲ መከራ የናግፎ...' [43]

ሓደ ሕቶ እስኪ ክንልዕል። ስለምንታይ እዩም ገለ ሰባት ሃብታማት ገለ ኸኣ ድኻታት ዝኾኑ? ተጊህካ ምስራሕ ምምሃር ምቑጣብ ካልእ ረቛሒታት'ውን ከም እኒ ጊዜን ኣጋጣምን፣ ኣብዚ ኹሉ ተራ ከም ዘለዎ ፍሉጥ እዩ። ብዘይ ፍቓዱ ዝኸውን ነገር ከኣ ምንም ስለ ዘየለ ኢድ ኣምላኽ'ውን፣ ኣብቲ ጊዜን ኣጋጣምን ተባሂሉ ዘሎ ብረቂቕ መገዲ ከም ዘላ እሙን እዩ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ፣ ሓደ ኣርጊጽና ክንብሎ እንኽእል ሓፈሻዊ ሓቂ ግን ኣሎ። ብስራሕ ዝኣምንን ዝተግህን ሰብ ውዒሉ ሓዲሩ፣ ክይሃብተመ እኳ እንተ ዘይበልና፣ ክይሓለፈሉ ኣይተርፍን እዩ። ሃብቲ ንደሊ እንተኾንና ኸኣ (ዳርጋ ኹላትና ኸኣ ንደሊ ኢና) ብመገዲ ስራሕ ጥራይ ክንደልዮ ክንደይ ጽቡቕ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኸኣ፣ ነቲ ኣብ ጊዜ ሰላምን ደሓንን ፈቖዶ ኣብያተ ፍርዲ እናኸደ ንሓድሕዱ፣ ሓው ምስ ሓው፣ ወላዲ ምስ ውሉድ፣ ዝጠላለም ዘሎ ህዝቢ፣ እዛ ጽሕፍቲ፣

> 'ሓደ ካብቶም ህዝቢ ድማ፣ መምህር፣ ንሓወይ ርስተይ ክመቕለኒ በለለይ፣ በሎ። ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ሰብኣይ፣ ኣባኻትኩምከ ዳኛን መማቕልን ገይሩ መን ሸይሙኒ፣ በሎ። ንሱ ኸኣ፣ ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ፣ ተጠንቀቑ፣ ካብ ኲሉ ስስዔ ኸኣ ርእስኹም ሓልዉ፣ በሎም። ከምዚ ኢሉ ኸኣ ምስላ ነገሮም፣ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ግርሁኡ ቐደወሉ። ብልቡ ከኣ፣ እኽለይ ዝእከበላ ስፍራ የብለይን፣ እንታይ ደኣ ክገብር እየ፣ ኢሉ ሓሰበ። ንሱ ድማ፣ ከምዚ እገብር፣ ንማዕከነይ ኣፍሪሰ ኣግፊሔ እሰርሖ፣ ኣብኡ ከኣ ኹሉ እኽለይን ሃብተይን እእክብ። ንነፍሰይ'ውን ኣቲ ነፍሰይ ብዙሕ እተደለበ ሃብቲ ንብዙሕ ዓመታት  ዝኣኽለኪ ኣሎኪ እሞ ዕረፊ፣ ብልዒ ስተዪ ተሓጐሲ እብላ በለ። ኣምላኽ ግና፣ ኣታ ዓሻ፣ ንነፍስኻ ካባኻ ክወስድዋ፣ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለዉ። እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ንመን ክኸውን እዩ፣ በሎ። እቲ ንርእሱ መዝገብ ዝእክብ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃብታም ዘይኮነ ከምኡ እዩ።' [44]



# 10ይ. ወይኒ/ዘስክር መስተ

ምንዝርናን ወይንን ኣእምሮ የጥፍእ ...
ኣእምሮ ዘይብሉ ህዝብስ ክወድቕ እዩ።
ነቢይ ሆሴእ [45]

ወይኒ መላገጺ እዩ፣ ዜስክር መስተ ኸኣ ሃዋኺ እዩ፣
በዚ ሰንከልከል ዝብል ዘበለ ጥበበኛ ኣይኮነን።
ንጉስ ሰሎሞን [46]

ኣሃዛት ከም ዝሕብርዎ፣ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ፣ ልዕሊ 13 ሚልዮን ናይ ኣልኮል ግዙኣት(alcoholics and problem drinkers) ኣለዉ። ኣብታ ሃገር ፍርቂ ናይቲ ብሓደጋ መኪይን ዝስዕብ ሞት፣ እዚ ኸኣ ክባቢ 30,000 ማለት እዩ፣ ብምኽንያት ኣልኮል ሰትዮም ዘሸከርክሩ መራሕቲ መኻይን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዘስዕብዎ ኲሉ መዳያዊ ቁጠባዊ ክሳራ ብገንዘብ ክግመት ከሎ(ብኸራት ሰዓታት ስራሕ፣ ናይ ሕክምና ወጻኢታትን ዝዓነወ ንብረትን) ልዕሊ 100 ቢልዮን ዶላር ከምዝበጽሕ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብታ ሃገር ኣብ ዝፍጸም ገበን'ውን ከም እኒ ቕትለት፣ ዘረፋ መውቃዕቲ ምዕማጽ ደቀንስትዮን ህጻናትን፣ ኣልኮል ዳርጋ መብዛሕትኡ ጊዜ ቀጥታ ምትሕሓዝ ከም ዘለዎ ተበጺሑ ኣሎ።

ካብ ጥንቲ ጀሚሩ መቸም፣ ነፍሲ ወከፍ ማሕበረ-ሰብ፣ ነናቱ ዝኾኑ ውሑዳት ሰኽራማትን ናይ መስተ ግዙኣትን፣ ተሸኪሙን ተጻዊሩን ሓሊፉ እዩ። ብዝሒ ናይዞም ምሸት ምሸት መስተ ክሳዕ ዘርስኖም ዘምስዩ፣ ናቱ እሱራት ከኣ ዝኾኑ ሰባት፣ ብተዛማዲ ኣብዚ ዘበን እዚ ኣዝዩ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ሎሚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ፣ ብፍላይ ፊንላንድ ሽወደን እንግሊዝ ጀርመን ፖላንድ ሩስያ፣ መዓልታት መወዳእታ ሰሙን ንስኽራን እተመደባ ኰይነን ኣለዋ። ኣብዚ ፍልልይ ዘይብሉ፣ ናይ መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን፣ ሰብኡትን ኣንስትን፣ ሽማግለታት ከይተረፉ፣ ኣብ ፈቖዶ ለይታዊ ትልሂታትን ስፍራ ዕብዳንን ባሮት ኣልኮል ኰይኖም፣ ሰብኣዊ ክብረቶም ኣጥፊኦም ናብ እንስሳነት ክልወጡ፣ ኣብ ጥዕናኦምን ገንዘቦምን ሓዳሮምን ከኣ ዕንወት ክውርዱ ክትርኢ ከሎኻ ዘሰክሕ እዩ። ስለምንታይ እዩ ግን ሰብ ዘይሓስብ፣ ነቲ ዝጐድኦ ጥራይ ከኣ ክመርጽ ዝነብር ኢልካ ከኣ ትሓትት። ነዚ ኹሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ግን፣ ኣብ ሓደ መደምደምታ ኢኻ ትበጽሕ፣ ማለት ዘርኢ ሰብ ዝጐድሎ ከም ዘለዎን፣ ኣልኮል ከኣ ዘይተፈልጠ፣ ግናኸ ቁጽሪ ሓደ ፊታዊ ደቂ ሰብ ዝመስል ጸላኢ፣ ምዃኑ ተረጋግጽ።

ኣብ ሃገርና ኸኣ፡ እዚ ተርእዮ እዚ ሱር እናሰደደ ይኸይድ ከም ዘሎ ይገሃድ ኣሎ። ብፍላይ ሰባት፡ ናይ ስራሕ ይኹን ትምህርቲ ወይ ካልእ ጠቓምን ኣፍራይን መደብ ዘይብሎም ክኾኑ ከለዉ፡ ብቀሊሉ ናብ መስተ ከም ዝኣትዉን በብቑሩብ ከኣ ብእኡ ከም ዝጥለፉን ይፍለጥ። እስኪ ካብዚ ቀጺልና፡ እቲ መጽሓፍ ብዛዕባ ዘስክር መስተ ንትምህርትና ክኸውን ኢሉ መዝገቡ ዘጽንሓልናን ዝብለናን፡ ነስተውዕል።

- ኖህ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ወይኒ ክምዝተኸለን፡ ሰትዩ ከም ዝሰኸረን፡ ጥራዩ ክሳዕ ዝኸውን ሃለዋቱ ከም ዘጥፍኤን፣
- ክልቲኤን ኣዋልድ ሎጥ ዘርኢ ንምርካብ፡ ንኣቦኤን ኣብ በበይኑ መዓልቲ ብወይኒ ኣስኪረን ምስኡ ብምድቃስ ካብኡ ከምዝጠነሳን፡ ንሱ ኸኣ ነቲ ዝኾነ ከምዘይፈለጠን፣

ንትምህርትና መዝገቡልና ኣሎ።

' ዋይዋይታ ንመን እዩ? ሓዘን ንመን እዩ? ባእሲ ንመን እዩ? ምስቍርቛር ንመን እዩ? ብዘይ ምኽንያት ምቝሳል ንመን እዩ? ምቕያሕ ዓይንስ ንመን እዩ? ነቶም ኣብ ምስታይ ወይኒ ዝድንጕዩ፡ ነቶም ዝደረቐ ወይኒ ክመርጹ ዝእከቡ እዩ።
ንወይኒ ምቕያሑ፡ ኣብ ብርሰ ምውዕዋዑ፡
ጥዒሙ ምውራዱ ኣይትጠምቶ።
ኣብ መወዳእታ ከም ተመን ይነክስ፡
ከም ኣፍዑት ሕንዙ ፉፍ የብል።
ኣዒንትኻ ሕውዝውዝ ይብላ፡ ልብኻ'ውን ጠዋይ ነገር ይዛረብ።
ኣብ ውሽጢ ባሕሪ በጥ ከም ዝበለ፡ ኣብ ጫፍ ደቐል ከም ዝደቀሰ ኢኻ እትኸውን፡ ወቒዮምንስ ኣይተሰምዓንን፡
ዘቢጦምንስ ኣይተፈለጠንን፡
መኣዝ ክነቕሕ እየ፡ መሊሰ ክደልዮ እየ።' [47]

' ሰትዮም ሕጊ ከይርስዑ እሞ፡ ፍርዲ ኾሎም ግፉዓት ከይልውጡስ፡ እዚ ኣይንነገስታትን እዩ። ነገስታት ወይኒ ክሰትዩ፡ መሳፍንቲ ዘስክር መስተ ኣበይ ኣሎ፡ ክብሉ ኣይግባእን እዩ።' [48]

' እቶም ንብርቱዕ መስተ ክሰዕቡ ወጋሕታ ኣንጊሆም ዝትንስኡ፡ ወይኒ ክሳዕ ዘርስኖም ድማ ኣዝዮም ዘምስዩስ ወይልኦም፡ መሰንቆን ጭራን ከበሮን እምብልታን ወይንን ኣብ ድግሶም ኣሎ፡ ንተግባር እግዚኣብሄር ግና ኣየስተብህልዎን፡
ነቲ ተግባር ኣእዳዉ ከኣ ኣይርእይዎን፡
ስለዚ'ውን ... ተማረኹ... ሲኦል ንትምኒታ ኣርሒባ፡
ኣፋውን ብዘይ ልክዕ ሃህ ኣቢላ ኣላ፡



ክብረቶምን ብዝሒ ሰቦምን ጌጾምን... ናብኣ ይወርድ ኣሎ።' [49]

' ግናኸ እዚኣቶም ድማ ብወይኒ ሰንከልከል ይብሉ፡
ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ኸኣ ይሰናኸሉ።
ካህንን ነብይን ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ሰንከልከል ይብሉ፡
ብወይኒ ይወሓጡ፡ ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ሰንከለከል ይብሉ፡
ኣብ ራእይ ይጋገዩ፡ ኣብ ፍርዲ ይዕንቀፉ ኣለዉ።' [50]

' ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትሰከሩ።' [51]

እቲ ኽፉእ ሳዕቤናት ዘስክር መስተ ክምዝወሓደ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘበን ኸኣ ሓደ ኤይድስ ዝብልዎ ዘስክሕ ፌራ ተወሲኹና ኣሎ። ሰብ ከኣ ብሰላሕታ ይጠፍእ ኣሎ፡ ኣባይቲ ከምዘይነበራ ይኾና ኣለዋ። ካብ ብውግእ ንላዕሊ በዚ ሕማም'ዚ ዝዘኸተሙ በዚሖም ኣለዉ። መስተን ምንዝርናን ንዘበናት ከይተፈላለያ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዘን ንማእለያ ዘይብሎም ጥበብ ዝጕደሎም ሰባት፡ ክብረቶም ከጥፍኡን ዕድሚኦም ከሕጽሩን ዝገበራ እከያት እየን። ስምዒት ምንዝርና ርእሱ ዝኸኣለ ደራኺን ፈታኒን እኳ ክነሱ፡ ሰባት እንተደኣ ብመስተ ልቦናኦም ዘየጥፈኦም ክቈጻጸርዎ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር መስተ እንተልዮም ግን፡ ነቲ ሓሳብ ንምቕዋም ዘሎ ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ ንመስተ ከም ዋዛ ምርኣይ ብሞት ምውዛይ ከም ዝኾነ፡ እዚ ኸኣ ንኻልኦት ንጹሃት ክልክም ከም ዝኸእል፡ ብኾሉ ክስትውዓል ይግብኦ እዩ።

እሞ እንታይ ደኣ እዩ ዝግበሮ? ኾሉ ፋብሪካታት ኣልኮላዊ መስተን እንዳ ሰዋን ሜስን'ዶ ብኣዋጅ መንግስቲ ይተዓጾ። እዚ ክግበር ዝከኣል'ውን እንተዝኸውን፡ ፍታሕ ኰይኑ ክምዘይርከብ ፍሉጥ እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ንዝደለዮ ከይገበረ ኣይዓርፍን እዩ። እንተ ሕጊ ኣፍሪሱ እንተ ካልእ ጥበብ ፈጢሩ፡ ድልየቱ ክገብር እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ እገዳ ኣብ ብዙሓት ሃገራት'ውን ተፈቲኑ ኣይሰርሐን። ግን ንሰብ ከም ሰብ ጥራይ ርኢኻ ነቲ ሕልናኡ ናብቲ ቅኑዕ ክዘምብል፡ ማለት እቲ ናይ ሰብ ሽግር ኣብ ግዳም ዘይኰነ ኣብ ውሽጡ ስለ ዘሎ፡ ንኽትልውጦ ክትፍትን እንተ ዘይኰይኑ ካብኡ ሓሊፍካ ዝግበር ብዙሕ የለን። ስለዚ ሰባት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ ጽፍሒ ሓላፍነትን መሪሕነትን ዝርከቡ ነዚ መጋገዪን ጕዳእን ዝኾነ ወይኒ ብፍቓድ ርእሶም፡ ንዕኦም ከም ዘይተገብኤ ገይሮም ክወስድዎን ክርእይዎን ርእሶም ክገትኡን ኣጸቢቑ ዝግባእ እዩ።

# መበል 11. መጻሕፍትን ትምህርትን

ኣብዚ እንነብረሉ ዘሎና ናይ ስልጣነ ዘበን እቲ ሕጊ መነባብሮ ዘየናሕሲ ፍጹም እዩ፣ ማለት እቲ ንትምህርትን ንስነ-ፍልጠትን ግቡእ ቦታን ምግዳስን ዘይህብ ዓሌትን ህዝብን ውድቀቱ ርግጽ እዩ። ሎሚ እንተድኣ ተዘናጊዕና፣ ጽባሕ ስነ-ፍልጠት ገና ሓደ ደረጃ ክብ ኢሉ ክኸይድ እዩ፣ ሽዑ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይተማህረ ዝወሃብ ብይን ፍሉጥን ይግባይ ዘይብሉን እዩ።

እልፍረድ ኖርዝ ዋይትሄድ

መጽሓፍ ዘይብሉ ቤትን፣ ነፍሲ ዘይብሉ ስጋን ሓደ እዮም።
ቺቸሮ

ክቡር ኣንባቢ፣ ኣእዳውካ መጽሓፍ ኣልዒለን ናይ ምንባብን ምውዳእን ልምዲ ኣለወን'ዶ? ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ክንደይ መጻሕፍቲ ኰን ኣንቢብካ? ወዲእካ? ኣፋሪቕካ? ናይቲ ክመሃር ዘይተዓደለ ክባቢ 75% ህዝብና ንጊዜኡ ንግደፎ እሞ፣ ናይቲ ዝተማህረ እስኪ ንዛረብ። ብመጽናዕቲ ደኣ ኣይተደገፈን እምበር፣ ዲግሪን ዲፕሎማን ሰርቲፊኬት ረኺቦም ኣብ ስራሕ ዓለም'ውን ተዋፊሮም ክነሶም፣ ዝበዝሑ ኣብ ዓመት እኳ ሓንቲ መጽሓፍ ዘይውድኡ መሊኦም እዮም። ገሊኦም፣ መጽሓፍ ምንባብ ምስ ቤት ትምህርቲ ምውፋርን ፈተና ምሕላፍን ጥራይ ዘገናዘብዎ ይመስሉ። ናይ ጊዜ ሕቶ'ውን ኣሎ፣ ብፍላይ ንዝሰርሑ ኣዴታት። ብዓቢኡ ግን ናይ ምዝንጋዕን ልምዲ ዘይምጥራይን ጉዳይ ይመስል።

መጻሕፍቲ ምንባብ ስለ ዘይዝውተር ከኣ እዩ፣ ኣብ መሰረታዊ ክትዕን ቃለ ምልልስን ሓሳብካ ምግላጽን፣ ክህልዉ ዘይግብኦም ጸገማት ዝርኣዩ። ሓደ ቅኑዕ ትዕዝብቲ ግና ኣሎ። ትምህርትን ፍልጠትን ኩሉ ሳዕ እናወሰኽን እናዓበየን ስለ ዝኸይድ፣ መጻሕፍትን ካልእ ጽሑፋትን ብምንባብ፣ ንደረጃ ትምህርቱ ምስ ጊዜ ክሳጉም ዘይክእል ሰብ እናጕደለ ይኸይድ እዩ። ቀደም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዝወሃብ ዝነበረ ሎሚ ኣብ ካልኣይ ደረጃ፣ ንሻምናይ ዝወሃብ ዝነበረ ንራብዓይ፣ ክምኡ እናበለ እናወረደ ዝመጸ ዓይነት ትምህርቲ መሊኡ ኣሎ። ስለዚ ምምሃር ምምሃር ሕጂ'ውን ምምሃር ኣማራጺ ዘይብሉ እዩ። ምንባብ ክንብል ከሎና ብሞያናን ዝንባለናን ጥራይ ዘይኮነ፣ ኵሉ መዳያዊ ኣፍልጦና ዝውስኹ እዋናውያን ኣርእስትታትን ትንታነታትን ከምኡ ድማ ናይ ምብህሃል ዓቕምና ዘዕብዩ ጽሑፋት ማለትና እዩ።

ክሳዕ ክባቢ 1975 ኣቢሉ፣ ኣብ ሃገርና፣ ወለዲ እቲ እንኮ መገዲ ናይ ምዕባለን፣ ዝሓሸ መነባብሮን ትምህርቲ ጥራይ ምዃኑ ይኣምኑ ስለዝነበሩ፣ ንደቆም 'ከማና ምእንቲ ከይትኾኑ ክሓልፈልኩም ተመሃሩ' እናበሉ፣ ናብ



ቤት ትምህርቲ ክኸዱን ፍልጠት ክቐስሙን ኣዘዮም የተባብዕዎም ከምዝነበሩ ናይ ቐረባ ተዘክሮ እዩ። ንርእሶም ምንም ዓይነት ትምህርቲ ዘይነበሮም ወለዲ እኳ ከይተረፉ እታ ዘላቶም ሒደት ገንዘብ ነጊፎም ንደቆም እናኸፈሉ ኣምሂሮም እዮም። ብዙሓት ኣብ ገጠር ኣካባቢ ዝነብሩ'ውን ነቲ ኣዝዩ ዘድልዮም ጉልበታዊ ሓገዝ ደቆም፣ 'ሓንትስ ይመሃሩልና እምበር ባዕልና ንሓርሶ ንጓስዮ' እናበሉ፣ ንደቆም ናብቲ ዝቐረበ ትምህርቲ ዘለዎ ከተማ እናለኣኹ፣ ቀለቦም እናኸኣሉ ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሖም እዮም። ዳርጋ ኩሎም ኤርትራ ዘፍረየቶም ብሉጻት ምሁራት ከኣ፣ በዚ ዝበልናዮ እዋንን ኣገባብን ዝፈረዩ እዮም።

ናይ ደርጊ ስርዓት ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ ግን ጽፈትን ጽሬትን ትምህርቲ እናንቈልቈለ፣ ንምሁር ዝወሃቦ ዝነበረ ደረጃን ኣኽብሮትን ቦታን እናተሓተ ክምዝኸደ ይፍለጥ። ብፍላይ እቲ ኣብ ማሕበረ-ሰብና ብፍሉይ ኣኽብሮት ዝርኤ ዝነበረ ስራሕ መምህርነት ከም ምናምን እተቘጽረሉ ዘበን ሽዑ እዩ ነይሩ። እቲ ካብ ዘበን መግዛእቲ ጥልያን ጀሚሩ፣ ኣብ ኣእምሮ ወለድን ውሉድን ሰሪጹ ዝነበረ ምርዳእ፣ ማለት ትምህርቲ እንኮ መገዲ ምዕባለን ምምሕያሽን፣ ከኣ በብቑሩብ ሃደሽደሽ እናበለ መጺኡ ኣብ ክንድኡ 'ካብ ሓሙሽተ ዲግሪ ሓንቲ ግሮሰሪ' ዝብል ኣመላኽታ ክብጻሕ ተኻኢሉ። ሳዕቤን ናይዚ ሸለልትነት እዚ ሕጂ ይፍደ ኣሎ። ፈቖዶ መገዲ ብዘይ ስራሕ ቀንፊዘው ዝብሉ መንእሰያትና ግዳያት ናይዚ ዝሓለፈ ግጉይ ስርዓት እዮም። ርግጽ እቶም መንእሰያትን ወለዶምን ከኣ ካብ ካልኣዊ ሓላፍነት ክምልጡ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ እቶም በቲ እዋን እቲ'ውን፣ ሰጥ ኢሎም ትምህርቶም ዝተኸታተሉ ብልጫ'ውን ዘርኣዩ፣ ተዓዊቶም እዮም።

ክሳዕ ሰሳታት ጸዓዱ ካብ ጸለምትን ቀያሕትን ብጫታትን ብስልጣኔኦምን መነባብሮኦምን ዝበለጹ፣ ኣብ ኣፈጣጥርኦም ፍልልይ ስለ ዘሎ እዩ ተባሂሉ ዓሌታዊ ዝኾነ መግለጺታት ይቐርብ ነይሩ። እዚ ግን ሎሚ ግጉይ ከም ዝኾነ ዳርጋ ብኹሉ ተኣሚኑሉ ኣሎ። ከምኡ ኸኣ እዩ። እቲ መጽሓፍ ይብለና፣ 'ንሱ ካብ ሓደ ሰብ ኣብ ርእሲ ኹላ ምድሪ ክነብሩ ኩሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ'[52] ይብለና። ንምኽኑ ጸዓዱ ንዓና ዝበልጹና ብምንታይ እዩ፣ ስለምንታይ እዮም'ከ ንዓለም ዝገዝእዋ ዝነበሩ? ሕጂ'ውን እንተኾነ ብቑጠባውን ወተሃደራውን ዝሓየሉ ዝኾኑ ስለምንታይ እዩ? መልሱ ሓጺር እዩ፣ ንትምህርቲ ብቐዳምነት ስሪዮም ፍልጠት ስለ ዝደለቡን፣ ምርምር ስለ ዘካየዱን፣ ብፍላይ ከኣ ንሳይንስን ቴክኖሎጅን ኣማዕቢሎም ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ንዘጋጥሞም ጸገማት ክፈትሑሉ ስለ ዝኸኣሉ ጥራይ እዩ። ምብራቓውያን፣ ንምሳሌ ጃፓን ብ1850 ብሃጸያት መይጂ፣ ንፍልጠት ካብ ኩሉ ኩርናዓት ክናድዩን ክሸምቱን ከም ልዑል ሃገራዊ ዕላማ ገይሮም ስለ ዝሓዝዎ፣ ኣብ ውሽጢ 130 ዓመታት ዓወት ተጐናጺፎም ኣብ ልዕሊ

ምዕራባውያን ክኣ ጸብለልታ ኣመዝጊቦም እዮም። ሎሚ እቲ ዝበለጸ ናይ ኤለክትሮኒክስ ኣቕሑ፣ እተን ዝበለጻ መ'ካይን ኣብ ጃፓን እየን ዝስርሓ ዘለዋ። መኣስ እዚ ጥራይ! ጃፓናውያን ኣብ ኩሉ ዓውድታት ፍልጠት፣ መሰረታዊ ምርምርን ዳህሳስንን ብምኽያድ ካብቶም ናይ መሪሕነት ስፍራ ዝሓዙ ቀዳሞት ኰይኖም ኣለዉ። ናብ ምዕራብ ዓለም ፍልጠት ክሽምቱ ዝተሳእኩ ደቆም'ውን ዳርጋ ኹሎም እቲ ዝተማሀርዎ ንደቂ ዓዶም ክካፍሉ ናብ ዓዶም ተመሊሶም እዮም።

ሪቻርድ ፈይንማን ዝተባህለ ውሩይ ኣሜሪካዊ ናይ ፊዚክስ ሊቅን ናይ 1965 ናይ ኖቤል ተሸላምን፣ ኣብቲ Surely You 're Joking Mr. Feynman ዝብል መጽሓፉ፣ ጃፓን ከመይ ኢላ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ክትምዕብል ከም ዝኸኣለት ክምዚ ኢሉ ኣዘንትዩ ኣሎ። ኣብ ስቶክልም ሽወደን ናይ ኖቤል ሽልማቱ ክቕበል ኣብ ዝተገብረ ስነ ስርዓት፣ ምስቲ ኣብቲ ቦታ ዝተረኽበ ናይ ጃፓን ኣምባሳደር ዕላል ይጅምሩ እሞ፣ ፈይንማን፣ ጃፓን ቅልጡፍ ምዕባለ ክተርኢ ዝገበራ ዋና ምኽንያት እንታይ ኰን ይመስለካ? ኢሉ ንዝሓተቶ ሕቶ፦ እቲ ኣምባሳደር 'ህዝቢ ጃፓን ሓደ እምነት ነይርዎ፣ ንሱ ኸኣ እታ እንኮ መገዲ ምዕባለ፣ ንደቅኻ ካብቲ ንስኻ ዝበጻሕካዮ ደረጃ ትምህርቲ ልዒሎም ክኸዱ ክመሃሩ ምትብባዕ ትብል ኰይና፣ ጃፓን ኣብዚ ዘላቶ ንኽትበጽሕ ካብ ዝገበሩ ምኽንያታት ከም ቀንዲ ክትጥቀስ ትኽእል ይመስለኒ' ኢሉ ከም ዝመለሰሉ ይዛረብ። ብዘይ ጥርጥር፣ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ነዛ ሚስጢር ምዕባለ ኣብ ስሳታት ፈሊጥዋ ነይሩ። ብምኽንያት እቲ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት ግን ክትግበራ ኣይከኣለን። ግን ሕጂ'ውን ተስፋ ኣሎ። ምኽንያቱ ኮርያ ነቲ ጃፓን ዝገበረቶ ኣብ ውሽጢ 40-50 ዓመታት ዘይመልእ ጊዜ ገይራቶ፣ ሲንጋፖርን ታይዋንን ማለዥያን ከኣ ኣብ 30 ዓመታት ክገብርኦ ክኢለን ኣለዋ። ንሕና'ኸ? ንሕና'ውን፣ እንተድኣ እቲ ካልኣት ዝኸፈልዎ ዋጋ ክንከፍል ድሉዋት ኴንና፣ ኣብ ውሽጢ ኣዝዩ ዝሓጸረ ዓመታት ክንገብሮ ንኽእል ኢና። እዚ ኸኣ ንሓደን ክልተን ዘይኮነ ንኹሉ ዜጋ ዝምልከት ከቢድ ሓላፍነት እዩ። መንግስቲ'ውን ኣብዚ፣ ገንዘባዊ ወፍሪ ብምግባር ምቹእ ሃዋህው ኣብ ምፍጣርን ሸቶታት ኣብ ምንጻፍን መሪሕ ተራ ክጻወት ኣውራ ሓላፍነቱ እዩ።

ንዝክር፣ ዓለም ኩሉ ሳዕ ናይቲ ዝሓየለ እያ። ሓይሊ ግን ናይቲ ዝተማህረ እዩ ኾይኑ ዘሎ። ካብ ምህርቲ ናይቲ ዘይተማህረ፣ ናይቲ ዝተማህረ ሓረስታይ በሊጹ ከም ዝተረኽበ ተነጊሩ ኣሎ። ቀደም'ውን ተመሲሉ እዩ፣ ዘይተማህረ ነየድሕን...። እቲ ህጹጽ ሕቶ ሕጂ ግና፣ ሰብ ንርእሱ ከድሕን፣ ማለት ንርእሱ ክሕሾ፣ ይመሃር ዝብል እዩ። እንተዘይኮነ ግን ግዙእ ካልኦት ኰይኑ ክነብር እዩ። እዚ እዩ ኸኣ እቲ ዘየናሕሲ ሕጊ መነባብሮ።



# መበል 12፡ ጊዜ

እቲ ጸገም ዋሕዲ ጊዜ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ፣ በቲ ዘሎና ጊዜ እንታይ ከምንገብር እምበር። ንጊዜ ክንእክቦ ክንድልቦ ንድሕሪት ክንመልሶ ስለ ዘይንኽእል፣ እናሓለፈ ኸሎ ክንቆጻጸሮን ክንጥቀመሉን ይግብኣና። ጊዜና ምምሕዳር እንተዘይኪኢልና፣ ካልእ መዳይ ህይወትና'ውን ክንመሓድር ኣይክንክእልን ኢና።
ደቪድ ዳውሰን

ከም ሞት ርጉጽ ዝኾነ ነገር የለን፣ ከም እዋን ሞት ዘይርጉጽ ዝኾነ ኸኣ የለን።
ቅዱስ ኣውጉስጢኖስ

ኣብ ኒው ሳይንቲስት ዝብል መጽሔት፣ ሓደ ጸሓፊ፡ ኣብ ሓደ ከተማ ዘለዋ ዓበይቲ ናይ ህንጻ ሰዓታት(ከም ናይ ካተድራል፣ ምምሕዳር ከተማ፣ ወዘተ)፣ እቲ ህዝቢ እታ ከተማ ብዛዕባ ጊዜ ዘለዎ ኣተሓሳስባ ዘንጸባርቓ እየን ኢሉ። እዚ ማለት፣ ዝበዝሓ ካብኣተን፡ እንተድኣ ዝኸዳን፣ ትኽክል ጊዜ ዝሕልዋን ኰይነን፣ እቲ ህዝቢ ሰዓቱ ዘኽብርን ክቡርነት ጊዜ ዝፈልጥን እዩ፡ ይብል።

ናባና እንተመጺና፣ ብዘይ ብዙሕ ምርምር፣ ብዛዕባ ጊዜ ዘሎና ኣረኣእያ ንፈልጦ ኢና። እቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ዝበዝሐ ህዝብና እኳ፣ ሰዓት ዘይብሉ እዩ። ጊዜ ንምፍላጥ፣ ከምቲ ንዘበናት ኣቦሓጎታቱ ዝገበርዎ፣ ብጸሓይን ብተባዕታይ ደርሆን፡ እዩ ገና ዝጥቀም ዘሎ። እቲ ዘዛርብ ዘሎ ግን፡ ናይቶም ኣብ ኣእዳውናን ኣብ መናድቕ ገዛናን ምናልባሽ ከኣ ኣብ መኻይናን፣ እሞ ኸኣ ጽቡቕ ዝሰርሓ ሰዓታት ከለዋና፣ ጊዜ ዘይንሕሉ ሰባት እዩ። እንታይ እዩ እቲ ጸገም? ዋሕዲ ምውዳብን ርእሰ ምምሕዳርን ድዩ ወይስ ዋሕዲ ተመክሮን ልምድን? ክንደይ ሰብ እዩ ሰዓት ትሽዓተ ንግሆ ምስ ሰብ ተቛጺሩ፣ ናብቲ ስፍራ ቆጸርኡ ንምብጻሕ ዝወሰደሉ ጊዜ ኣብ ግምት ከየእተወ፣ ካብ ገዝኡ ሰዓት ትሽዓተ ዝብገስ። ብርሃን እኳ እንተኾነ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክበጽሕ ጊዜ ከም ዝወስድ ምሁራን ስነ-ፍልጠት የረጋግጹልና እዮም። ንሕና ደኣ እሞ ኣጋርን ተጸበይቲ ኣውቶቡስን ታክሲን ዝኾንና፣ ክንደየናይ ቕድሚ ጊዜና ክንብገስ ዘይግብኣና?

ግን ሓደ ትዕዝብቲ ኸኣ ኣሎ። ማሕበራዊ ደረጃናን ትምህርትናን ስራሕናን ብዘየገድስ፣ ኩላትና ኣብ ሰዓትካ ምርካብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣቐዲምካ ምርካብ'ውን ንፈልጥ ኢና። ንምሳሌ፣ ቆጸራና ምስ በዓል ስልጣን ወይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ቤት ፍርዲ ወይ ደሞዝ ንምቕባል እንተኾይኑ፣ ቅድሚ ሰብ ኢና እንርከብ። ስለዚ ኣብቲ ኣዝዩ

ዘገድስና ወይ እንደልዮ፡ ኣብ ሰዓትና ንርከብ ኢና። በንጻሩ ግን፡ ኣብ መዓልታዊ ስራሕ ምእታውን ምውጻእን፡ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታትን ካልእ ምብጻሓትን፡ መቕጸዕቲ ዘኽትል ክሳዕ ዘይኮነ ብልምዲ ክንድንጕ ንርኤ ኢና። እቶም ኣብ ጊዜ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝነበሩ፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ሲቪል ኣገልግሎት ኣጥርዮሞ ዝነበሩ ምኽባር ጊዜን ስራሕን፡ ኣብ ስፍርኡ ክምለስ፡ ብቕዳምነት ክህልወና ዘድልየና፡ ዲሲፕሊንን ተሓታትነትን ኣርኣያነትን እዩ። ዲሲፕሊን፡ ገዛእ ርእስና ከነመሓድርን ክንሰርዕን ክንፈቱ፤ ተሓታትነት፡ ዝጸባጸበና ክህልወና እሞ ብእኡ መሰረት ክንዓቢ ወይ ለጠቕ ክንብል፤ ኣርኣያነት ክንብል ከሎና ኸኣ ሓለፍቲ ቀዲሞም ብተግባር ክርእዩና ማለት እዩ።

ጊዜ ወርቂ እዩ ዝብል ኣዘራርባ ንእዝኒ ካብ ዘሰልኪ ጸኒሑ እዩ። ግን እንታይ ማለት እዩ? ሓቕነት'ከ ኣለዎ'ዶ? ክሪስተፈር ኣሲት ከም ዝብሎ 'ህይወት ሓደ ዓቢ ናይ ጊዜ ልውውጥ ወይ መሻረፊ እዩ'። ኣብ ስራሕ፡ ጊዜና ንደሞዝ ንልውጦ። ገንዘብ ከኣ ንምግቢ ንልውጦ። ኣካላትና ኸኣ ንምግቢ፡ ናብ ሓይልን ጥዕናን ይልውጦ፡ ወዘተ። ኣብዚ ኩሉ ንጥፈታትና፡ እቲ መሰረታዊ ዝወሃብን ዝለዋወጥን ዘሎ ግና ጊዜ እዩ። ጊዜ ዋና ትሕዝትና እዩ። ኩሉ ኻልእ፡ ሃብቲ ቤት ዕቤት፡ ክንምነ ንኽእል ኢና። ግን ሕጂ ክንጅምረሉ ኣብ ኢድና ዘሎ፡ ጊዜ ጥራይ እዩ። ርግጽ ዝተማልኤ ጥዕና ክህልወና ኣለዎ። ገለ ሰብ፡ ዝበዝሐ ጊዜኡ ብወረን ዕላልን ምዝናይን (entertainment) ጥራይ ከሕልፎ ዝደሊ ኣሎ። እዚ ከምዚ ዝመሰለ ሰብ፡ ቅዲ ህይወቱ እንተዘይቀይሩ ቀልጢፉ ናብ ስእነትን ድኽነትን ከም ዝኣቱ ጥርጥር የለን። እቲ ጥበበኛ ሰብኣይ ሰሎሞን፡ 'ንኹሉ ጊዜ ኣለዎ'[53] ክምዝበሎ፡ ንኹሉ ኣኣብ ጊዜኡ ክንገብሮ ኸኣ ጽቡቕ እዩ። ኣብቲ ክንመሃረሉ ዝግብኣና ክንመሃር፡ ኣብቲ ክንሰርሓሉ ዝግብኣና ክንሰርሕ፡ ኣብቲ ክንዛነየሉን ክነዕርፈሉን ዝግብኣና ኸኣ ክነዕርፍ። ትምህርቲ ዕድመ ኣይፈልን እዩ ዝብል ኣዘራርባ፡ ሰባት ንኽመሃሩ ንምትብባዕ ዝበሃል ሓቕነት ከኣ ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ዝቐለለ ዝኸውንሲ ኣብ ጊዜኡን ሰዓቱን ምስ ዝግበር እዩ። እዚ ማዕዳ እዚ፡ ንኹሉ ዝጠቅም እኳ ክነሱ፡ ብፍላይ ግን መንእሰያትና ክስተብህልሉ ዝግባእ እዩ።

ጊዜ ብዝምልከት፡ ኩላትና ማዕረ ኢና፡ ናይ ጊዜ ሃብታምን ድኻን ዝበሃል የለን። 24 ሰዓታት ኣብ ሓደ መዓልትን ለይትን፡ 168 ሰዓታት ኣብ ሓደ ሰሙን ንኹላትና፡ በቲ ንኹሉ ትንፋስ ዝሃበ ኣምላኽ፡ ብማዕርነት ከም መቕነን ተዋሂበናና ኣለዋ። ነዘን ሰዓታት ብኸመይ ከም እነሕልፈን ግን፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ውሳነን ሓላፍነትን እዩ። ከምቲ ዝድለ ዝተወደበ ህይወት ንመርሕ እኳ እንተ ዘይኮንና፡ ጊዜታትና ብኸመይ ከም እነሕልፎ ዝሕብረና ንእሽቶ ልቢ-ወለዳዊ ኣብነት እስኪ ክንወስድ።



ኣቶ ዘኢትወደብ ናይ ሰሙን ጊዜኦም ዳርጋ ብኸምዚ ዝስዕብ የሕልፍዎ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ድቃስ | 56 | ስራሕ | 40 |
| ጊዜ ስድራ ቤት | 1 | ምምጋብ | 9 |
| ምብጻሕ | 4 | ምውስዋስ ኣካላት | - |
| ምንባብ | 1 | ምትዕርራይ (ገዛ ማኪና...) | 1 |
| ዕዮ ገዛ | - | ጽሬትን ስነ-ጽባቐን | 1 |
| ምምልላስ (ስራሕ፡ ቤ/ት) | 12 | ዝደለኻ ትገብረሉ ናይ ግሊ ጊዜ | 10 |

ኣቶ ዘኢትወደብ ኩሉ ሰዓታቶም ደሚሮም ካብ 168 ምስ ኣጕደልዎ፡ 33 ሰዓታት ኣበይ ከም ዝኣተወ ምፍላጡ ጸጊምዎም። እዚ ሰዓታት 'ልሒኹ ዝጠፍኤ ጊዜ' ይበሃል። ኩላትና ልሒኹ ዝጠፍእ ጊዜ ኣሎና (ክቡር ኣንባቢ ናትካ ክንደይ ኰን ይኸውን)፡ ግን ከም ርእይቶ ካብ 12 ሰዓታት ክበዝሕ የብሉን።

ጊዜና ብኣገባብ ክንጥቀመሉ፡ መግለጺ መሪሕ ህይወት (Life Mission Statement) ክህልወና የድልየና። እዚ

ኣንፈታዊ (directional) - ኣብ ፍሉጥ ዕላማ ዘብጽሓና፡
ጽላላዊ (umbrella) - ንኹሉ ንገብሮ ኣብ ግምት ዘእቱ፡ ከምኡ ድማ
ምሉእ ዕድመኣዊ (life-time) - ዘይልወጥ ቀጻሊ መሪሕ፡

ክኸውን ይግባእ። እዚ ብፍሉይ ተጻሒፉ ክሰፍር ዘለዎ መግለጺ መሪሕ ህይወት፡ ተግባራዊ ምእንቲ ክኸውን፡ ናይ ርሑቕን ማእከላይን ቀረባን ሸቶታት ክንጸሩሉን ክሕንጸጹሉን የድልዮ። ምእንቲ ከምቲ ዝወጸ መደብ ክብጽሑን ክህረሙን ከኣ፡ ዘድሊ ጻዕሪ ክግበረሎም ይግባእ። ንምሳሌ፡ ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ካልኣዊ መደባትን ሸቶታትን ክስረዙ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብነት፡ መንእሰይ ሰናይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃራይ እዩ። ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ኰይኑ ንማሕበረ-ሰቡን ህዝቡን ከገልግል፡ ዝብል መሪሕ ህይወት ኣለዎ። ነዚ ንኽገብር ግን፡ ናይ ርሑቕ ሸቶኡ - ካብ ናይ ሕክምና ኮሌጅ ክምረቕ፡ ናይ ማእከላይ ሸቶኡ - ኣብ መልቀቒ ፈተና፡ ዩኒቨርሲቲ ዘእቱ ልዑል ነጥቢ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቀዳማይ ዓመት'ውን ኣብ ሕክምና ፋካልቲ ክኣቱ ጸብለልታ ክርኢ፡ ከም ናይ ቀረባ ሸቶኡ ኸኣ - ኣብቲ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ዝወሃብ ናይ ፍርቂ ዓመት ፈተና ንምዕዋት ነጢፉ ኽጽንዕ፡ ሓንጺጹ ኣሎ። ድሮ እኳ ምስ ኣዕሩኽቱ ዝነበሮ ናይ ስፖርትን ካልእ ምዝንጋዕ ጊዜኡን ሰሪዙ፡ እቲ ጊዜ

ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ መደቡ ወሲኹም ኣሎ። ናይ ድቃስ ሰዓታቱ'ውን ብሓደ ሰዓት ኣጕዲሉ ሰዓት ሓሙሽተን ፈረቓን ወጋሕታ ተንሲኡ ኸጽንዕ ጀሚሩ ኣሎ።

ክቡር ኣንባቢ፣ መግለጺ መሪሕ ህይወት ኣሎካዶ? እንተ ዘይብልካ እስኪ ሕጂ ከተውጽእ ርሳስካ ኣልዕል። ዳርጋ ኩሉ ሰብ፣ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ክኾኖ ዝምነዮ ሓሳብ ኣብ ልቡ ይህልዎ እዩ። ንምሳሌ፣ ክህብትም ክመሃር በዓል-መዚ ክኸውን ክምህዝ ናቱ ስራሕ ክኸፍት። ግን እዚ ፍረ ዘለዎ ክኸውን ዝኽእል ክጸሓፍን ክንጸርን ክሎ ጥራይ ዘይኮነ፣ በብግዜኡ ክብጻሕ ዘለዎ ሸቶታት፣ ክሕንጸጽን ክትግበርን ክሎ እዩ።

*ዕዮ ገዛ!* ክቡር ኣንባቢ፣ ወላዲ እንተኾንካ እስኪ ንደቅኻ ምስ ዓበዩ እንታይ ክኾኑን ክገብሩን ከም ዝደልዩ፣ ከመይ ገይሮም ክኣ ኣብኡ ክም ዝበጽሑ፣ ጽሒፎም ክምጽኡ ሕተቶም እሞ ብዘሳ እታ ቤት ተኣኪባ ነቲ ዘቕረብዎ ትስምዖ ትዘራረበሉ፣ እቲ እማመ ንኽብጻሕ ኸኣ ቀጻሊ ደገፍ ትግበር። ደራሲ፣ ገና ቈልዓ ካልኣይ ክፍሊ ኸሎ፣ ወላዲኡ፣ ንርእሶም ዘይተማህሩ ክነሶም፣ ኣብ መጻኢ ክኾኖ ዝደልዮ ጽሒፉ ከቕርብ ሓቲቶምዎ፣ ብፍቓድ ኣምላኽ ልክዕ ከምቲ ሽዑ ቕድሚ 37 ዓመታት ናይ ዩኒቨርሲቲ መምህር ወይ ፕሮፌሰር ክኸውን ዝበሎ፣ ብ1989 ማለት ድሕሪ 28 ዓመታት ከም ዝኾነ፣ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ብምግራም ክዝክርን ክእመንን ክሎ ዝስምዖ ሓጐስ ወሰን የብሉን። ነቶም ከይሰልከዩ ዘምሃርዎ ወለዱን መምህራኑን ህዝቡን ድማ ምስጋናን ሞሳን የቕርብ።

ሎሚ ሰባት፣ ናብ ዕማም ዝዓለሙ፣ ናብ ጊዜ ዝዓለሙ፣ ናብ ሰባት ዝዓለሙ፣ ናብ ፍጻመ ዝዓለሙ፣ ወዘተ (task / time / people / event ... oriented) ተባሂሎም ይጥቀሱ እዮም። እዞም ቀዳሞት ንዝሓዝዎ ዕማም፣ ጊዜን ሰባትን ካልእ ረቛሒታትን ብዙሕ ከይገደሶም፣ ኣጻፊፎም ክውድኡ ዝደልዩ ዓይነት ሰባት እዮም። እቶም ካልኣይ ከኣ፣ ልዕሊ ኹሉ ጊዜ ክሕሎ ኣለዎ ዝብሉን፣ ካብቲ ዝመደብዎ ሰዓታት ወጻኢ ዝኾነ ይኹን ነገር ክገብሩ ዘይፈትዉ ዓይነት ሰባት እዮም። እቶም ሳልሳይ ከኣ፣ ሰብ እዩ እቲ ኣውራ ዘገድስ፣ ዕማም እንተደለየ ይትረፍ፣ ጊዜ እንተደለየ ይሕለፍ፣ ኩሉ ዝግበር ግን ንሰብ ዘሔጉስን ድሌቱን ዘማልእን ክኸውን ኣለዎ ዝብሉ ተደናገጽቲ ዓይነት ሰባት እዮም። እቶም ናይ መወዳእታ ኸኣ፣ ብዙሕ ብዛዕባ ጊዜ ኾነ ሰብ ወይ ጽፈት ስራሕ ከይዓጀቦም፣ እነሆልኩም እቲ ዝተባህለ ተገይሩን ተፈጺሙን ኣሎ ዝብሉ እዮም። እዚ ኹሉ ባህርያትን ዝንባለታትን ከከም ኩነታቱ፣ ጠቓምነት ክም ዘለዎ ዘይስሓት እዩ። እቲ ሽግር ዝመጽእ፣ ኩሉ ሳዕ ሓደ ዓይነት ዝዓለምና ኴንና ጥራይ ክንርከብ ክሎና እዩ። ኣበየናይ ኩነታት እንታይ ዝዓለምና ክንከውን ከም ዘሎና ክንፈልጥ ልቦና ከነጥሪ ከድልየና እዩ። ሓገዝን ድንጋጸን ኣብ ዝድለየሉ



ወጣሪ ሰዓት፣ 'ጊዜ የብለይን፣ ሰዓተይ ኣኺሉ እዩ' ኢልካ ምዕዛር ጭከና እዩ። በንጻሩ ኸኣ፣ ኣብ ንቡር ኩነታት ዘሎ ሰብ ነገሩ ኹሉ፣ ብጊዜን ብመደብን ክፍጽም ክለማመድ ኣለዎ። ሽዑ ልመናን ምምሽኻንን በጃኻ ምባልን ኣይከድልን እዩ።

ቅድሚ ምውዳእና ሓደ ሕቶ ከልዕል። ስለምንታይ እዩ ግን ዘበናዊ ሰብ፣ ሰልጣነ ዘምጽኦ ጊዜ ኸኣ ዝቘጥብ ብዙሕ መሳለጥያታት እናተጠቐመ ኸሎ ወትሩ ክህወኽን 'ጊዜ የብለይን' ክብል ዝስማዕ? ካብ ብእግርኻ ብብሽግለታን ማኪናን ነፋሪትን ምጉዓዝ፣ ካብ ሓዊ ኣጕድካ ብጋዝ ምግብኻ ምድላው፣ ካብ ብዝባንካ ማይ ሩባ ምውራድ ቡምባ ምኽፋት፣ ወዘተ፣ ኣዝዩ ከም ዘስልጥ ኩሉ ዝግንዘቦ ሓቂ እዩ። ግን ስለምንታይ እዩ መመሊሱ ጊዜ ዝሓጽረና?

መልሱ ሓጺር እዩ። ዘበናዊ ሰብ፣ ድልየታት ናይቲ ዝነብረሉ ዝተሓላለኸ ዘበናዊ ህይወቱ ኽማልእ፣ ክጕዪ ግድን ኰይንዎ ኣሎ። እንተ ዘይኮነ ክነብር ኣይክእልን እዩ። ቀደም፣ ናብራ ፈኰስን ቀሊልን እዩ ነይሩ። ሰብ'ውን ብዙሕ ድልየታት ኣይነበሮን። ብሒደት እዩ ዝዓግብ ነይሩ። ሎሚ ግን ኣይከምኡን። ስለዚ ኣብ ርእሲ ስራሕ፣ ትርፊ ስራሕ፣ ምሸታዊ ትምህርቲ፣ ወዘተ ኩሉ ሳዕ ጕያ፣ ኾይኑ ኣሎ። ገለ ኸኣ ዝጐዪ፣ ናብራኡ ከሸንፍ ዘይኮነስ፣ ምእንቲ ክህብትም እዩ ። ገለ ኸኣ ዝያዳ ሰዓታት ምእንቲ ክዛነ እዩ ዝጐዪ። ህይወት ከኣ ሓጻር እያ። ግን ነቲ ኣገዳሲ ጉዳያት፣ ቅድም ክንሰርዖ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓላፍነት እዩ። ሓደ ሓቂ ኸኣ ኣሎ፣ ንሱ ኸኣ፣ ነቲ ኣጸቢቕና እንደልዮ ክንገብር ጊዜ ኣይንስእንን ኢና።

ህይወት፣ ጊዜ፣ ዘልኣለም። ህይወት፣ ብልደትን ሞትን ዝተደረተት፣ ኣዝያ ሓጻር ክፋል ናይ ጊዜ እያ። ጊዜ ኸኣ ኣዝዩ ሓጺር ክፋል ናይ ዘልኣለምነት እዩ። እቲ መጽሓፍ ይብለና፣ '... ኣምላኽ ንዘልኣለምነት ኣብ ልቢ ሰብ ኣንበሮ'[54]። ግን ሰባት ብዛዕባ ዘልኣለማዊ ክውንነታት ምሕሳብ ሓዲጎም ብዛዕባ ጠፋኢን በራሲን ሓዲጎምዎ ዝኸዱ ሓላፊ ነገራት ጥራይ ክግደሱ ዝመረጹ እዮም ዝመስሉ። ለባማት ግን፣ ንሕና እንተ ኣሊና ኣምላኽ'ውን እንተፈቒዱ ኢሎም፣ ንሽሕ ዓመት ከም ዝነብሩ ገይሮም መደባት የውጽኡ፣ ግናኸ ሞት ኣብ ዝኾነ ደቒቕ ክመጽእ ከም ዝኽእል ፈሊጦም፣ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኾም፣ ክኣ ይዳለዉሉ እዮም። ስለዚ ኩሉ ጕያና፣ በቲ ዓቢ መደላደሊ (The Great Equalizer) ዝኾነ ሞት ከም ዝዛዘም ፈሊጥና፣ ንሕሰብ እሞ ናብቲ ቅኑዕ መገዲ ንመለስ። ካብ ዓመጽን ግፍዕን ንዝበል፣ መገዲ ሰላምን ቅንዕናን ክኣ ንምረጽ።

*' ዎ እግዚኣብሄር ከመይ ዝበልኩ ሓላፊ ምኺነይ ምእንቲ ኽፈልጥ*
*መወዳእታይን ልክዕ መዓልትታተይን ክንደይ ምዃኑ ኣዘክረኒ።*
*እነሆ፡ ንመዓልትታተይ ከም ምናሕ ስድሪ ገበርካየን፡*
*ዕድመይ ኣብ ቅድሜኻስ ከም ምናምን እዩ፡*
*ብሓቂ ኹሉ ሰብ ጸኒዑ እንተ ቘመ እኳ፡ ከንቱ ጥራይ እዩ።*
*ብሓቂ ሰብ ከም ጽላሎት ይመላለስ*
*እወ ንኸንቱ እዩ ዝህወኽ*
*ይድልብ፡ ንመን ምዃኑ'ውን ኣይፈልጥን።*
*ሕጂ'ኸ እንታይ እጽበ ኣሎኹ?*
*ጐይታየ፡ ተስፋይ ብኣኻ እዩ። '* [55]



# መበል 13. ቅድሚ ውድቀት፡ ትዕቢት

ንትዕቢተኛታት ቦታ የለን።
ዮኑስ ኢብራሂም

እቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ኹሎም ብእኡ ከም ገለ እኳ ኣይቍጸሩን፡ ንሱ ኣብ ሰራዊት ሰማይን ኣብቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩን ከም ፍቃዱ እዩ ዝገብር። ንኢዱ ክኽልክሎ፡ ስለምንታይ እዚ ትገብር ክብሎ ዝኽእል'ውን የሉን... ነቶም ተዓብዮም ዝኸዱ ክዋርዶም ይኽእል እዩ።
ንጉስ ነቡካድነጻር [56]

ከም ህዝቢ ኤርትራውያን ትዕቢተኛታት ኢና ዝብል ኣረኣእያ ፈጺሙ የብለይን። ምኽንያቱ፡ ቀዳማይ፡ ጃምላዊ ኣዘራርባታት(stereotypes) ማለት እዞም ዓዲ ወይ ዓሌት እዚ'ኦም ከምዚ እዮም ዝብል፡ ዝውቱር እኳ እንተኾነ፡ ቅሩብ ሓቅነት'ውን ክህልዎ እንተኽኣለ፡ ዓሌታትን ህዝብታትን ክቐራረቡ ዘይሕግዝ ስለ ዝኾነ፡ ጥንቃቐ ክግበረሉ ዝሓይሽ ይመስለኒ። ግን ንርእሰኻ ምፍላጥ ከኣ ዓቢ ነገር ስለ ዝኾነ እስኪ ነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ ብዛዕባ'ዚ ይሕሰበሉን ይዘራረበሉን። ካልኣይ ከኣ፡ ትዕቢተኛታት ኣብ ሓደ ህዝብን ዓሌትን ሃገርን ጥራይ ዝተወሰኑ ዘይኮኑ፡ ኣብ ኩሉ ህዝብታት ከም ቀመም ተዘርጊሖም ዝርከቡ እዮም።

ሰባት መቸም ብዝተፈላለየ ነገራት ይዕበዩን ይጅሃሩን እዮም። ንምሳሌ፡ ሰብ ብዘለዎ ሃብቲ ሓይሊ ፍልጠት ትዕቢት ክስምዮ ይርኤ እዩ። ሰብኡት ንብረት ብምጥራዮም፡ ማኪና ወኒኖም ከኣ ሰተትት ብምባሎም፡ ኣንስቲ ብጽቡቕ መልክዔን ክዳውንተን ስልማተን ተመኪሐን መን ከማይ ክብላ፡ ገለ ኸኣ ብትውልዱን ብዓዱን፡ ብዓሌቱን ብሃገሩን ተነይቱ ንኻልእ ክንዕቕን ኣፉ ኣውጺኡ ኸኣ ኣነ'ኮ ክብልን፡ ርእሱ ምስ ካልእ ኣወዳዲሩ ክጀሃርን ይስማዕ እዩ። ከምኡ ገይሩ ኸኣ ዝጽልኣካ የልቦን። ኩላትና እኳ ብዝተፈላለየ ዓቐን ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት፡ ናይ ትዕቢት መንፈስ ዘንጸላልወና'ን ዝስዕረናን እንተ ኾነ፡ ነቲ ብቐጻሊ ዕቡይ ዝኾነ ሰብሲ ክንጻወሮ ኣይንኽእልን ኢና። ብፍላይ ኣብ መንጐ ክልተ ዕቡያት ዘሎ ጽልኢ ኸኣ ዶብ ዘይብሉ ሕማቕ እዩ። ከምቲ ኣብ ሓደ መዳይ ዝዋፈሩ ነጋዶ፡ ኩሉ ሳዕ ዘይሰማምዑ፡ ከምኡ እዩ። እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከየውደቖ ወይ ከየጥፈኦ ኣይዓርፉን እዮም። ኣብዚ ኸኣ እዩ ዘሎ እቲ ናይ ትዕቢት

ሕሰም። ክፉእ ድርኺት ዘለዎ ውድድር። ቀዳማይ ክትከውን፡ ብሉጽን ንኡድን ኳንካ ክትርከብ ቅኑልን ጥዑይን ክተባባዕ ከኣ ዘለዎን ምኽኑ ርዱእ እዩ። ግን ትዕቢተኛ ሰብ ከምዚ ኣይኮነን፡ ብጀክኡ ካልእ ክህሉ ኣይደልን እዩ። ብዛዕባ ብጸዩ ዘለዎ ትምኒት ክፉእ እዩ፡ ዋላ ትሕቲኡን ድሕሪኡን ከም ዘሎ እኳ እንተረጋገጸ።

ናይ ትዕቢት መንፈስ ዘለዎ ሰብ፡ መገዱ ኩሉ ሳዕ ተሪር እዩ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ኸምዚ ዝበለ ሰብ ሰባት ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ብዓቢኡ ኣምላኽ'ውን ስለ ዝጸርር። እቲ መጽሓፍ ይብል' ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓቶም'[57]። ኣምላኽ ምሉእ መዓልቲ፡ ኣብ ገጽ ምድሪ ንዘለዉ፡ ልዕል ዝበለ ሓሳብ ዘለዎም፡ ልሳንና ድሌትና ክንዛረበሉ ኢና መን እዩ'ሽ ጐይታና ዝብሉ ደፋራት፡ ጊዜኡ እንዳሓለወ ክዋርዶምን ለጠቕ ክብሎምን ከም ዝውዕል ኣብ ቃሉ ነንብብ። ስለዚ ዝኾንና እንተኾንና ዘስለጥና እንተስለጥና፡ ንኻልእ ማለት ንኣምላኽ ንብጸይና ነቲ ጉጅለ፡ ምስጋና ክንህብ እንተ ዘይተረኺብና፡ ኣነ ብጀካይ ባዕለይ እንዳበልና ብርእስና ገለ ከም ዝኾንና ክመስለና ክጅምር ከሎ፡ ዓቢ ሽግር ኣብ ልዕሌና ክንጸላሉ እዩ። እቲ በይኑ 'ኣነ እየ፡ ብጀካይ ካልእ የልቦን'[58] ዝበለ ኣምላኽ ነቲ 'ኣነ ገለ እየ'[59] ዝብል ትምክሕተኛ ሰብ ክዋርዶን ክንቱ ክገብሮን ክትንስእ ናይ ግድን እዩ። ግን ንኹሉ በብሰዓቱን መስፈሩ ምስ መልኤን እዩ ዝገብሮ። ክምቲ ንሕና ብዙሕ ጊዜ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእትና ወይ እቶም ዝዓገቱና ብኡ ብኡ ፍርዲ ክፍጸም እሞ፡ ሕጂ ግርም ኣሰይ እንቛዓነይ ክንብል ሃረር እንብል፡ ከምኡ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ እዩ እምበር ሰብ ኣይኮነን።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ፡ በብዘበኑ ብትዕቢት ተወጢሮም ዝተላዕሉ ነገስታት ሓያላት ህዝብታት ዓድታት ስልጣናት፡ ውልቀ-ሰባት ኢድ ኣምላኽ ብስልጣን ከም ዘዋረደቶምን ለጠቕ ዘበለቶምን ተመዝጊቡ ኣሎ።

ንምሳሌ፡ ሶዶም ኣብ ርእሲ እቲ እትፍለጠሉ ናይ ርኽሰት ኣበሳ፡ ትዕቢትን፡ ጽጋብ እንጌራን፡ ትህኪትን ንድኻ ምግፋዕን ነበራ። ንሳን ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ዓድታት ከኣ እግዚኣብሄር ፈሪድወን ብሓዊ መስከሒ ኰይነን ጠፊኤን።

ፈርኦን፡ ' እግዚኣብሄር መን እዩ? ንእግዚኣብሄር ኣይፈልጥን'[60] ስለ ዝበለ መዓት ኣብ ልዕሊ ግብጺ ወረደ፡ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ምስ ሰራዊቱ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ጥሒሉ ጠፊኡ ።

ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር፡ 'እግዚኣብሄርዶ ንየሩሳሌም ካብ ኢደይ ከድሕና ይኽእል እዩ' ኢሉ ስለ ዝተዓበየ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ወሪዱ ብሓደ



ለይቲ ን185,000 ዝኣኽሉ ካብ ሰራዊቱ ብሓደ ለይቲ ከምዝቐተለ እሞ ንየሩሳሌም ከይሓዛ ከም ዝተመልሰ፡ ዓዱ ምስ ኣተወ'ውን ክልተ ደቁ ተመሓሒሎምሉ ብሴፍ ከም ዝቐተልዎ፡ ተመዝጊቡ ኣሎ [61]። ነዚ ፍጻመ እዚ፡ ሄሮዶተስ ዝተባህለ ግሪኻዊ ናይ ጥንቲ ታሪኽ ጸሓፊ፡ ነቲ ሰራዊት ናይ ሓደ ለይቲ ፈራ ከምዝወድአ ገይሩ መዝጊብዎ ኣሎ።

ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን፡ ካብ ናይ ጥንታዊ ዓለም ሸውዓተ ድንቅታት ሓንቲ ዝተባህለት፡ ነታ ዝንጥልጠል ሰፍራ ኣታኽልቲ(The hanging garden of Babylon) ዝነበራ ዓባይ ዋና ከተማኡ ባቢሎን፡ ኣቐዲሙ እኳ ተነጊርዎ ከሎ፡ 'እዚኣ እታ ንኽብረ ግርማይን ንቤተ መንግስተይን ክትከውን ኢለ ብሓይሊ ስልጣነይ ዝሃነጽክዋ ዓባይ ባቢሎንዶ ኣይኮነትን'[62] ኢሉ ስለ ዝተዓበየ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሰብ ዝመልኽ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ሓደ ኣምላኽ ከኣ ክብረ ስለ ዘይሃበ ንሸውዓተ ዓመታት ከም እንስሳ ኰይኑ ከም ዝተጸለለ ንርኢ። እተን ጊዜ ምስ ተወድኣ ኸኣ ኣእምሮኡ ከም ዝተመልሰሉ እሞ ናብ ዝፋኑ ተመሊሱ ብዛዕባ ኣምላኽ፡ ክምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ዘይወድቕ ምኽሪ ተዛሪቡ ሓሊፉ ኣሎ።

ንጉስ ሄሮድስ፡ ልብሲ መንግስቱ ገይሩ ህዝቢ ኣኪቡ መደረ ምስ ኣስምዔ፡ እቶም ህዝቢ 'እዝስ ድምጺ ኣምላኽ እዩ እምበር ድምጺ ሰብ ኣይኮነን'[63] ኢሎም ምስ ጨደሩ፡ ንኣምላኽ ክብረ ስለ ዘይሃበን ንመደቡ ስለ እተጻረረን ብኡ ብኡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከምዝቐዘፎን ሓሲኹ ከም ዝሞተን ንርኢ።

ናብ ዘበናዊ ዛንታ ዓለም እንተመጻእና ኸኣ ናይ ሂትለር ቕልጡፍ ናብ ስልጣን ምድያብን፡ ዝሓዞ እኩይ ፍልስፍናን፡ ዘስዓቦ ቕልጡፍ ጥፍኣትን ንርኢ። ሂትለር ብ1933 ብዲሞክራሲያዊ ምርጫ እዩ ስልጣን ጨቢጡ። ነቲ ኣብ ቀዳማይ ኹናት ዓለም ጀርመናውያን ዝቐመስዎ ስዕረት ንኽግልብጥ፡ ንሽሕ ዓመት ዝነግስ መወዳድርቲ ዘይብሉ ሓያል መንግስቲ 'ሳልሳይ ራይሽ' ንምምስራት፡ ነቲ ንቡር ሃገራዊ ስምዒቶም መዝሚዙ፡ 'ንሕና ጀርመናውያን ካብ ኩሎም ዓሌታት ደቂ ሰብ፡ ዝጸረየ ዘርእን ደምን ስለ ዘሎና ንዓለም ክንገዝእ ይግብኣና እዩ' ኢሉ ንውግእ ኣሰሊፍዎም። ጸየቕቲ ዓሌት ንዝበሎም ኣይሁድ ብዝተጸፈፈን ዝተወደበን መገዲ ክጽንቶም ተበጊሱ። 6 ሚልዮን ካብኣቶም'ውን ብኣሰቃቒ መገዲ ኣጥፊእዎም። እቲ እኩይ መደቡ ግን ንኣይሁድ ጥራይ ምጥፋእ ኣይነበረን። ካብኦም ቀጺሉ ንፖላንዳውያን ፈረንሳውያን እንግሊዛውያን ንካቶሊካውያን ንጸለምቲ ድማ እምበር። ኣብቲ ንሓሙሽተ ዓመት ዝተገብረ 25 ሃገራት ዝተሳተፍኦ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ብጠቕላላ ልዕሊ

55 ሚልዮን ህዝቢ ሞይቱ። ካባኢ 5 ሚልዮን ህዝቢ ጀርመን ሞይቶም፣ ከተማታቶም ዓንየን፣ ሂትለር ኸኣ ንርእሱ ባዕሉ ቐቲሉ ተረኺቡ። ኣጥፊኡ ጠፊኡ። እቲ ምንጋስ ግን ኣይተረኸበን።

እምበኣር ንትዕቢተኛታት ቦታ የለን። ኣበይ? ኣብ ምድሪ፣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ፣ ኣብ ሰማይ። ኣብታ ኣምላኽ ዝፈጠራ ዩኒቨርስ፣ ንትዕቢተኛታት ሕጂ'ውን ቦታ የለን።

መብዛሕትኡ ጊዜ ትዕቢት ንውልቀ-ሰብ ይኹን ንሓደ ህዝቢ ዘጥቅዮ፣ ኣሳልጦ ምስ ረኸበ ወይ ዓወት ምስ ተጐናጸፈ እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዘሰመርናሉ፣ ብዝረኸብናዮ ዓወት ክንሕጐስን ብዓቕን ክንሕበንን ግቡእ እኳ እንተኾነ፣ ቀስ ብቐስ መስመር ሓሊፍና ናይ መን ከማይነትን፣ ዘይተሰዓርነትን (invincibility)፣ ዘይተጋጋይነትን(infallibility) ስምዒት ክሓድረና ይኽእል እዩ። ሰባት ምኽንናን ዓቕምና ድሩት ምኻኑን ከኣ ክንዝንግዕ ንጅምር። ብዙሕ ከይጸናሕና ኸኣ ንዕቕት ንኸደን፣ ትዕቢት ከኣ ንውንዘፍ። ሽዑ ንሒደት እዋን ኣብቲ በሪኽ፣ ኣብቲ ጫፍ፣ ኣብቲ ደቐል በይንና ኮፍ ንብል። ምኽሪ ከይንቕበል መን ከርክበና፣ መን ክበጽሓና፣ ኣዚና ላዕሊ ኢና ዘሎና። እንተ ተረኺበ ኸኣ ኣይንሰምዮን ኣይንቕበሎን ኢና። ሽዑ ብሃንደበት ከይሓሰብናዮ ከይተጸበናዮ ቍልቍል ኣፍና ንታሕቲ ንድፋእ ንወድቕ ንሰባበር። ኣብዚ፣ ይረድኣና ኣይረድኣና፣ ኵሉ ሳዕ ኢድ ኣምላኽ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣላ። ምኽንያቱ፣ ኣምላኽ ንዕቡያት ከጻረሮም ሕጊ እዩ። ምስባርና ብመጠን እቲ ልዕል ኢልና ዝኸድናዮን ዝተዓበናዮን እዩ ዝኸውን። ገለ ካልኣይ ዕድል ይረኽቡ እዮም፣ ገለ ግን ብእኡ የብቕዑ እዮም። መብዛሕትኡ፣ ምስ ወደቐ እዝኑ ይኸፈት እዩ። ካብ ጌጋኡ ይመሃር ዶ ኣይመሃርን፣ ንሱ ግን ካልእ ሕቶ እዩ።

ትዕቢት፣ ብቓላትን ብተግባርን ዝግለጽ እኳ እንተኾነ፣ ብመሰረቱ ግን መንፈስን ሓሳብን እዩ። ብድሕሪ ኵሉ ትዕቢት ከኣ፣ ሰይጣን እቲ ኣቦ ትዕቢት ኣሎ። ትዕቢት፣ ነቲ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ ዝብድህ ብምኳኑ ኸኣ፣ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ስለዚ ትሑት ሓሳብ ክህልወና ክንስተብህል ኣዝዩ ዘግብኣና እዩ። እዘን ሕቶታት እዚኤን ንርእስና ሓቲትና እንተደኣ ብቕንዕና መሊስናየን፣ ካብ መስመር ከይንወጽእ ይሕግዛ እየን።

1. ሓነ መን እየ?
2. ካበይ ተበጊሰ?
3. ኣብዚ ዘሎኹዎ ደረጃ ከመይ ኢለ በጺሐ?
4. ዓቕመይከ ክሳዕ ክንደይ እዩ?



ብተወሳኺ፣ ክንጋገ ከም እንኽእል፡ ካባና ዝሕሹ ሰባት ብዙሓት ክህልዉ ከም ዝኽእሉን ከም ዘለዉን፣ ብዓቢኡ ኸኣ ትንፋስና ኣብ ኢድና ከም ዘይኰነት ወፈርና ዘይንምለስ ደቂስና ዘይንትንስእ ክንከውን ከም እንኽእል፣ ምዝካር የድልየና።

ኣብ ናይ ጥንቲ ሮማ፣ ነቶም ኣብ ዓውዲ ውግእ ፍሉይ ቅያን ሞያን ዝሰርሑ ጀጋኑ ኣብ ሰረገላ ኣወጢሖም፣ ተቐማጦ እታ ዓባይ ከተማ ኵሎም ተኣኪቦም ኣብ ጐደናታት ብየማነ ጸጋም ተሰሊፎም፣ ናይ ክብርን ሞጎስን ኣድናቆትን ጭርሖታት እናገበሩ ብዓቢ ዓጀብ የዝርዎም ከም ዝነበሩ ይንገር። ግናኸ በቲ ሰባት ዝህብዎም ናእዳ ምእንቲ ከይስኽሩ እሞ መንነቶም ከይርስዑ፣ ኣብ እግሪ ምስኦም ኣብታ ዘለውዋ ሰረገላ ተጸቒጦም፣ 'ኣንታ ከምዚ ዝኾንካ ዝገበርካ ዘጕደልካ' እናበሉ ዝቐደመ ሕመቐም ሕሹኸ ኢሎም ዘዘክርዎም ይገብሩሎም ነበሩ ይበሃል። እምበኣር፣ በዛ ናይ ማላይ(ማለዥያ) ምስላን ብሂልን ክንውድእ፣ ' ህበይሲ ኣብ እም ሓኹራ ብዝደየበቶ መጠን መዓኮራ ትቕላዕ' እዩ'ሞ ኣምላኽ ትሑት መንፈሱ ንኹላትና ክህበና ናብኡ ንቕረብ፣ ንድለዮ ንፍርሃዮ ኸኣ።

- ' "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣብ ሰብ ዝውከል፡ ቅልጽሙ ኸኣ ኣብ ስጋ ዝገብር፣ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሄር ዝርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። ንሱ ኸም ንቑጽ ቈጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፣ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ፡ ኣብ ምድሪ በዳ፣ ኣብቲ ሓደ እኳ ዘይነብሮ ምድሪ ጨው ይነብር እምበር፣ ጥዑም ምስ መጸ፣ ኣይርእዮን። ኣብ እግዚኣብሄር ዝውከል፣ ትጽቢቱ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሄር ዝገብር ሰብ ብሩኽ እዩ። ንሱ ኸምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተኽለት፣ ሱራ ኣብ ርባ ኣቢሉ ዘሳፍሕ ኦም እዩ፣ ዋዒ እንተመጸ፣ ኣይትፈርህን፣ ቈጽላ ከኣ ለሚዑ ይነብር። ብዓመት ደርቂ ኣይተንከርን፣ ካብ ምፍራይውን ኣይተቛርጽን።'[64]
- እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም፣ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር፣ ክንነግድን ክንረብሕን ኢና፣ እትብሉ፣ ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዝኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ህይወትኩም ደኣ እንታይ እያ፣ ንቕሩብ ጊዜ ተራእዩስ፣ ደሓር ዝበንን ትኪ ኢኹም። ጐይታ እንተፈቐደስ፣ ንሕናውን እንተኣሊና እዚ ወይስ እቲ ኽንገብር ኢና፣ ኣብ ክንዲ ምባልሲ፣ ሕጂ ግና ብምጅሃርኩም ትምክሑ ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ትምክሕቲ ኵሉ ኽፉእ እዩ።'[65]

# መዕጸዊ ቃል

እቲ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ክንብሎ ፈቲንና ዘሎ እምበኣር ሕጽር ብዝበለ ቃል፥ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። እዛ እንነብረላ ዘሎና ዓለም ሞራላዊ ሕግታት ዘለዋ እያ፥ ስለ ዝኾነ ኸኣ፥ ነዚ ሕግታት ብምሕላውና ወይ ብምጥሓስና፡ ኣብዛ ሕጂ ዘላ ህይወት ኩነ ኣብታ እትመጽእ፥ እንረኽቦ ጽቡቕ ወይ ዝወርደና ጉድኣት ስለ ዘሎ፥ ህይወትና ነመዓራሪ ዝብል እዩ።

ገለ ኣንበብቲ፥ በዚ ኣብዚ መጽሓፍ ተገሊጹ ዘሎ ምኽርን ማዕዳን መጠንቀቕታን ተጠቒሞም፥ ኣብ ምምራሕ ህይወቶም ምምሕያሽን ለውጢን ከም ዝገብሩ ብወገን ደራሲ ምንም ዓይነት ጥርጥር የልቦን። ምኽንያቱ ፍልጠት የብርሀ እዩ፥ ይሕግዝ እዩ። ግን ከኣ ገለ ትኩር ኣንባቢ፥ ብፍላይ ብዛዕባ እቲ ሞራላዊ ሕግታት ኣመልኪቱ፥' ናይ ደቂ ሰብ ሽግር ዋሕዲ ኣፍልጦ ወይ ሓበሬታ ዘይኮነ፥ ብቐዳምነት ዋሕዲ ዓቕምን ሓይልን እዩ። ማለት ኩላትና ክንሰርቕ ክንሕሱ ክንምንዝር ክንዕምጽ ከንድሉ ከም ዘይግብኣና ኣጸቢቕና ንፈልጥን ንርዳእን ኢና፥ ክንብድል ከሎና'ውን ሕልናና ይወቕሰና እዩ። ግን ካብዚ ዓንኬል እዚ ከመይ ጌርካ ከም ዝውጻእ፥ ንሱ እዩ እቲ ዋና ጸገም እምበር ዋሕዲ ምኽርን ፍልጠትን ኣይኮነን' ክብል ይኽእል እዩ። እዚ ቅኑዕ ሕቶን ትዕዝብትን እዩ። ምኽንያቱ ዓለም ትጠፍእ ዘላስ፥ ሰኣን ምኽርን ማዕዳን ጥራይ ኣይኮነትን።

ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ዝሸየጥ ሽጋራ፥ ' ሽጋራ ምትካኽ ንጥዕናኻ ጠንቂ ምኻኑ እቲ ርእሰ-ሓኪም የጠንቕቕካ' ዝብል ጽሑፍ ኣብቲ ባኮኡ ተጻሒፉሉ ክነሱ፥ ሰባት ሓኻይም'ውን ከይተረፉ ሳዕቤኑ እናፈለጡ ሽጋራ የትክኹ። እቲ ኣልኮላዊ መስተ ሰትዩ ዝሰክር'ውን ከምኡ። እቲ ዝምንዝር'ውን፥ እቲ ዝሰርቕ'ውን፥ እቲ ዝሕሱ'ውን። እናፈለጠ እዩ ነቲ ዝደልዮ ዝገብሮ። ርግጽ ኣብዚ ኩሉ ናይ ልምዲ ወይ ወልፊ ምጥራይ ነገር ኣሎ። እቲ ልምዲ ይእዝዘካ፥ ናቱ ባርያ ኸኣ ይገብረካ፥ ንስኻ ከኣ ግዙኡ ትኸውን። ኣብዚ ግን ናይ ፍቓድ ወይ ድሌት ጉዳይ ከኣ ኣሎ። ገለ ነቲ ልምዱ ዝፈትዎ፥ ዝጐድኦ እኳ ከም ዝኾነ እናፈለጠ፥ ክሓድጐ ዘይደሊ ሰብ ኣሎ። ዝበዝሐ ሰብ ግን እናጸልኦ ኸሎ፥ ካብኡ ዘናግፎ ሓይሊ ስለ ዝሰኣነ፥ ' ካብዝስ መን ኰን የድሕነኒ' እናበለ፥ ብዘይ ፍቓዱ ዝተቐየደ እሱር ኰይኑ ይነብር ።

ሰብ ምስ ኣምላኽ ክመሳለስ ከም ዝተፈጥረ ኣቐዲምና ኢልና ኣሎና። ግን ሰብ ኣብቲ ዝተፈጥረሉ ክቡር ዕላማ ኣይጸንዔን። ኣብ ኣምላኽ ተጸጊዕካ ካብ ምንባር፥ ብርእስኻ ዘዋጽኣካ እናገበርካ ጐይታ ርእስኻ ኼንካ ምንባር ይሓይሽ ኢሉ ካብታ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም በሊዑ እዩ። እዚ

ኸኣ ናይ ኣዳምን ሄዋንን ውሳነ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዘርኢ ሰብ ውሳነ ኰይኑ ተረኺቡ። ብዘይ ኣምላኽ ክኣ ይነብር ኣሎ። ግን ኣይጠዓምን። ርግጽ ክፉእን ጽቡቕን ይፈልጥ እዩ፣ ግን እቲ ናይ ጽቡቕ ምግባር ተኽእሎኡ፣ ንእምላኽ ስለ ዝወገዶ፣ ጠፊኡ ዳርጋ ዘየሎ ኹይኑ እዩ። ዝሕልኖን ዝገብሮን፣ ብብዝሒ ክፉእ ኰይኑ ተረኺቡ። እዚ ኸኣ ግዳሙ ወይ ላዕሊ ላዕሉ ዝጸለዎ ጥራይ ዘይኮነ፣ ውሽጡን ባህርዩን ፈጺሙ ክም ዘበላሸዎ፣ ሕልና ነፍሲ ወከፍ ንሓቂ ዝቕበል ዝምስክሮ እዩ። ዝኾነ ይኹን ምምሕያሽ መነባብሮን ትምህርትን ክልውጦ ዝኽእል ጉዳይ ኰይኑ ኸኣ ኣይተረኽበን። ክምቲ ኣብቲ መእተዊ ዝበልናዮ፣ ዘበናዊ ሰብ ግዳሙን መነባብሮኡን ክልውጥ ተኻኢልዎ ኣሎ፣ ውሽጣዊ ባህርዩ ግና ክልውጥ ፈጺሙ ኣይተኻእሎን። ሓደ ፍታሕ ጥራሕ እዩ ዘሎ፣ ንሱ ኸኣ ከምቲ ሰብ ንፈጣሪኡ ካብ ህይወቱ ዘውጽኦ፣ ፈትዩ ክመልሶ ጥራይ እዩ ዘለዎ። መገዲ ዝተጋገየ ሰብ፣ ጌጋኡ ምስ ተረድኦ ብዘይ ውዓል ሕደር ክምለስ፣ ነቲ ቅኑዕ መስመር ሒዙ ክብገስ ጥራይ እዩ ዘለዎ። ድሌት እንተሎ ኸኣ ምምላስ ቀሊል ነገር እዩ። እስኪ ነዚ ጻውዒት እዚ ዝሃበ የሱስ ክርስቶስ ነድህበሉ፣

' ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፣ ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፣ ልበይ'ውን ትሑት፣ ኣርዑተይ ፈኲስ፣ ጾረይ'ውን ቀሊል እዩ እሞ፣ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይ'ውን ተመሃሩ፣ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም'። [64]

' እቲ ንቓለይ ዝሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዝኣምንን ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር፣ ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ'። [65]

ሚስጢር ናይ ሓቂ ህይወት እምበኣር ንዝደሊ ኣብዚ እነሆ። ዓለም ሎሚ ዘድልያ ዘሎ ምኽርታት ጥራይ ኣይኮነን። ዓለም ሎሚ ዘድልያ ዘሎ፣ ካብቲ ኣትያትሉ ዘላ ዓዘቕቲ ዘውጽኣ መድሓኒ ጥራይ እዩ። ኣብ ዔላ ንዝወደቐ፣ ኵሉ ሓይሉ ወዲኡ ማይ ሰትዩ ንኽመውት ዲቕ ዲቕ ንዝብል ዘሎ ሰብ፣ ኣብ ደንደስ ኰንካ ከምዚ ግበር ከምቲ ግበር ምባል ምንም ክድሕኖ ኣይክእልን እዩ። እቲ ዘድልዮ፣ ሓደ ዘሊሉ ናብኡ ወሪዱ ስሒቡ ከውጽኦ ዝኽእል ጅግናን ተባዕን ሰብ ጥራይ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ከኣ ነቶም ዝኣምንዎን ዝቕበልዎን ኵሎም ከድሕን እዩ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዝመጸ።

ሞራላዊ ሕግታት ምሕላው ኣብዝን ነዛ ሕጂ ዘላ ህይወትን ኣዝዩ ዝጠቕም እዩ። ነታ ድሕሪ ሞት ዘላ እትመጽእ ህይወት ግና (ምኽንያቱ ምሕላው ሕግታት ንዓና ዘድሕነና ኹይኑ ስለ ዘይተረኽበ፣ ኣምላኽ ዝቐለለ ካልእ



መገዲ እዩ ኣዳልዩ ዘሎ) ዘድሊ እምነት እወ ግብራዊ እምነት እዩ። ሽዑ ኸኣ እዩ ንሞራላዊ ሕግታት ጥራይ እናሓሎኻ ዘይኮነ ክንዮኡ ማለት ብኣምላኻዊ ፍቕሪ ክትመላለስ ቀሊል ዝኸውን። ገለ ሰብ እንዝስ ብሓቂዶ ይሰርሕ እዩ ዝብል ይህሉ። ደራሲ፣ እዚ ሓቂ ህይወት እዚ ክዉን ምዃኑ ብግሊ ህይወቱ ዝጠዓሞን ዝረኣዮን ምዃኑ ብትሕትና ምስክርነቱ የቕርብ። ስለዚ እምበኣር፣ እቲ ናይ ዘበናት ሕቶ፣ 'ምእማንዶ ዘይምእማን፣ ምምላስዶ ዘይምምላስ፣ ምቕባልዶ ዘይምቕባል' ኰይኑ ኣሎ። እዚ ኸኣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ-ሰብ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ እዩ። ኣምላኽ ናብቲ ቅኑዕ ዘበለ ንኽንሳትና ይምርሓና። ኣሜን።

ተ ፈ ጸ መ

## ዝርዝር መጻሕፍቲ - Bibliography


1. Mere Christianity. C.S.Lewis, Fontana Books(Collins), London, 1968
2. Lead On!, John Haggai, Word Publishing, Singapore, 1991
3. Journey Mercies, David Wong, BAC Printers, Singapore, 1997
4. Man as Man,Thomas Higgins, Bruce, Milwaukee, 1949
5. The Secret of Beautiful Living, Oswald Reiss, Concordia Publishing House, Saint Louis, 1953
6. Science, Technology and Science Education in the Development of the South, Abdus Salam, Tipografia-litografia "Moderna", Trieste, 1990


## ዝርዝር ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ

1. ትንቢት ሚክያስ 6: 8
2. 1ይ መልእኽቲ ናብ ቈረንቶስ 15:32
3. መዝሙር ዳዊት 14: 1
4. ትንቢት ኢሳይያስ 45: 19
5. ትንቢት ኤርምያስ 2: 12-13
6. መልእኽቲ ናብ ሮሜ 7: 12-15
7. ኦሪት ዘሌዋውያን 19: 32
8. ኦሪት ዘፍጥረት 9: 6
9. መልእኽቲ ናብ እብራውያን 12: 4
10. ወንጌል ማቴዎስ 22: 39
11. ወንጌል ማቴዎስ 7: 12
12. 1ይ መልእኽቲ ናብ ቈረንቶስ 13: 4-7
13. ትንቢት ሚልክያስ 2: 15-16
14. መጽሓፍ ምሳሌ 5: 18-20
15. ኦሪት ዘፍጥረት 2: 24
16. መጽሓፍ ምሳሌ 23: 13
17. መዝሙር ዳዊት 62: 11
18. መጽሓፍ ምሳሌ 11: 14



19. መጽሓፍ ምሳሌ 25: 28
20. መልእኽቲ ናብ ገላትያ 6:7
21. መልእኽቲ ናብ ሮሜ 13: 1
22. ወንጌል ሉቃስ 12: 2
23. ኦሪት ዘዳግም 17: 16-17
24. ትንቢት ኣሞጽ 5: 24
25. ትንቢት ኢሳይያስ 1: 17
26. 1ይ መልእኽቲ ናብ ቈረንቶስ 14: 20
27. ወንጌል ማቴዎስ 10: 16
28. 1ይ መልእኽቲ ናብ ቈረንቶስ 8: 8
29. ትንቢት ኢሳይያስ 56: 12
30. ወንጌል ዮሃንስ 8: 32
31. ኦሪት ዘዳግም 1: 16-17
32. ኦሪት ዘጽኣት 23: 1-8
33. ኦሪት ዘዳግም 24:17
34. 1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 2: 17
35. መልእኽቲ ናብ ገላትያ 6: 9
36. መልእኽቲ ናብ ሮሜ 13: 7
37. መጽሓፍ እዮብ 1:20
38. ወንጌል ማቴዎስ 6: 32
39. 1ይ መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ 6: 10
40. ወንጌል ማቴዎስ 6: 24
41. መጽሓፍ ምሳሌ 14: 31
42. መጽሓፍ ምሳሌ 19: 17
43. መዝሙር ዳዊት 41: 1
44. ወንጌል ሉቃስ 12: 13-21
45. ትንቢት ሆሴእ 4: 11-14
46. መጽሓፍ ምሳሌ 20: 1
47. መጽሓፍ ምሳሌ 23: 29-35
48. መጽሓፍ ምሳሌ 31: 4-5
49. ትንቢት ኢሳይያስ 5: 10-14
50. ትንቢት ኢሳይያስ 28: 7
51. መልእኽቲ ናብ ኤፌሶን 5: 18
52. ግብሪ ሃዋርያት 17: 28
53. መጽሓፍ መክብብ 3: 1
54. መጽሓፍ መክብብ 3: 11
55. መዝሙር ዳዊት 39: 4-7
56. ትንቢት ዳንኤል 4: 35-37
57. 1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 5: 5

58. ትንቢት ኢሳይያስ 43፣ 11-13
59. 1ኛ መልእክቲ ቆረንቶስ 1፣ 28
60. አሪት ዘጽአት 5፣ 2
61. ትንቢት ኢሳይያስ 36ን 37ን ምዕራፋት
62. ትንቢት ዳንኤል 4፣ 30
63. ግብሪ ሃዋርያት 12፣ 22-23
64. ትንቢት ኤርምያስ 17፣ 5-8
65. መልእኽቲ ያእቆብ 4፣ 13-16
66. ወንጌል ማቴዎስ 11፣ 28-30
67. ወንጌል ዮሃንስ 5፣24

# ብዛዕባ ደራሲ



ዶ/ር ክፍሉ ገብረመስቀል፡ ናይ መባእታውን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቱን ኣብ ኣስመራ፡ ካብ 2ይ ክሳዕ 5ይ ኣብ ኣደቨንቲስት ሚስዮን ገጀረት፡ ካብ 6ይ ክሳዕ 8ይ ኣብ ቀ.ኃ.ሥ. ቀዳማይ ደረጃ ነበር ሎሚ ዳህላክ ዝበሃል ዘሎ፡ ካብ 9ይ ክሳዕ 12 ክፍሊ ከኣ ኣብ ኣስመራ ፕረ-ዩኒቨርሲቲ ኮለጅ(ሳንታ ፈሚልያ) እዩ ተማሂሩ።

ብድሕሪኡ ካብ 1971-77፡ ናይ ባችለር ዲግሪ ካብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ፡ ካብ 1981-83 ናይ ማስተርስ ዲግሪ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ፡ ካብ 1986-89 ኸኣ ናይ ዶክተረይት ዲግሪ ካብ ኢሊኖይ ኢንስቲትዩት ኦፍ ቴክኖሎጂ፡ ብማተማቲክስ ተመሪቑ።

ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ከኣ፡ ኣብ ሰብዓታት ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን፡ ኣብ ኣገልግሎት ቴሌኮሙኒከሽንን፡ ነንሓጺር እዋናት ዝሰርሐ ክኾውን ከሎ፡ ካብ 1977-80 ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ሓፈሻዊ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ት፡ ናይ ማተማቲክስን ፊዚክስን መምህር፡ ካብ 1980-98 ከኣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ ብዝተፈላለዩ ደረጃታት መምህርነትን ብኻልእ ሓላፍነታትን ኣገልጊሉ እዩ።

ዶ/ር ክፍሉ ኣብ 1973፡ ናይ ሳልሳይ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ተመሃራይ ከሎ፡ መንፈሳዊ ተሞክሮን ሓድሽ ህይወትን ዝረኸበ ክኾውን ከሎ፡ ኣብ ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን፡ ወንጌል ብምምሃርን ብምስባኽን ከምኡ ድማ ብምምሕዳርን ኣገልጊሉን ዘገልግል ዘሎን እዩ። ካብኡ ኣብ ሲንጋፖር ዝመደበሩ ሄጋይ ኢንስቲትዩት ከኣ፡ ብ1994 ኣብ ማዊ ሃዋይ ብዝተዋህበ ናይ መሪሕነት ስልጠና ሰርቲፊኬት ኣለዎ።

ዶ/ር ክፍሉ፡ ቅድሚ ሕጂ ክልተ ንኣሽቱ መንፈሳውያን መጻሕፍቲ ተርጒሙ ንኣንበብቲ ኣቕሪቡ ኣሎ። ዶ/ር ክፍሉ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ቆልዑን እዩ።

ዋጋ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ 12.- ናቕፋ
ኣብ ወጻኢ 7.- ዶላር ኣሜሪካ